
# ምዕባለ

## ክልስ-ሓሳብን ትግበራን




ዶር. ዮሃንስ አበራ

# ምዕባለ፡- ክልስ-ሓሳብን ትግበራን

ዶ/ር. ዮሃንስ ኣበራ

መቐለ 2016

## ንመጻኢ ልምዓታዊ ወለዶ ትግራይን ኤሪትርያን

## <u>ምስግና</u>

# መቕድም

ክሊፎርድ ቲስን ክሪስቶፎር ባውምን ኣብ ቀውዒ 2013 ዓ.ም. ኣብዝሓትምዎ ናይ ምርምር ጽሑፍ እዚ ዝስዕብ ኢሎም ነይሮም፡- “ኲናትን ካልእ ዓይነት ዕጥቃዊ ግርጭታትን ንቁጠባዊ ምዕባለ ትሑት እቶት ዘለወን ሃገራት ዓቢ ዕንቅፋት ኮይኑ ክውሰድ ይግባእ። ንብሄራውን ሃይማኖታውን ምፍልላይ ፖለቲካዊ ፍታሕ ክህሉ ስለ ዘይክእል ጥራይ ወተሃደራዊ ፍታሕ ኣሎ ማለት ኣይኮነን”፡፡ እዚ ኣብ ኹናት ትግራይን ድሕሪኡውን ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ኢትዮጵያ ብዘለዉ ከበድቲ ግርጭታት ዝተራጋገጸ ሓቂ እዩ፡፡ ኣብ ከባቢ ምጅማር ኹናት ትግራይ ዝተብሃለ ምኽኑውን ከም ነብይነት ክውሰድ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ መፍትሒሞ እንታይ እዩ? ሰጋእ መጋእ ዘይብሉ መልሲ “ምዕባለ ምርግጋጽ” ይኸውን፡፡ ምዕባለ ኣዝዩ ብዙሕ ሕልኽላኽ ዘለዎ፤ ፍልጠትን ትዕግስቲን ዝሓትት ከይዲ እዩ፡፡ ብዘሕዝኑ ናይ ታሪክ ኣጋጣሚታት ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ንናይ ማሕበረሰብ ጸገማት ክፈትሑ ዝቕረቡ መራሕቲ ምዕባለ ከም ዘላቒ ፍታሕ ንምውሳድ ፍልጠትን ድልየትን ክንእሶም ይራኣይ፡፡ መብዛሕቱኡ ናብ ስልጣን ዝድየብ ብፍልጠት ናይ ምዕባለ ክልስ-ሓሳብን ስነ ሞጎትን ከይኮነ ብቕልጽም፤ ብዕሙት ሓገዝ ከባቢያዊነት፤ ብውዲትን ብሓይሊ ገንዘብን ኮይኑ ይርከብ፡፡ ፈላስፋታት፤ ምሁራት፤ መራሕቲ ሃይማኖትን ፖለቲከኛታትን ኣቃውማ ቁጠባውን ማሕበራውን ዝምድናታት እናዓበየን እናተሓላለኸን ምስ ከደ ፖለቲካዊ ቁጠባን ንምዕዛብ፤ ንምትርጓም፤ ንምትንታንን ንምውዳብን ጻዕሪ እናገበሩ ዘበናት ኣሕሊፎም እዮም። ክልስ-ሓሳባት፤ መትከላትን ሕግታትንውን ቀሪጾም እዮም። ንደቂ ሰባት እቲ ዝዓበየ ብድሆ ትርጉም ዘለዎ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ሂወት ንምንባር ካብዚኦም ኣየናይ መንገዲ ቅኑዕ ምኻኑ ምርዳእ እዩ። እዚ ድማ በቲ ኣብ ቅድሚት ሽፋን ናይዚኣ መጽሓፍ ብዘሎ ምስሊ ይውከል። ኣብ ርእሱ ዓቢ ምልክት ሕቶ ዘለዎ ጽላሎት ሰብ ካብተን ኣብ ቅድሚኡ ዘለዋ ማንታ መንገዲታት ንኣየነይቲ መንገዲ ከም ዝኽተል ንምውሳን እንታይ ክገብር ኣለዎ? ቅድሚ ምዝላልካ ምሕሳብን ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳእካ ምፍላጥን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ቅኑዕ ምርጫ ነፍሲ ወከፍ ክልስ-ሓሳብን ተግባርን ምዕባለ ብዙሕ ክትዕ ይካየድ ኣሎ። ምርጫ ኣንፈት ልምዓት ምስ ወድዓዊ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ባህላውን ኩነታት ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ምእንታን ክዛመድ ክልስ-ሓሳባትን መትከላትን ብምርዳእ ዝተዓወቱን ዘይተዓወቱን ተሞክሮታት ትግበራ ልምዓት ብዕምቆት ምግምጋም የድሊ። ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዘሎ ሓፈሻዊ ዝንባለ ምርጫታት ኣንፈት ልምዓት ብኢድ ኣእታውነት ግዳማዊ ሓይልታት ዝምራሕ እዩ። ክሳብ ክንደይ ግቡእ ምኻኑ ከይሓተቱን ከባብያዊ ኩነታቶም ኣዝዮም ከይተረድኡን

ዘተግበርዎ ኣንፈት ልምዓት ዓቢ ዕንወት ኣውሪዱ እዩ፡፡ ካልኦት ግን ኣብ ፍልጠትን ገምጋምን ዘይተደረኸ ምርጫ ሳዕቤኑ ኣዕናዊ ክኸውን ከም ዝኽእል ተረዲኦም ንናይ ገዛእ ርእሶም ንግዳዊን ፖለቲካዊ ረብሓን ቀዳምነት ይህቡ። ኣማራርጻ ኣንፈት ልምዓትን ኣማራርሓ ከይዲ ልምዓትን ኣብ ኢድ ሓፋሽ ህዝቢ እንተዘኣትዩ ህዝቢ ብውነ ኣብ ልምዓት ሙሉእ ተሳትፎ ክገብር ኣይኽእልን። ብልሂቃን ጥራይ ዝውነን ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዘይብሉ ልምዓት ድማ ብሽም ተዘይኮይኑ ብተግባር ሃለዋት የብሉን፡፡ ባጤራ ቁሳር ንቁሳር ክወሃብ ግድን ካብኮነ ህዝባዊ ልምዓትውን ንህዝቢ ክወሃብ ግድን ክኸውን ይግባእ፡፡ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ናይ ህዝቢ እያ፤ ልምዓት ንህዝቢ ኣብ ምሃብ ብፍልጠት ክትሕግዝ ተዳልያ ኣላ፡፡ ኣብ ትግራይን ኤሪትርያን ዝነብር ትግርኛ ተዛራቢ ሕብረተሰብ ሰላም ኮይኑ፤ ፍትሒ ነጊሱ፤ ዲሞክራሲ ሰፊኑ ንልምዓት ኣብዝወፍረሉ ሰናይ ዘበን እዛ መጽሓፍ መገዲ ክተብርሃሉ እያ ዝብል ትጽቢት ኣለኒ፡፡ ትሕዝቶ ናይ እዚኣ መጽሓፍ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ከታኣታቶ ተዝኽል መጻኢ ወለዶ ቅኑዕ መገዲ ልምዓት ጠፊኡዎ ናብቲ ልሙድ መንገዲ ዕንወትን ስደትን ከየዝምብል ትሕግዝ እያ ዝብል እምነትውን ኣለኒ፡፡ ትሕዝቶ እዛ መጽሓፍ ንሓጸርቲ ስልጠናታት ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ንዘለዉ ነጠፍቲ ልምዓት ከምዝጥዕም ኮይኑ ኣዝዩ ከይነውሐ ተመጢኑ ዝቐረበ እዩ፡፡

**ዮሃንስ ኣበራ 2016**



## ሰንጠረዥ ትሕዝቶ


| | | ገጽ |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ፩ | ምዕባለ፡- ኣምር፤ መለከዒታት፤ መዳያትን መርኣይታትን | 1 |
| ምዕራፍ ፪ | ልምዓታዊ ክልስ-ሓሳባትን ፓራዳይማትን | 10 |
| ምዕራፍ ፫ | መነባብሮ፤ ድኽነት፤ ዘይምዕርዩነት | 34 |
| ምዕራፍ ፬ | ፖለቲካዊ-ቁጠባ፡- ፖሊሲን ምሕደራን ልምዓት | 40 |
| ምዕራፍ ፭ | ልምዓት ዘፈር፤ ልምዓት ስግር-ዘፈር፤ ልምዓት ጂኦግራፊ | 50 |
| ምዕራፍ ፮ | ትግበራ ልምዓት፡- ተሞክሮ ኣህጉራትን ሃገራትን ዓለም | 69 |
| ምዕራፍ ፯ | ግርጭትን ድሕሪ-ግርጭት ዳግመ-ህንጻትን | 84 |

- ናይ ዘፈራት ልምዓት ዓወታትን ውድቀታትን መዐቀኒታት 99
- ዳግመ-ህንጻት ዝሕግዙ ዓለምለኻውያን ትካላት 106
- መወከሲታትን ተወሳኺ ንባባትን 107

# ምዕራፍ ፩

## ምዕባለ:- ኣምር፤ መለክዒታት፤ መዳያትን መርኣይታትን

### 1.1. ኣምር

<u>ዕብየት</u> ሓደ ነገር ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ግዜ ዘምጾኦ ኣወንታዊ ለውጢ ማለት ምውሳኽ መጠን ወይ ድማ ምብሳል የመልክት። ንኣብነት ሰባት እናነውሑን እናኸበዱን ይኸዱ። እዚኦም ምስ ዕድመ፡ ጥዕና፡ መነባብሮን ልምዲ ኣመጋግባን ዝመጹ ለውጥታት እዮም። ተኸልታት ብስፍሓትን ብብዝሒ ቆጽሎምን ይዓብዩ፤ ንውሓት ጨናፍሮምን፤ ርጎድውን ይውስኹ። ቁጠባዊ ዕብየት ማለት ብገንዘብ ዝዕቀን ሓፈሻዊ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ዝፍጠር ወሰኽ ሓፈሻዊ ውሽጣዊ ፍርያትን ኣገልግሎታትን እዩ። እዚ ድማ ምውሳኽ ፅሬትን ብዝሕን ሃፍቲ፣ ምምሕያሽ ቴክኖሎጂ፣ ምውሳኽ ካፒታል ስቶክ፣ ምውሳኽ ውደባዊ ዓቕሚ ስርዓታት ምፍራይ፣ ምምሕያሽ ክእለት ዓቕሚ ሰብ፣ ምዕባይ ባህሊ ዋኒን፣ ናብ ዘመናዊ ኣነባብራ ምቕያር (ባህሊ ዓዳጊነት)፣ ብወሳኒነት ድማ ፖለቲካዊ ምርግጋእ የጠቓልል፡፡

<u>ልምዓት</u> ዝብል ቃል ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ቴክኒካውን ሓተታታት ከም ቁልፊ ኣምር ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ጸጋታት (ማይ፡ መሬት፡ ጫካ) ምጥቃም፤ ንንግዳዊ፡ መንበሪ (ሪል እስቴት)ን ንኢንዱስትርያዊ ኣጠቓቕማ ዝምችእ ከባቢ ምግባር (ኢንዱስትሪ ፓርክ) ገለ ካብቶም ብዙሓት እዮም። ገሊኦም ልምዓት ምዕባለ እዩ ይብሉ። ንሰባት ውሑስን ቀፃልን ድሕንነት ናይ ምሃብ ዓቕሚ ምምዕባል። ካልኦት ድማ ንዕብየት ከም ምዕባለ ወሲዶም የጉሉሁ፡፡ እዚ ድማ ሓፈሻዊ ወሰኽ ምህርቲ እዩ፤ ቅልጡፍ ዕብየት ኢንዱስትሪ፤ ምስፍሕፋሕ ከተማታትን ዘፈር ኣገልግሎትን፤ ብዝሕን ፅሬትን ሰደድ ሕርሻ ምዕባይን።

ልምዓት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ቦታን ዝተፈላለየ ትርጉም ይወሃቦ። ልምዓት ዝብል ቃል ፖለቲካዊ-ቁጠባዊ ኣጠቓቕማ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ንዝተፈጸሙ ፍጻመታት እዩ ነይሩ።

ዕብየት ውጽኢት ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን (ሓፈሻዊ ውሽጣዊ ፍርያት) ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ዝነበሩ ዓሰርተታት ዓመታት ከም ቀንዲ መርኣዪ ልምዓት ይቑጸር ነይሩ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ሽቶ ውሽጣዊ ፍርያት ሃገር እኳ እንተበጽሓ፡ ዝበዝሑ ዜጋታተን ግን ኣብ ከቢድ ድኽነት ከም ዝነብሩ ንጹር ኮይኑ። ከም ውጽኢቱ ድማ እዚ እንኮ መርኣዪ ልምዓት ኣብ ሕቶ ምልክት ኣትዩ። ኣብ ሰብዓታት እቲ ብቁጠባዊ ዕብየት ተሓኒቑ ዝነበረ ትርጉም ልምዓት ሓድሽ ኣቓልቦ ተዋሂብዎ። በዚ መሰረት ሕቡራት ሃገራት ቁጠባዊ ዕብየት ንብሕቱ ከይኮነ ምስ ተበፃሕነት ጥዕና፣ ተበፃሕነት ሰለስቲኡ ደረጃታት ትምህርቲ፣ ፖለቲካዊ ናፅነት፤ ምርግጋጽ እቶት ሰባትን ናጽነት ምርጫን ኣገደስቲ መለክዒታት ልምዓት ምዃኖም ኣስሚሩሉ። እዚ ዝማዕበለ ትርጉም ልምዓት "ምዕባለ-ሰብ" ተባሂሉ ክጽዋዕ ጀሚሩ። ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ልምዓት ዝበሃል ጉዳይ ቆላሕታ ኣይወሃቦን። ምኽንያቱ ኣብ ንዘይማዕበላ ሃገራት ጥራሕ ዝምልከት ኣምር ምዃኑ ስለዝእመን።

ዝተፈላለየ ትርጉማት እናሃብካን ዘይተሰማምዑ መርኣይታት እናተጠቐምካን ልምዓት ብኣድማዒ መንገዲ ምምራሕ ዕዉት ኣይከውንን። ልምዓት ኲሎም ሓይልታት ልምዓት ዝካፈሉዎ ውሁድ ትርጉም ልምዓት ይሓትት። ኣየነይቲ ሃገር እያ ትምዕብል ዘላ? ኣየናይ እዩ ዘይምዕብል ዘሎ? እዘን ሕቶታት እዚአን ብንጹር ንምምላስ ኣብ ትርጉም ልምዓት ዘሎ ናይ ፍልልይ ጸገም ምፍታሕ የድሊ። ልምዓትን ዘይልምዓትን ናይ ኣራኣእያ ጉዳይ ኮይኑ ክቕፅል ኣይኽእልን። ንኣጠቓቕማ መዐቀኒታት ልምዓት ዝመርሕ ብዓለም ደረጃ ተቐባልነት ዘለዎም ትርጉም ልምዓት ምህላዉ ወሳኒ እዩ። ቶዳሮን ስሚዝን ንልምዓት ዝተዋሃሃደ እዩ ዝብሉዎ ትርጉም ከምዝስዕብ ሂቦም፡-

"ልምዓት ኣብ ማሕበራዊ መሓውራት፣ ህዝባዊ ኣተሓሳስባን ሃገራዊ ትካላትን ዓበይቲ ለውጥታት ዘምፅእ፤ ከምኡውን ቁጠባዊ ዕብየት ምቅልጣፍ፣ ምዕሩይነት ምዕዋት፤ ድኽነት ምጥፋእ ዘጠቓልል ብዙሕ ሸነኻት ዘለዎ መስርሕ እዩ።"

## 1.2. ዕላማታት ልምዓትን ቀንዲ ክብርታትን

<u>ዕላማታት ልምዓት</u>

- *ቁጠባዊ ዕላማታት:-* ዕብየት፤ ብቕዓት፤ ምርግጋእ፤ ስራሕ ምፍጣር፤ እቶት ምድንፋዕ፤ ለውጢ ካብ ሃፍቲ ዝተመስረተ ቁጠባ ናብ ፍልጠት ዝተመስረተ ቁጠባ፡፡
- *ዕላማታት ከባቢ:-* ጥዑይ ከባቢ፤ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ ከባቢ፡ ዕቃበ፡፡
- *ማሕበራዊ ዕላማታት:-* ፍትሓውነት፤ ማሕበራዊ ምትእስሳር፤ ማሕበራዊ ምልዕዓል፤ ህዝባዊ ተሳትፎ፤ ባህሊ ምኽባር፤ ትምህርቲ፤ ዕድመ ምንዋሕ፤ ክንክን ጥዕና፤ ትካላዊ ለውጢ፡፡
- *ፖለቲካዊ ዕላማታት:-* ዲሞክራሲ (ህዝባዊ ፖሊሲታትን ውሳኔታትን)፡፡

<u>ቀንዲ ክብርታት ልምዓት</u>

- *ዘላቕነት:-* ፍጹም ድኽነት ምውጋድ፣ መሰረታዊ ድሌታት (መግቢ፣ መጽለሊ፣ ጥዕናን ህዝባዊ ድሕነትን) ንምምላእ ዓቕሚ ምምዕባል፡፡
- *ዓርሰ እምነት:-* ካብ ጭቆና ነጻ ምዃን፣ ንዓርስኻ ዋጋ ምሃብ፤ ካልኦት ከይጥቀሙልካ ምኽልካል፣ ክብርኻ ምስ ንዋታዊ ክብርታት ዘይምትእስሳር፤ ቴክኖሎጂካውን ቁጠባውን ዓቕሚ ምውናን።
- *ናጽነት ምርጫ:-* ናይ ውልቀሰብ ፖለቲካዊ፤ ቁጠባውን ማሕበራውን ምርጫታት ንናይ ገዛእ ርእስኻ ረብሓ፤፤ ናጽነት ካብ ጽግዕተኛነት፡፡

- *ማዕረ ዕድል፡-* ንኹለን ደቂ ኣንስትዮ፣ ውሑዳት ብሄራውን ሃይማኖታውን ጉጅለታት፣ ዞባታት፣ ከተማን ገጠርን፣ ከምኡውን ካልኦት ማሕበረሰባት፡፡
- *ንዓለም ብሳይንሳዊ መንገዲ ምርዳእ፡-* ካብ ድሑር እምነታት ምንጋፍ፡

## 1.3. ቁጠባዊ ዕብየትን ቁጠባዊ ምዕባለን

ቁጠባዊ ዕብየት ጥራይ ነዞም ዝስዕቡ ዋጋታት የኽፍል፡፡

- ኣፈላላይ እቶትን ደረጃ መነባብሮን ህዝቢ ምግፋሕ፡፡
- ኣብ መንጎ ክልላትን ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ፍልልይ ምግፋሕ፡፡
- ምውሳኽ ዝርገሐ ተመሓላለፍቲ ሕማማት፤ ዝለዓለ መጠን ሞት ዕሸላት፤ ትሑት ዕድመ ብህይወት ምንባር፡፡
- ትሑት ተበጻሕነት ትምህርቲ ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ፡፡
- ልዑል ሽቕለት ኣልቦነት፡፡
- ዘይወግዓዊ ቁጠባዊ ሴክተር ምድንፋዕ፡፡
- ድኹም ዲሞክራሲ፡፡
- ባህላዊ መንነት ምጥፋእ፡፡
- ካብ መጠን ንላዕሊ ብኽነት ሃፍቲ ተፈጥሮ፡፡
- ናይ ኤሊት ከራይ አካብነት/ግዕዝይና፡፡

ቁጠባዊ ዕብየትን ቁጠባዊ ምዕባለን ዝተፈላለየ ትኹረት ኣለዎም።

- *ቁጠባዊ ዕብየት፡-* ኣብ ብዝሒ ዝፍጠር ዕድላት ስራሕ ዘተኮረ እዩ።
- *ቁጠባዊ ምዕባለ፡-* ኣብ ብዝሒ ዕድላት ስራሕ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ደሞዝ መጠን፤ ምዕባለ ሞያዊ ትምህርቲ፤ ኩነታት ስራሕ፤ ተበግሶ ተሳትፎን ምትሕብባርን ዘተባብዑ ባህላዊ ክብርታት ምህናጽ;፡፡

ቁጠባዊ ዕብየትን ቁጠባዊ ምዕባለን ዝተፈላለዩ መለክዒታት ኣለዎም፡፡

- *ቁጠባዊ ዕብየት፡-* መጠን/ዋጋ ሓፈሻዊ ውሽጣዊ ፍርያት (ጂዲፒ)፡፡
- *ቁጠባዊ ምዕባለ፡-* መርኣዪታት ሰብኣዊ ምዕባለ (ኤችዲኣይ)፡፡




ቁጠባዊ ዕብየትን ቁጠባዊ ምዕባለን ይዳጋገፉ

ኣኽእሎ ዝህቡ ፖሊሲታት ኣብ ዘለዉሉ፡-

- *ቁጠባዊ ዕብየት* ንህንጸት ዓቕሚ ልምዓት (ብገንዘብ፤ ብንዋት፤ ብቴክኖሎጂ፤ ዓቕሚ ሰብ) ወሳኒ ጺጋ ይኸውን።
- *ቁጠባዊ ልምዓት* ልምዓት እንተድኣ ሰፊኑ ንዝያዳ ቁጠባዊ ዕብየት ምቹእ ኩነታት ክፈጥር እዩ። ብልምዓት ዘይተጠናኸረ ቁጠባዊ ዕብየት ግን ንሓጺር ግዜ ዓምቢቡ ከምዝረግፍ ክኸውን ይኽእል፡፡

*ምንጽጻር ደረጃ ቁጠባዊ ዕብየትን ሰብኣዊ ምዕባለን ኣብዝተመርፃ ሃገራት*

| ሃገራት | ደረጃ ቁጠባዊ ዕብየት | ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ | ሃገራት | ደረጃ ቁጠባዊ ዕብየት | ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ |
|---|---|---|---|---|---|
| ኣሜሪካ | 1 | 21 | ብራዚል | 11 | 87 |
| ቻይና | 2 | 79 | ስዊድን | 23 | 7 |
| ጃፓን | 3 | 19 | ኖርዌይ | 24 | 2 |
| ጀርመን | 4 | 9 | ናይጀሪያ | 30 | 163 |
| ህንድ | 5 | 132 | ግብጽ | 31 | 97 |
| ብሪታንያ | 6 | 18 | ዴንማርክ | 39 | 6 |
| ፈረንሳይ | 7 | 28 | ደ. ኣፍሪካ | 37 | 109 |
| ሩስያ | 8 | 52 | ኢትዮጵያ | 60 | 175 |
| ካናዳ | 9 | 15 | ኬንያ | 65 | 152 |
| ጣልያን | 10 | 30 | *Worldmeterdata pandas 2022-23* | | |

ኣብዚ ቅድም ዝበለ ሰሌዳ ከምንዕዘቦ እተን ንቁጠባዊ ዕብየት ብዙሕ ኣቓልቦ ዝሃባ ሃገራት ብደረጃ ምዕባለ ልዑል እኳ እንተኾና ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለአን ግን ትሑት እዩ። ንኣብነት ኣብ ዓለም ብሰብኣዊ ምዕባለ ቀዳመይቲ ትስራዕ ዘላ ኣሜሪካ ብሰብኣዊ ምዕባለ ናብ መበል 20 ደረጃ ወሪዳ ትርከብ። ብኣንጻሩ ኣብ ዓለም ብመንጽር ዕብየት ኣብ መበል 24 ደረጃ እትርከብ ኖርወይ፡ ብሰብኣዊ ምዕባለ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ።

## 1.4. መዳያት ልምዓት

- *ኣህጉራዊ ልምዓት፡-* ብደረጃ ዓለም ዘሎ ፍልልይ ደረጃ ልምዓት የመልክት። ንኣብነት፡- ምዕቡላት ሃገራት፤ ዘይማዕበላ ሃገራት፡፡
- *ሃገራዊ ልምዓት፡-* ኣብ ሓንቲ ሃገር ህይወት ህዝቢ ንምምሕያሽ ዝግበር ጻዕሪ፡፡

- *ዞባዊ ልምዓት፦* ፍሉይ ፖለቲካውን ቁጠባውን መዐቀኒታት ዘለዎ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ክልል ቁጠባዊ ኣፈፃፅማ ንምምሕያሽ ዝተዳለወ ፍሉያት ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ዝምራሕ ልምዓታዊ ፃዕሪ።
- *ልምዓት ገጠር፦* ኣብ ገጠር ደረጃ መነባብሮ ንምምሕያሽ ዝውሰዱ ስጉምትታት። እቲ ቁጠባዊ ንጥፈት ኣብ መባእታዊ ቁጠባዊ ጽላት ዝተመደቡ መግብን ጥረ ነገራትን ኣብ ምፍራይ ዘተኮረ እዩ።
- *ልምዓት ከተማታት፦* ምቅልጣፍ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ፣ ቁጠባውን ኣካላውን ምዕባለ ከተማታት የመልክት።
- *ልምዓት ሕብረተሰብ፦* ኣባላት ሕብረተሰብ ሓባራዊ ስጉምትታት ብምውሳእ ናይ ሓባር ፀገማት (ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ከባብያውን ባህላውን) ካብ ሱሩ ኣትሒዞም ንምፍታሕ ዝካየደሉ መስርሕ እዩ። ንኣብነት: ጉጅለታት ዓርሰ-ሓገዝ፡፡
- *ዝተዋደደ ልምዓት፦* ወፃኢታት ንምንካይ፤ እቲ ስርዓተ ምምሕዳር፤ መስርሕ ኣወሃህባ ግልጋሎትን ምፍራይን ውፅኢታዊ ንምግባር ኣብ ፍሉያት ልምዓታዊ መደባት ዝካየድ ብዙሕ ሸነኻት ዘለዎ ናይ ምውህሃድ ስራሕ እዩ።
- *ንኹሉ ዝሓቁፍ ልምዓት፦* ልምዓታዊ ብድሆታት ንምፍታሕ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ሓዊሱ ንዝተገለሉ ጉጅለታት ማዕረ ኣበርክቶ ዘጠቓልልን ንድኻታት ዝድግፍን ኣገባብ እዩ።
- *ሰብኣዊ ምዕባለ፦* ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዓቕሚ ሰባት፤ ብቕዓት፣ ኣፍራይነት፣ ፈጠራን ውደባዊ ዓቕምን ዘተባብዕ ንጥፈት እዩ።

## 1.5. ዘላቒ ልምዓት

*“ናይ መጻኢ ዘበን ወለዶታት ናይ ገዛእ ርእሶም ድሌታት ናይ ምምላእ ዓቕሞም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወ ናይ ሎሚ ዘበን ድሌታት ዘማልእ ልምዓት እዩ። ንወለዶታት ናይ ጸጋታት ልምዓት ምዕሩይነት”* **ብሩንትላንድ**

## <u>ዓንድታት ዘላቕነት</u>

- *ቁጠባዊ ዘላቕነት፦* ሓደ ቁጠባ ዝተወሰነ ደረጃ ምህርቲ (ብፅሬትን ብዝሕን) ንዘይተወሰነ እዋን ናይ ምዕቃብ ዓቕሙ ዝገልፅ እዩ። እዚ ማለት ድማ ፋይናንሳዊ ምርግጋእ ሓዊሱ ደረጃ ምህርቲ ውሽጢ ሃገር ንምዕቃብ ዝግበር መስርሕ እዩ። ንህዝቢ ንዘይተወሰነ እዋን ርትዓዊ ደረጃ መነባብሮ ንምርግጋጽ እኹል ደረጃ እቶት ምቕጻል።
- *ማሕበራዊ ዘላቕነት፦* ዝተወሰነ (ከባብያውን ባህላውን ተቐባልነት ዘለዎ) ደረጃ ህዝባዊ ድሕነት (ፍትሓውነት፡ ማሕበራዊ ርእሰማል፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ መሰላት ዕዮ፡ ጥዕናን ትምህርትን) ኣብ ልዑል ደረጃ ንዘይተወሰነ እዋን ምዕቃብ። ብተወሳኺ ንተሳትፎ ሕብረተሰብን ምትሕብባር ግዱሳት ኣካላትን ዝምልከት እዩ።
- *ዘላቕነት ከባቢ፦* ድሌታት ደቂ ሰባት ንምምላእ ዝተዳለዉ ንጥፈታት ናይ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣብ ግምት ዘእተዉ ክኾኑ ይግባእ። ልምዓት ዘላቒ ዝኸውን ደረጃን ቅልጣፈን ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ተፈጥሮ ምስቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘለዎ ባዕሉ ክትካእ ዝኽእል ዓቕሚ ሚዛናዊ ምስ ዝኸውን እዩ። እዚ ማለት ኣብ መስርሕ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ተፈጥሮ ከይውዳእ ምጥንቃቕ ማለት እዩ። ነዚ ንምዕዋት ብዝሕን ፅሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮ ምክትታል፡፡
- *ባህላዊ ዘላቕነት፦* እዚ ንዋታዊ ባህሊ (ቴክኖሎጂ)፣ ማሕበራዊ ባህሊ (ማሕበራዊ ውዳበታት)፣ ስነ-ሓሳባዊ ባህሊ (ክብርታት) ዝምልከት እዩ። ነዚ ድማ ብሽምግልና ኣፈታትሓ ግርጭታትን ኣብ ምምዕባል ኣፍራይነትን ምዕቃብ ተፈጥሮኣዊ ከባቢን ዝተመስረተ ማሕበራዊ ምትእስሳር ዓብዩ ኣበርክቶ ኣለዎ። ብተወሳኺ ንፍልጠት ደቀባትን ኢንተርፕሪነርሺፕን ዘጉልሕ እዩ። ናይ ምትሕብባር ባህሊ እምበር ናይ ዓርሰ ፍትወት ዘይብሉ፤ ናይ እኹልነት ባህሊ እምበር ልዕሊ ዓቕን ተጠቃምነት ዘይኮነ፤ ሓምላይ ባህሊ እምበር ባህሊ ብከላ ዘየሰጉም፤ ካብ ኲናት ናይ ሰላም ባህሊ ዝመርጽ፤ ባህሊ

ጥዑይ ናብራ እምበር ጎዳኢ ባህሊ ጥዕና ዘየታኣናግድ፤ ናይ ስራሕ ፍቕሪ እምበር ናይ ስራሕ ጽልኣት ዘይብሉ ባህሊ።

<u>ምትእስሳር ዓንድታት ዘላቕነት</u>

ካብቶም ኣርባዕተ ዓንድታት ሓደ እኳ ድኹም እንተኾይኑ ምሉእ ስርዓት ዘላቕነት ብግቡእ ኣይሰርሕን። መብዛሕትኡ ሃገራዊ፤ ዞባዊ ወይ ዓለማዊ ልምዓታዊ ጻዕርታት ግን ኣብ ሓደ ዓንዲ ዘተኮረ ኾይኑ ይርከብ፡፡

- *ኣብ ዘላቕነት ከባቢ ዘትኩሩ፡-* ሕቡራት ሃገራት፤ ኤጀንሲ ሓለዋ ከባቢ ኣሜሪካ፤ ኣብ ሓለዋ ከባቢ ዝሰርሑ ዘይመንግስታዊ ትካላት፡
- *ኣብ ቁጠባዊ ዘላቕነት ዘትኩሩ፡-* ውድብ ንግዲ ዓለም፤ ውድብ ቁጠባዊ ምትሕብባርን ልምዓትን (ኦኢሲዲ)፡፡
- *ኣብ ማሕበራዊ ዘላቕነት ዘትኩሩ፡-* ውድብ ሕቡራት ሃገራት ትምህርታዊ ሳይንሳውን ባህላውን፤ ዓለም ለኸ ውድብ ሰራሕተኛታት፤ ከምኡውን ውድብ ልምዓት ሕቡራት ሃገራት፡፡
- *ትኹረት ኣብ ኹልን ዘላቕነታት፡-* ብመትከል ደረጃ ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኹሎም ዘላቕነታት ብሓባር ንምትግባር ይሰማምዓ፡፡ ብተግባር ግን ቀንዲ ትኹረተን ኣብ ቁጠባዊ ዘላቕነት እዩ።

- <u>ዓንዲ ቁጠባዊ ዘላቕነት ምስ ዝዳኸም</u> ዓንዲ ዘላቕነት ከባቢ እውን ይደክም (ብሰንኪ ድኽነትን ድኹም ኣጠቓቕማን ክንክን ተፈጥሮኣዊ ከባቢ፤ ከምኡ እውን ብሰንኪ ሕፅረት ፋይናንሳዊ ደገፍ ንኽንክን)፡፡
- <u>ዓንዲ ማሕበራዊ ዘላቕነት ምስ ዝዳኸም</u> (ኲናት/ግርጭት) ንጥፍኣት ከባቢ ወይ ምዝመዛ ሰፊሕ ኣፍደገ ይኸፍት።

**********************************

# ምዕራፍ ፪

## ልምዓታዊ ክልስ-ሓሳባትን ፓራዳይማትን

### 2.1. ቅድሚ ምቕልቃል ርእሰማላዊነት ዝነበሩ ልምዓት-ለኸ ሓሳባት

*ግሪኻውያንን ሮማውያንን*


*ግሪኻውያን ፈላስፋታትን ሮማውያንን ንግዲ ይጸልኡ ነበሩ፡፡ ሕርሻውን ከም ትሑት ስራሕ እዩ ዝቑጸር ነይሩ። ሓረጻ ዝውቀስ ተግባር ነበረ፡፡*

*መርካንቲሊዝም (ኣብ መበል 17-18 ክፍለ ዘበናት)*

*ምዕባለ ዘበናዊ ሃገራውነት (ምልዓል ብሄራዊ-ሃገራት) ኣብ ኤውሮጳ (ፖርቱጋል፤ ብሪጣንያ፤ ስጳኛ፤ ፈረንሳ፤ ሆላንድ)። መርካንቲሊዝም ሃብትን ስልጣንን ብምውሳኽ ሃገራዊ ርእሰ-ምርኮሳ ኣስፋሕፊሑ። እቲ ካብ ኣህጉራዊ ንግድን ዝምታን ዝረኸቦ ቡልዮናት ወርቅን ብሩርን መደልደሊ ሓይሊ ሃገራውያን መንግስታት ኮይኑ። ኣህጉራውያን ዳህሰስቲ ዝያዳ ግዝኣታትን ጸጋታትን ንምርካብ በብሃገራዊ መንግስቶም ይድገፉ ነይሮም። ንኣብነት፡- ክሪስቶፈር ኮሎምቦስ ንስጳኛ ኣብ ሓዳስ ዓለም (ኣሜሪካ) ዕደና ወርቅን ብሩርን ረኺቡ ጥራይ ዘይኮነስ ንመግዛእትን ሰፈራን ክልተ ኣህጉራት መሬትውን ኣቕሪቡ።*

*ናይ ገዛእ ርእሲ ምንጪ ወርቅን ብሩርን ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ብሄራዊያን-ሃገራት ካብቲ ኣብ መንጎአን ዝነበረ ንግዲ ዝረኸብኦ መኽሰብ ቡልዮናት ወርቅን ብሩርን ምእካብ እዩ ነይሩ። ነዚ ንምዕዋት ድማ ታሪፍን ድጎማን ተጠቂሞም ሚዛን ንግዲ ብወገናዊነት ንባዕሎም ከምዝጠቅም ይገብሩ ነይሮም። ንባሕረኛታት ናይ ክራይ ምልሻታት ኣቕሪቦምውን ምስ ካልኦት ተናሓናሕቲ ብሄራዊያን-ሃገራት ተዋጊኦም ሰፋሕቲ ግዛኣታትን ህዝቢን ክጎብጡን ብዙሕ ሃብቲ ክኻዕብቱን ክኢሎም። እዙይ ዝኸውን ዝነበረ ኣብ እስያ፤ ኣፍሪቃን ኣሜሪካን እዩ፡፡*

እቱ ኻሊእ ስትራተጂ መርካንቲሊዝም ብዝሒ ህዝቢ ብምውሳኽ ኣፍራዪ ሓይሊ ምውሳኻ ነይሩ፡፡ ብዝሒ ህዝቢ ብዝወሰኸ መጠን ናይቱ ሰራሕተኛ ደሞዙ ይውሕድ። ብትሑት ዋጋ ጉልበት ሰራሕተኛ  ዝፈረየ ፍርያት ኣብ ዕዳጋ ዓለም ብሕሱር ዋጋ ብምሻጥን ኣብ ውድድር ዕዳጋ ብምዕዋትን እዩ ማእለያ ዘይብሉ ወርቅን ብሩርን ዝሕፈስ ዝነበረ፡፡



እቲ ተራ ህዝቢ ነቲ ዝሰፈነ ስርዓት ምዝመዛ ጉልበት ሰራሕተኛ ካብ ልቡ ክአምነሉ ናይ ምልዕዓል ስራሕ ይፍጸም ነይሩ፦ “ብትሑት መሃያ ኣበርቲዑ ዝሰርሕን ምቹእ ናብራ ዝፍንፍንን ንሃገሩ ፍቕሪ ከምዘለዎ ተገይሩ ይሕሰብ፤ ከምኡውን ህጻናት ኣብ ብልጽግና ሃገሮም ኣበርክቶ ክገብሩን ካብ ካልኦት ዝሓሸ ንምዃን ክጽዕሩን፤ ካብ ኣርባዕተ ዓመት ዕድሚኦም ጀሚሮም ኣብ ምፍራይ ክሳተፉ ይተባብዑ”። ህዝቢ ከቢድ መስዋእትነት እናኸፈለሉ ዝተዋህለለ ቡልዮናት ወርቂን ብሩርን ንህዝቢ ብፍትሓዊ መንገዲ ኣይተዓደለን። ህዝቢ ብጥራሕ ከብዱ ንሃገር ክሕበን እንከሎ እቲ ሃብቲ ግን ንነገስታትን መሳፍንትን ዝኸውን ሕሉፍ ምቾትን ኣብ ምህናጽ ገዛፍቲ ቤተ መንግስታትን ይውዕል ነይሩ።

## 2.2. ርእሰማላዊነት ዕሽል እናሃለወ ዝነበሩ ናይ ልምዓት ክልስ-ሃሳባት

ርእሰማላውነት ካብ ማህጸን መርካንቲሊዝም ተወሊዱ እናዓበየ ምስ ከደ እቲ ኣብ ቁጠባ ዓብላሊ ተራ ዝነበሮን ሃገራውያን መንግስታት ከስፍሕ ዝጸንሐን መርካንቲሊዝም ንናይ ርእሰማላውነት ምዕምባብ ዕንቅፋት ኮይኑ ተረኺቡ። መርካንቲሊዝም ብመግዛእቲን ዝምታን ዕቑር ርእሰማል ብምምንዛዕ ንውልደት ርእሰማላውነት ዘመቻቸወ እኳ እንተነበረ ምስ ርእሰማላውነት ዝመጸ ናይ መሰል ምውናን ውልቀ ንብረትን ናይ ናጻ ዕዳጋ ሓሳባት ክቃዶ ኣይከኣለን፡፡ ኣብ ልዕሊ ቁጠባ ፍጹም ዓብላሊ ተራ ዝነበሮም ሃገራውያን መንግስታት ምስ ርእሰማላውነት ክኸዱ ኣይከኣሉን።

<u>ሊበራላዊነት (ብኣዳም ስሚዝ)</u>

ንዕብየት ርእሰማላውነት ክልስ-ሓሳባዊ ድሕረ ባይታ ዘንበረ ኣዳም ስሚዝ እዩ፡፡ ኣዳም ስሚዝ ንርእሰማላውነት ከምዝስዕብ ይገልጾ፡-

> "ኲሉ ሰብ ከም ድላዩ ከፍርን ክለዋወጥን ምሉእ ናጽነት ብምሃብ፤ ናይ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዕዳጋታት ንውድድር ብምኽፋትን ተፈጥሮኣዊ ናጽነት ሰባት ካብቲ መንግስቲ ዝገብሮ ጽኑዕ ቁጽጽር ንላዕሊ ብልጽግና ብዝለዓለ ደረጃ የምጽእዩ"

ኣዳም ስሚዝ ምክፍፋል ሃብቲ (ደሞዝ፡ ክራይ፤ መኽሰብ) ዝያዳ ውጽኢታዊ ዝኸውን ብዘይ መንግስታዊ ምትእትታው ነጻ ናይ ብሕቲ ዋንነት ንግዲ ኣብ ዝህልወሉ እዋን እዩ ዝብል እምነት ነይርዎ። እቶም ውልቀሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ረብሓ ክስዕቡ ምፍቃድ ብልጽግና ሃገር ይውስኽ እዩ ይብል። እዚ ድማ ማሕበራዊ ዳርዊኒዝም ይበሃል፡- ከም እንስሳታትን ተኽልታትን ዓቕሚ ዘለዎም ብህይወት ይነብሩ፣ ሓይሊ ዘይብሎም ድማ ይጠፍኡ። ውድድር እምበር ምትሕብባር የለን፤ ነንሕድሕድካ ምትሕልላኽ እምበር ምትሕግጋዝ የለን። ውልቀ ሰባት ነንሕድሕዶም ተፈላልዮም፤ ሚልዮናት ኣብ ዘለዉሉ ጵምዋ ይነግስ። ኣብ ርእሰማላውነት ስስዐ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ቢዝነስ ባህሪ እዩ፡፡

ቀንዲ ባህርያት ርእሰማላውነት፦ ናይ ብሕቲ ዋንነት፤ መኽሰብ፤ ትካላት ንግዲ ኣብ ናጻ ዕዳጋ ክወዳደራ ምኽኣለን፤ ከምኡውን ውሑድ ምትእትታው መንግስቲ ኣብ ቁጠባ። ኣብ ርእሰማላውነት ሰባት እንታይ ክጥቀሙ/ክገዝኡ ከምዘለዎም ባዕሎም ይመርጹ፡፡ እዚ ናጻ ምርጫ እዚ ድማ ዝያዳ ውድድርን ዝሓሸ ፍርያትን ኣገልግሎታትን የስዕብ። ኣብ ናጻ ጠለብ ውልቀሰብ ሰረት ገይሮም ዝፍጠሩ ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ወፃኢታት ንምንካይን ብኽነት ንምውጋድን ምትብባዕ ይፈጥሩ። ብግልባጡ ርእሰማላውነት ብባህሪኡ መዝማዚ፣ ዘይርጉእ፣ ዘላቒ ዘይኮነ፣ ሰፊሕ ቁጠባዊ ዘይማዕርነት ዝፈጥር፣ ንደቂ ሰባት ሸቐጥ ዝገብር፣ ጸረ ዲሞክራስያዊን ሃጸያዊን እዩ ይብልዎ ገለ ትንተንቲ፡፡ ክላሲካል ሊበራሊዝም ብዛዕባ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ዘለዎ መርገጽ ድማ ክምዝስዕብ ይግለጽ፦ “ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ንባዕሉ ዘይኮነስ ንደቂ ሰባት ከም ድላዮም ክጥቀሙሉ ዝተፈጠረ ስለዝኾነ ንመስፋሕፍሒ ኢንዱስትሪን ሕርሻን ደረት ኣልቦ ጸጋታት ክኸውን ይግባእ”፡፡ እዚ ንጉድኣት ከባቢ ዝወሓደ ኣቓልቦ ምሃብ ኾይኑ ይርከብ፡፡

<u>ማርክሳዊነት(ብካርል ማርክስ)</u>

ብካርል ማርክስ ዝምራሕ ማርክሳዊ ቁጠባዊ ኣተሓሳስባ ሶሻሊዝም/ኮሚኒዝም ይበሃል፡፡ ማርክሳዊነት ኣንጻር ርእሰማላዊነት ዝተልዓለ ናይ ልምዓት ክልስ-ሓሳብ እዩ፡፡ ርእሰማላውነት ካብ መግዛእታዊ ሃብትን ጉልበትን (ባርነት) ዝረኸቦ ርእሰማል ብምውህላል እዩ ዝማዕበለ ብምባል ማርክሳዊነት ንርእሰማላዊነት ይኩንኖ። ርእሰማላውነት ነቲ ኣብ ገጠር ዝነበረ ባህላዊ ሓባራዊ ዋንነት መሬት ብምስራዝ ህዝቢ ገጠር ናብ ከተማታት ክውሕዝሞ ኣብ ፋብሪካታት ብዘይ ናይ ጥዕናን ህይወትን መድሕን ብትሑት ደሞዝ ከም ዝሰርሕ የገድድ። ርእሰማላውነት ቅድሚ ርእሰማላውነት ዝነበሩ ድሑራት ቁጠባታት ብምጥፋእ ዕብየት ኣስፋሕፊሑ እኳ እንተነበረ ዝፈጥሮ ሃብቲ ግን ኣብ ኢድ ውሑዳት ካኣቱ ዝገበረ ስርዓት እዩ። ኣብ ርእሰማላውነት ሰራሕተኛታት ንዕዳጋ ዝኸውን ነገራት ዘፍርዩ እኳ እንተኾኑ ነቲ ዕዳጋ

ዝቆጻጸሩ ግን ሰራሕተኛታት ዘይኮኑስ ሓይልታት ዕዳጋ እዮም። ሰራሕተኛታት ነቶም ኣገባብ ምፍራይ ብምሉኡ ዝቆጻጸሩን ኣብ ስራሕ ቦታ ስልጣን ዘለዎምን ርእሰማላውያን ክሰርሑ ይግደዱ። ብኣንጻር ርእሰማላውነት ሶሻሊዝም ብቐጻሊ ድማ ኮሚኒዝም ርእሰማላዊ ቴክኖሎጂ ፋብሪካታትን ሕርሻታትን ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ዋንነት ኣእትዩ ማዕርነት ይፈጥር።

ኣብ ነዊሕ እዋን ተሞክሮ ስርዓታት ርእሰማላውነትን ሶሻሊዝምን ትዕዝብቲ ዝተገበረሉ ጉዳይ ክልቲኦም ስርዓታት ተነጻጸርቲ መሲሎም ይረኣዩ እምበር ባህርያዊ ምምስሳል ከምዘለዎም እዩ፡፡ ጆን ኬነት ጋልብራይት ነዚ ሓቂ እዚ ብኸምዚ ኣጸቢቑ ይገልጾ፡- "ኣብ ትሕቲ ርእሰማላውነት ሰብ ንሰብ ይምዝምዞ፤ ኣብ ትሕቲ ኮሚኒዝም ድማ ብግልባጡ እዩ"። እዚ ማለት ዝተመዝመዘ ሰብ ንዝመዝመዞ ሰብ ይምዝምዞ ማለት እዩ፡፡ መዝማዛይ ዝነበረ ተመዝማዛይ፤ ተመዝማዛይ ዝነበረ ድማ መዝማዛይ፡፡ ዝተሰብረ መብጽዓታትን ሶሻሊዝም ኣብ ጆርጅ ኦርወል "ሕርሻ እንስሳታት" ብድሙቕ ተንጸባሪቑ ይርከብ፡፡

<u>ኬይኔዝያዊነት (ብጆን ኬይንስ)</u>

ብጆን ኬይንስ ዝምራሕ ቁጠባዊ ክልስ-ሓሳብ ኬይኔዝያዊነት ሊበራላዊ (ፍጹም ብሕታዊ) ማርክሳዊ (ፍጹም መንግስታዊ) ዝኾና ተጻረርቲ ስርዓታት ዘለወን ጎንጺ ንምልስላስ ዝተሃቀነ ማእኸላይ መንገዲ ይመስል፡፡ ኮይኑ ግን ኬይኔዝያዊነት ብመሰረቱ ናብ ርእሰማላዊነት ዝዘንበለ እዩ፡፡ ኬይኔዝያዊነት ንመንግስቲ ከምዚ ኢሉ ይመክር፡-

"መንግስቲ ካብ ኣታዊታቱ ገለ ክፋል ኣብ ህንጻት ትሕተ ቅርጺ እንተውዒሉ ወይ ድማ ነቶም ዝደኸሙ ክፋላት ሕብረተሰብ ድጎማ እንተገይሩ ዕድላት ስራሕ ምፍጣርን ሰባት ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ናይ ምዕዳግ ዓቕሞም ከማዕብል እንተኽኢሉ ምህርቲ ይነቓቓሕን ቁጠባ ዳግማይ ይትንስእ"

ስለዚ ኣብ ዙርያ ምሉእ ብምሉእ ነጻ ዕዳጋ ዝፍጠር ቁጠባዊ ምንቁልቋል መንግስቲ ብማእከላይ ደረጃ ኣብ ኢኮኖሚ ጣልቃ ምስዝኣቱ እቱ ቁጠባዊ ቅልውላው ክጽገን ከምዝኽእል ይእመን። ክልሰ-ሓሳብ ጆን

ኬይንስ ናይ ኣመሪካ ርእሰማላዊ ናጻ ዕዳጋ ዝጠሓለሉ እቱ ናይ 1930ታት ፈላማይን ገዚፍን ቁጠባዊ ቅልውላው ኣብ ምፍታሕ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ንኤውሮጳ ካብ ሃሰያ ካላኣይ ኲናት ዓለም ንምሕዋይ ኣብዝተገበረ ጽዕሪ ኬይኔዝያዊነት ክልስ ሓሳባዊ መሰረት ኮይኑ፡፡




<u>ታሪካዊ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣመሪካ (ግሬት ዲፕሬሽን)</u>

ኣብ 1930ታት ኣብ ኣመሪካ ኢድ መንግስቲ ዘይኣትዎ ቀይዲ-በተኸ ናጻ ዕዳጋ ዘስዐቦ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝጀመረ ሰፊሕ ምውዳቕ ዕዳጋ ኣክስዮን ስዒቡ እንትኸውን ቅልጡፍ ምንቁልቛል ምህርትን መሸጣ ኣቑሑትን ወሰኽ ሸቕለት ኣልቦነትን ኣኸቲሉ እዩ። ባንክታት ምስ ፈሸላ ሰባት ገዝኦምን ዕቛሮምን ሰኣኑ። ብዙሓት ንኽነብሩ ኣብ ምግባረ ሰናይ ጽግዕተኛታት ኮይኖም። ኣባል ሪፓብሊካን ፓርቲ ዝነበረ ፕረዚደንት ሀርበርት ሁቨር ነቲ ቅልውላው ቁጠባ ንምፍታሕ ተራ መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ክውስኽ ድልየት ኣይነበሮን። ሪፓብሊካን ዝኾነ ኲነታት ይፈጠር ንሊበራሊዝም ከም ሃይማኖት ይቐጽርዎ ስለዝነበሩ ናይ መንግስቲ ኢድ ኣእታዊነት ኣይቅበሉዎን፡፡ ናጻ ዕዳጋ ካብ ውድቀቱ ብዘይ ሓገዝ መንግስቲ ባዕሉ ዘንሳእርረሉ ውሽጣዊ ዓቕሚ ኣለዎ ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ፡፡ ሎምውን ካብዚ ዝተፈለየ ኣራኣእያ የብሎምን፡፡ ብዲሞክራት ፕረዚደንት ሩዝቨልት ዝተመርሐ ኢድ ኣእታውነት መንግስቲ ኣመሪካ ገዚፍ መጠን ገንዘብ ናብ ቁጠባ ብምውህሃድ ጠለብ ዕዳጋ ኣዕብዩ ነቱ ቅልውላው ክኣልዮን ኣመሪካ ኣብ ዓለም ቁጠባዊ ላዕለዋይነታ ከተራጋግጽን ሓጊዙ።

## 2.3. ድሕሪ 2ኣይ ኲናት ዓለም ኣፍልጦ ዝረኸቡ ክልሰ-ሓሳባት

ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ልምዓት ዝብል ኣምር ኣብ "ማርሻል ፕላን" (ድሕሪ ኲናት ዳግመ-ህንጸት ኤውሮጳ) ጎሊሑ ተራእዩ። ይኹን እምበር ልምዓት ኣብ ምግላጽ ዕብየት ኢንዱስትሪ ጥራይ ዝተሓጽረ እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ኢንቨስትመንት መሰረተ ልምዓት ተሳትፎ መንግስቲ ንልምዓት ኢንዱስትሪ ንምትብባዕ ኣገዳሲ ኮይኑ ይውሰድ፤ ምኽንያቱ ውልቀ ሴክተር ነዚ ክገብር ስለዘይኽእል።

<u>ሞዴል ናይ ምዕባለ ተኸታታሊ ደረጃታት</u>

እዚ ሞዴል እዚ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ደረጃ ምዕቡላት ሃገራት ንምብጻሕ ከም ምዕቡላት ሃገራት ብተመሳሳሊ ደረጃ ብደረጃ ክስጉማ ይመክር።




<u>ክልሰ-ሓሳብ ዘበናዊነት</u>

ክልሰ-ሓሳብ ዘበናዊነት ኣብ ከተማታት ምስ ምስፍሕፋሕ ኢንዱስትሪን ትምህርትን ዝተኣሳሰር እዩ። ንቁጠባዊ ዕብየት ከም ዕንቅፋት ዝቑጸሩ ባህልታትን ልምድታትን ኣልጊሶም ብባህሊ ኤውሮጳ ወይ ምዕራባውያን ክትክኡ ይመክር። ውልቀ ሰብ ኣብ ክንዲ ስድራ ማእኸል ሕብረተሰብ

ክኸውን ኣለዎ ይብል። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ምዕቡላት ሃገራት ዝኸተልኦ መንገዲ ልምዓት ክኸተላ ኣለወን እኳ እንተተባህለ ብመሰረት ክልስ-ሓሳብ ዘበናዊነት ግን ዘይማዕበላ ሃገራት ምስ ዕዳጋ ዓለም ብምውህሃድ፤ ኣብ ኢንቨስትመንትን ምትሕልላፍ ቴክኖሎጅን ብምሕጋዝ ደረጃታት ልምዓት ብቕልጡፍ ንክድይቦኦ ምሕጋዝ ይካኣል።

<u>ክልስ-ሓሳብ ጽግዕተኛነት</u>

ህሉው ኩነታት ዘይማዕበላ ሃገራት ውጽኢት ስርዓታዊ መግዛእቲን ብኢድ መግዛእቲ ምዝመዛ ተፈጥሮኣውን ሰብኣውን ጸጋታት እዩ። ድሕረት ዝተገብረ እምበር ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ዝገበሮአውን እተን ሃፍታማት ሃገራት እየን። ሃብቲ ካብ ድኻታት ሃገራት ናብ ሃፍታማት ሃገራት ይውሕዝ። ንመበቆሉ የድኪ ንመዕለቢኡ ድማ የሀፍትሞ። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዘድልየን ኢንዱስትርያዊ ቴክኖሎጂ ዝውነን በተን ኢንዱስትርያዊ ሃገራት እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ጥረ ሃፍተን ናብ ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ቀይረን ብዝለዓለ ዋጋ ክሸጣ ኣይኽእላን። ካብ ወጻኢ ዝኣቱ ፍርያት ብናይ ውሽጢ ሃገር ፍርያት ንምትካእ ዘድልየን ቴክኖሎጂውን ኣይረኸባን፡፡

ነዚ ድማ እዩ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ጥረ ኣቑሑተን ብሕሱር ዋጋ ናብተን ኢንዱስትርያዊ ቴክኖሎጂ ዝውንና ሃገራት ክሸጣ ዝግደዳ፡፡ እቱ ብሕሱር ዝሸጦኦ ጥረ ኣቑሑት ኣብተን ዝማዕበላ ሃገራት ናብ ኢንዱስትሪያዊ ኣቑሑት ተቐዪሩ መሊሰን ብኽባር ዋጋ ይዕድጎኦ፡፡ ዘይማዕበላ ሃገራት ጥረ ኣቑሑት ሸይጠን ዘረኽብኦ ገንዘብ ኢንዱስትሪያዊ ኣቑሑት ንምግዛእ ሰለዘይኣኽለን እዚ ዘይሚዛናዊ ዝኾነ ኣህጉራዊ ንግዲ ብቐሊሉ ኣብዘይወጻሉ ዕዳን ልቓሕን የጥሕለን፡፡ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ምንካይ ዋጋ ጥረ ነገራት ነቱ ዘይምዕሩይነት ሚዛን ዕዳጋ ዓለም ኣጋዲድዎስ ዘይማዕበላ ሃገራት ኣብ ከቢድ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ወዲቐን ይርከባ፡፡ ኢንዱስትሪያዊ ሃገራት ዋላኳ ዘይማዕበላ ሃገራት ካብ ወጻኢ ዝግዛእ ፍርያት ብናይ ውሽጢ ዓዲ ፍርያት ክትካኣ እንተፈቐዱ እተን ዝትካኣ ፍርያት እንታይነት ዝውስኑ ግን ባዕሎም እዮም፡፡ ሕርያ

ኢንዱስትሪያዊ ሃገራት ድማ ኣብ ከይዲ ምህርቲ ሕሱር ሓይሊ ሰብ ዝደልያ፤ ዓሓፍ ዝበዝሐንን በከልቲ (ዘይተጻረየ ማዕድን፤ ዘይተጻረየ ነዳዲ፤ ፍረታትን ኣሕምልትን) ዝኾና ፍርያት እየን፡፡

ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ሓይሊ ሰብ ክባር እዩ፤ ዓሓፍ ንምጉዕዓዝን ንምጽራይንውን ከቢድ ወጻኢ ይሓትት፡፡በከልቲ ዝኾና ኢንዱስትሪታት ድማ ሕጊ ሓለዋ ከባቢ ከሓልፉ ኣይኽእላን፡፡ ብሸም ኢንቨስትመንትን ስግግር ቴክኖሎጂን ምዝመዛ ሓይሊ ሰብን ብክለትን ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ይሰፍን፡፡ ምዕቡላት ሃገራት ኣብ ልዕሊ እተን ዘይማዕበላ ሃገራት ዘለወን ልዕልና ንምዕቃብ ብኣህጉራውያን ኮርፖሬሽናትን ትካላት ልቓሕን ረድኤትን ይሕገዛ፡፡

ነዚ ከቢድ ናይ ዘይማዕበላ ሃገራት ጸገም ተሓተቲ ሃፍታማት ሃገራት ጥራይ ኣይኮናን፡፡ ዘይማዕበላ ሃገራት ውሽጠን ክፍትሻ ይግባእ፡፡ ብልዑል ናይ ወጻኢ ባጤራ ኢንዱስትሪያዊ ናይ ምቕት ኣቑሑት ዝዕድጉ ዘለዉ ድኸነት ከባቢኦም ኣብ ግምት ዘየእትዉ፤ ናይ ህዝብን ናይ ሃገርን ቁጠባዊን ማሕበራዊን ቅልውላዋት ዘይግድሶም ዜጋታት እተን ዘይማዕበላ ሃገራት እዮም፡፡ ዲሞክራሲ ኣፍሪሶም ብሓይሊ ብረት ስልጣኖም ከዕቅቡ ዝወሰኑውን ማእለያ ብዘይብሉ ወጻኢ ባጤራ ወተሃደራውን ጸጥታውን ናውቲ ይገዝኡ፡፡ ሃፍታማት ሃገራት ነዞም ፍቕሪ ህዝብን ፍቕሪ ህገርን ዝሓረሞም ደቀባት ተጠቒመን ዕድመ ጽግዕተኛነት የናውሓ፡፡ እዞም ናይ ውሽጢ ዓዲ መዝመዝቲን ተሓባበርትን ህዝቢ ኣብ ዝደለዮም እዋን ዘይኮኑስ ሃፍታማት ሃገራት ኣብዝደልየኦ ናብ ስልጣን ይድይቡን ካብ ስክልጣን ይወርዱን፡፡

<u>ክልስ-ሓሳብ መዋቕራዊ ለውጢ</u>

ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዘለወን ጽግዕተኛነት ንምንካይ ቁጠባዊ መሓውራዊ ለውጢ ክገብራ ከምዘለወን ይምከራ። እዚ ድማ ካብቲ ኣብ ገጠር ህይወት ዝተመስረተ ስርዓተ ምፍራይ ሕርሻን ካልኦት መሰረታዊ ጥረ ሃፍቲን ናብ ኣብ ከተማነት ዝተመስረተ ኢንዱስትርያዊን ኣገልግሎት ቁጠባን መዋቕራዊ ስግግር

ምግባር እዩ። ኣብዚ መስርሕ እዚ ገጠራት ንከተማ ኢንዱስትሪታት ገዚፍ ሓይሊ ሰብ ከቕርባ ትጽቢት ይግበር፡፡

<u>ክልስ-ሓሳብ መሰረታዊ ድሌታት (ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ፤ ባንኪ ዓለም)</u>

ክልስ-ሓሳብ መዋቕራዊ ለውጢ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ድኽነት ኣብ ምቕላልን ማዕርነት ኣብ ምምዝጋብን ዘዕግብ ውጽኢት ኣይረኸበን፡፡ ክልሰ-ሓሳብ መሰረታዊ ድሌታት ፍሽለት መዋቕራዊ ለውጢ ዝወለዶ እዩ፡፡ ስነ-ሞጎት ክልስ-ሓሳብ መሰረታዊ ድሌታት ሕብረተሰብ ብመዋቕራዊ ለውጢ ኣፍራይነት ንምዕባይ ቅድሚ ምብጋሱ መጀመርታ መሰረታዊ ድሌታት ከማልእ ኣለዎ ዝብል እዩ።

መሰረታዊ ድሌታት፡- መግቢ፤ መፅለሊ፤ ክዳውንቲ፤ ጽሩይ ማይ፤ መሰረታዊ ጽሬት፤ መሰረታዊ ትምህርቲ፤ መጓዓዝያ፤ መሰረታዊ ክንክን ጥዕና፤ መሃያ ዝኸፈል ናይ ስራሕ ዕድል፤ ውሑስ ሃዋህውን ኣብ ውሳነ ምሃብ ተሳትፎን እዮም። መሰረታዊ ድሌታት ኩሎም ማዕረ ኣይኮኑን። ኣብርሃም ማስሎው ብቕደም ሰዓብ ሰሪዑዎም ኣሎ፡፡

- *ቀዳማይ ደረጃ፡-* ኣካላዊ ድሌታት
- *ካልኣይ ደረጃ፡-* ምርግጋጽ ጸጥታ
- *ሳልሳይ ደረጃ፡-* ማሕበራዊ ድሌታት
- *ራብዓይ ደረጃ፡-* ዓርሰ-ምትእምማን
- *ሓምሻይ ደረጃ፡-* ሕልሚ ጋህዲ ምግባር

ክልስ-ሓሳብ መሰረታዊ ድሌታት ዝለዓለ ትኹረት ዝህቦም ንማክሮ ደረጃ ፖሊሲታት ዘይኮነስ ንድኻታት ብቐጥታ ዝሕግዙ ፖሊሲታት ልምዓት እዩ፡፡ እዚ ማለት ኣብ ገጠር ሕርሻዊ ልምዓት ትኹረት መሃብ፤ ኣብ ከተማታት ድማ ዘይወግዓዊ ቁጠባዊ ሴክተራት ምድጋፍ፤ ብሓፈሻ ኣብ ትሑት ደረጃ ቁጠባዊ ንጥፈታት ትኹረት ምግባርን ጉልበት ዝሓትት ቴክኖሎጂ ምፍራይን ምትእትታውን። ኣታዊታቶም እናወሰኸ

ምስ ከደ ድኻታት ዝያዳ ኣቐሑትን ኣገልግሎታትን ክገዝኡ ይኽእሉ፡ እዚ ድማ ኣብ ምውሳኽ ሓፈሻዊ ውሽጣዊ ፍርያት ኣበርክቶ ይገብር።

መንግስታት መሰረታዊ ድሌታት ኣብ ምምላእ ናይ ዓቕሚ ጸገማት እንትገጢሙዎም ዘይመንግስታዊ ትካላት ነቲ ክፍተት ብምምላእ ይሕግዛ። ይኹን እምበር እቲ ኣብ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝተመስረተ ኣገባብ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ናይ ፕሮጀክት ግዜ ቅልጡፍ ውፅኢት ክረክብ ዝግደድ ከም ምኧኑ ሱር ዝሰደደ ዘይምዕሩይነት ክፈትሕ ከእለት ይሓጽሮ፡፡ ብኻሊእ ሰነኽ ክረኣይ እንከሎ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣብቲ ህዝቢ እቲ ከባቢ ዝደልዮ ዘይኮነስ ኣብቲ ለገስቲ ዝደልዮ ዘትኮረ እዩ።

## 2.4. ኣብ ድሮ ሚለንየም ዝተቐልቀሉ ክልስ-ሓሳባት ልምዓት

<u>ኒዮ-ሊበራላዊነት</u>

| |
|---|
| "ኣብ ናጻ ዕዳጋ ሕብረተሰባት እንነብረሉ ዕብየት፤ ብልጽግናን ሰብኣዊ ዓወት ካብ ላዕሊ (መንግስቲ) ዘይኮነስ ካብ ውሽጢ (ዕዳጋ) ዝፍጠር እዩ ኢልና ንኣምን።" (ሮናልድ ሬገን፤ ማርጋሬት ታቸር) |



ብፕረዚደንት ሬገንን ቀዳማይ ሚኒስተር ታቸርን ዝምራሕ ኒዮ-ሊበራላዊነት ህዳሰ ክላሲካል ሊበራላዊነት እዩ። ኒዮ-ሊበራላዊነት ብሰንኪ ምድኻም ሶሻሊዝም ዝተወልዐ ህዳሴ ርእሰማላውነት እዩ፡፡ ሓብሐብቲ ኒዮ-ሊበራላዊነት ባንክ ዓለምን ኣህጉራዊ ትካል ገንዘብን እዮም። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 40 ዓመታት ከፊላዊ ወይ ምሉእ ብምሉእ መንግስታዊ ምትእትታው ኣብ ቁጠባ ዘፍቅድ ኬይንሳውን ማርክሳውን ቁጠባዊ መትከላት ኣብ ተጻራሪ ደምበ ሱር ሰዲዱ ንቁጠባ ዓለም ክመርሕን ክዘርግን ጸኒሑ። ኣብ መወዳእታ ሰብዓታት ብሰንኪ ሳእኖ ዓቕሚ መንግስቲ ዕብየት ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እናዘሓለ ከይዱ፡፡

ኒዮ-ሊበራላዊያን መንግስታዊ ምትእትታው ውጽኢታዊ ዘይኮነን ተፈጥሮኣዊ መሰላት ውልቀሰብ ዝግህስን እዩ ይብሉዎ። ምትእትታው መንግስቲ ክህሉ እንተኾይኑ ካብ ተራ ዳኛ ኲዕሶ እግሪ ዝለዓለ ክኸውን የብሉን። ብኣንጻሩ ብዕዳጋ ዝምራሕ ቁጠባ ፍጹም ስሉጥ፣ ተፈጥሮኣዊ፣ ዕላማ ዘለዎን ዘይሻራዊን እዩ። ኒዮ-ሊበራላዊነት ዘበናዊነት፤ ንለውጢ ዝሕግዝ ሰብኣዊ ዓቕሚ፤ ርትዓውነትን ምዕባለ ቴክኖሎጂን የስፋሕፍሕ። ከምኡውን ኒዮ-ሊበራላዊነት ባህላውነትን ድሑር እምነታትን ስርዓታትን ብሳይንሳዊ ርኽበታት ዝትክኡሉ ባይታ ይፈጥር። ኒዮ-ሊበራላዊነት ኣብ ሆንግ ኮንግ፤ ሲንጋፖርን ታይዋንን "ተኣምር ኤስያ" ፈጢሩ ይበሃል፡፡ ደቡብ ኮርያ፣ ኢንዶነዥያ፣ ታይላንድ፣ ማሌዥያ፣ ቻይናን ቬትናምን እቲ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየተን ከም መርትዖ ተወሲዱ እዩ።

ኣብ ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዘሎ ቅልውላው ዕዳ ናይ ድርድር ዓቕመን ስለ ዘዳኸሞ ለገስቲን ምዕቡላት ሃገራትን ነዚ ዕድል ተጠቒሞም ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ናብ ኒዮ-ሊበራሊዝም ክሰጋገራ ጸቕጢ ክገብሩ ጸኒሖም እዮም። ባንኪ ዓለም ካብ መሰረታዊ ረብሓታት መርገጺኡ ናብ ኒዮ-ሊበራላዊ ኣቀራርባ እኳ እንተተሰጋገረ ንብዙሓት ናይ ዕዳጋ ውድቀታት ሊበራላዊነት ኣለልዩ እዩ። ቁጠባ ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ገለ ዓይነት ምትእትታው

መንግስቲ ከምዘድልዮውን ኣሚኑሉ። ኒዮ-ሊበራላዊነት ን“መደብ ምትዕርራይ መዋቕር” ትጎልቢቡ ናብ ዘይማዕበላ ሃገራት ኣትዩ ይርከብ። ሳጓ ኒዮ-ሊበራላዊነት "ምርድዳእ ዋሽንግተን" ይበሃል፡፡

---

**መደብ ምትዕርራይ መዋቕር**

- ቁፅፅር መንግስቲ ኣወጊድካ ንዕዳጋ ሓራ ምግባር
- ምንካይ ወፃኢ መንግስቲ (ፊስካላዊ ምቑጣብ)
- መንግስታዊ ትካላት ብሕታዊ ምግባር
- ድጎማ መንግስቲ ምውጋድ
- ናይ ወፃኢ ኢንቨስትመንት ምትብባዕ
- ገንዘባዊ ሸርፊ ወጻኢ ምሕሳር
- ንፍርያት ውሽጢ ሃገር ዝግበር ደገፍን ኣብ ልዕሊ ናይ ወጻኢ ኣቑሑት ዝግበር ናይ ታሪፍ ገደብን ምልዓል
- ስርዓት ግብሪ ምምሕያሽን እቶት መንግስቲ ምውሳኽን
- ደረጃ ዝተሓተ ደሞዝ ኣብ መስርሕ ዕዳጋ ምውሳን
- ንቢሮክራሲ ብምጽባብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ምንካይ

---

ኣብ “መደብ ምትዕርራይ መዋቕር” ዝነበሩ ጸገማት ንኪቃልዑ ብዙህ ግዜ ኣይወሰደሎምን። ኣብ ብዙሓት ዘይማዕበላ ሃገራት ውጽኢታዊ ኣይነበረን፡፡ ንገለ ሃገራትውን ጐዳኢ እዩ ነይሩ፡- ንኣብነት ኣብ መወዳእታ 1990ታት ኣብ ኤስያ ዘጋጠመ ፋይናንሳዊ ቅልውላው። ነቲ ብተግባራውነት “መደብ ምትዕርራይ መዋቕር” ዝበጽሐ ጉድኣት ንምድባስ ዘኽእል ሓድሽ ኣገባብ ንምምችቻው ነፍሲ ወከፍ መንግስቲ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ናይ ድኽነት ምንካይ ስትራተጂ ሰነድ ኣዳልዩ ከቕርብ ተገይሩ። ይኹን እምበር ምስ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ለገስቲን ብምምኽኻር ዝተዳለወ ናይ ድኽነት ምንካይ ስትራተጂ ሰነድ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ “መደብ ምትዕርራይ መዋቕር” ብዙሕ ዝተፈለየ ኣይነበረን።

ክልስ-ሓሳብ “ድሕረ-ምዕባለ”

ንብዙሓት ዓሰርተታት ዓመታት ትርጉም ልምዓት ኣብ ዘበናዊነት ኣተሓሳስባ ዝተመስረተ እዩ ነይሩ። ኤውሮጳውያን (ምዕራባውያን) ሃይማኖታትን ባህልታትን ልምዓት ንምቅልጣፍ ሰረት ከኾኑ እንከለዉ ኤውሮጳውያን ዘይኮኑ ሃይማኖታትን ባህልታትን ድማ ከም ዕንቅፋታት ምዕባለ ይቖጸሩ ነይሮም። ንተፈጥሮኣዊ ከባቢ ዝከናኸን ናይ ደቀባት ባህልታትን ባህላዊ ፍልጠትን ብምዕናው ዘላቕነት ተፈጥሮኣዊ ከባቢ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ጸኒሑ። ክልስ-ሓሳባውያን “ድሕረ-ምዕባለ” ኣብ ትርጉማት ምዕራባውያን ዝተመርኮሱ ልምዓታዊ ገምጋማት ይነጽጉ። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት “ምዕቡላት ሃገራት” ዝብል ደረጃ ንምርካብ ብኹሉ መዳይ ንዝማዕበላ ሃገራት ክመስላ ግድን ኣይኮነን። ናይ ገዛእ ርእሰን ባህልን ኣነባብራን ዓቂበን "ምዕቡላት ሃገራት" ዝብል ደረጃ ክበጽሓ ዘይክእላሉ ምኽንያት የለን ኢሎም ይሟጎቱ ክልስ-ሓሳባውያን “ድሕረ-ምዕባለ”፡፡ ብሱሩኽ ልምዓት ማለት ናጽነት፤ ማዕርነትን ባህላዊ ብዙሕነትን ማለትዶ ኣይኮነን እዩ?



ክልስ-ሓሳብ "ሰብኣዊ-ምዕባለ" (ብኣማርትያ ሴን)

"ልምዓት ነዘን ብዙሕ ዝዓይነተን ዘይናጽነታት ምእላይ ዘጠቓልል እዩ። እዚ ድማ ንሰባት ዝያዳ ምርጫ ይህቦም" ተዓዋቲ ኖቤል ኣማርትያ ሴን

ቀንዲ ዕላማ ልምዓት ምምሕያሽ መነባብሮ ወዲሰብ እዩ፤ ንሰባት ቀጻሊ ዝኮነ ጽቡቕ ሂወት ናይ ምሃብ ዓቕሚ ምፍጣር። ፍትሓዊ ምክፍፋል ሃገራዊ እቶት ከም ቀንዲ መዐቀኒ ድሕነት ይቖጸር። ይኹን እምበር እቶት ጥራይ እኹል መዐቀኒ ኣይኮነን። ብእቶት ጥራሕ ዘይግለፅ ጥዕና፤ ትምህርቲ፤ ደረጃ መነባብሮ፤ ነዊሕ ዕድመ፣ ኣብ ሕብረተሰባዊ ህይወት ብንጥፈት ናይ ምስታፍ ክእለት፣ ተንቀሳቓሲ ናይ ምኳን ክእለት፤ ናይ ምንባር ናጽነት፤ እንታይ ክትከውንን እንታይ ክትገብርን ከምዘለካ ናይ ምምራጽ ናጽነትውን የጠቓልል እዩ። ንኣብነት፡- መጽሓፍቲ ከንብብ ኣብ ዘይክእል ህዝቢ ቤት ሕትመት ምስፋሕን መጽሓፍ ምፍራይን ልምዓት እዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ነዚ ህዝቢ መጻሕፍቲ ካብ ዕንጨይቲ ንላዕሊ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ንሰባት ንባብ ምምሃር ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት እዩ። ናይ ሰብኣዊ-ምዕባለ መዐቀኒ ሂዩማን ደቨሎፐመንት ኢንዴክስ (**ኤችዲኣይ**) ዝበሃል ኩለመዳያዊ ቀመር እዩ፡፡

---

**ማንታ ዓንድታት ሰብኣዊ-ምዕባለ**

- *ዓቕሚ፡-* ሕመረት ሰብኣዊ-ምዕባለ ዓቕሚ ምዕዋት እዩ። ሰባት ብዘላቒ መንገዲ ጽቡቕ ሂወት ክረኽቡ ዘኽሎም ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ዓቕሚ ንክህልዎም ይሕገዙ። ንኣብነት፡- ዓሳ ኣብ ክንዲ ምሃብ ዓሳ ከመይ ጌርካ ከምትሕዝ ምምሃር፡፡
- *ሓጎስ፡-* ሓጎስ መግለጺ ጽቡቕ ሂወት ደቂ ሰባት እዩ። ንሰባት ሕጉሳት ብምግባር ድርኺቶም ክነቓቓሕን ዓቕሞም ክሰፍሕን ይሕግዞም። መዐቀኒ ሃገራዊ ሓጎስ ግሮስ ናሽናል ሃፒነስ (**ግናሃ**) ይበሃል፡፡

**ዝዕቀኑ ፍልፍላት ሓሳስ**

- ጽቡቕ ዝኾነ ስድራቤታዊ ርክብ
- ዘተኣማምን ፋይናንሳዊ ዓቕሚ
- ጽቡቕ ናይ ስራሕ ኩነታት
- ጽቡቕ ማሕበረሰብን ፈተውትን
- ጽቡቕ ጥዕና
- ውልቃዊ ናጽነት
- ፅሬት ዘለዎ መንግስቲ
- ዲሞክራስያዊ ናጽነታት
- ናጽነት ኣምልኾ
- ጽሩይ ከባቢ

**ላዕለዋይ ብርኪ**

| ሃገራት | ደረጃ ኤችዲኣይ | ደረጃ ግናሃ | ሃገራት | ደረጃ ኤችዲኣይ | ደረጃ ግናሃ |
|---|---|---|---|---|---|
| ፊንላንድ | 12 | 1 | ሉክሰምበርግ | 20 | 6 |
| ዴንማርክ | 5 | 2 | ሽወደን | 5 | 7 |
| ኣይስላንድ | 3 | 3 | ኖርወይ | 2 | 8 |
| ስዊዘርላንድ | 1 | 4 | እስራኤል | 25 | 9 |
| ሆላንድ | 10 | 5 | ኒውዚላንድ | 16 | 10 |

**ታሕተዋይ ብርኪ**

| ሃገራት | ደረጃ ኤችዲኣይ | ደረጃ ግናሃ | ሃገራት | ደረጃ ኤችዲኣይ | ደረጃ ግናሃ |
|---|---|---|---|---|---|
| ኢትዮጵያ | 176 | 130 | ኤርትራ | 175 | የለን |
| ሴራሊዮን | 184 | 140 | ብሩንዲ | 187 | የለን |
| ቡርኪናፋሶ | 185 | 110 | ኒጀር | 189 | የለን |
| የመን | 186 | 133 | ማ. ኣፍሪቃ | 191 | የለን |
| ማሊ | 188 | 122 | ደቡብ ሱዳን | 192 | የለን |
| ቻድ | 190 | 113 | ሶማልያ | 193 | የለን |

ድልድል ክልስ-ሓሳባት ልምዓት

ጽንፈኛታት ሊበራሊዝምን ኮሚኒዝምን ኣብ ክንዲ ምዕባለ ኣብ መላእ ዓለም ውድቀትን ጎንጽን ከስዕቡ ጸኒሖም እዮም። ስለዚ ድማ እዮም ምሁራት ብዘይ ዓንቀፍቀፍ ብዘላቒነት ክምዕብላ ንዝደልያ ሃገራት ካብ ክልቲኣን ተጻረርቲ ክልስ-ሓሳባዊ ማዓስከራት ጸጽቡቑ ውሲዶም ብምውህሃድ ኣብ ዘማእኸለ ክልሰ-ሓሳብ ልምዓት ክሰርሑ ዝጀመሩ። ኣህጉራዊ ተፈታውነት ዝረኸባ ክልተ “ዓሌታት” ክልስ-ሓሳብ ልምዓት ተማሂዘን ኣለዋ፡፡

*ማሕበራዊ(ሶሻል)-ዲሞክራሲ*

ሶሻል-ዲሞክራሲ ኣብ መንጎ ዕዳጋን መደባት ማሕበራዊ ድሕነትን ሚዛን ክህሉ ዝጣበቕ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ እዩ። ሶሻል-ዲሞክራሲ ሰብኣዊነት ዝለበሰ ርእሰማላውነት እዩውን ይብልዎ፡፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ሰባት ቁጠባዊ ሂወቶም ክባላሾ ምስጀመረ ንርእሰማላውነት ክጸልእዎ ጀመሩ፡፡ ነዚ ስዒቡ ርእሰማላውያን መንግስታት ኤውሮጳ ኮሚኒዝም ንርእሰማላውነት ተኪኡ ክዝርጋሕ ምኺኑ ስግኣቶም ገሊጾም። ሶሻሊስታውያን ኤውሮጳ ግን ከምቱ መራሕቲ ርእሰማላዊያን ዝሰግኡዎ ናብ ኮሚኒዝም ስግግር ምግባር ኣይደለዩን፡፡ ርእሰማላውነት ምጥፋእ ከየድለዮ ነዚ ቁጠባዊ ስርዓት ዝያዳ ሰብኣውን ሞራላውን ምግባር ይከኣል እዩ ኢሎም፡፡ ኣብ ሶሻል-ዲሞክራሲ ርእሰማላውነት ዝፈጠሮ ሃብቲ ኣብ መንጎ ዜጋታት ብፍትሓዊ መንገዲ ይዕደል። እቲ ሓድሽ ስርዓት ግብረሰናይ ርእሰማላውነትውን ተባሂሉ እዩ።

ካብዚ ተበጊሱ ሶሻል-ዲሞክራሲ ንፖለቲካ ኤውሮጳ ዓብሊሉዎ ይርከብ። ኣብ ኤውሮጳ ሓያሎ ሃገራት ብዝተፈላለየ ደረጃ ማሕበራዊ ደሞክራስያዊ መትከላት ተቐቢለን እየን። ንኣብነት፡- ሽወደን፣ ዴንማርክ፣ ኖርወይ፣ ፊንላንድን ጀርመንን። እዘን ሃገራት እዚኣን ቁጠባ ዕዳጋ እናዓቀባ ንማሕበራዊ ድሕነት፤ ክንክን ጥዕና፤ ትምህርትን መሰላት ሰራሕተኛታትን ቀዳምነት ይህባ። ኣብዘን ሃገራት ዝርከባ ሶሻል ዲሞክራስያውያን ውድባት መብዛሕትኡ ግዜ ዘይምዕሩይነት እቶት

ንምንካይን ድልዱል ማሕበራዊ ድሕነት ንምርግጋጽን ዝዓለመ ፖሊሲታት የስፋሕፍሓ። ነዚ ድማ እዩ እዘን ሽመን ዝተጸርሐን ካልኦት ብዙሓት ሶሻል-ዲሞክራሲያዊን ሃገራትን ኣብ ልዑል ብርኪ ኤችዲኣይን ግናሃን ዝርከባ፡፡ ሶሻል-ዲሞክራሲ ንምትግባር ብሱልን ሱር ዝሰደደን ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ከድልዩ ናይ ግድን እዩ፡፡

*ዴሞክራሲያዊ ልምዓታዊ መንግስቲ (ጎርዶን ዟይት ከምዝተንተኖ)*

ኣብ 1980ታትን 1990ታትን ብዛዕባ ልምዓታዊ ተራ ፖለቲካዊ ስርዓታት ተረርቲ ሕቶታት ክላዓሉ ጀሚሮም፡፡ ድሕሪ ዘበን ባዕዳዊ መግዛእቲ ብልምዓታዊ መንግስቲታት ዝተመርሓ ሃገራት ካብ መጠን ንላዕሊ ምሉእን ቀጥታውን መንግስታዊ ቁጽጽር ቁጠባን ማሕበራዊ ትካላትን ተግቢረን ብዝብል ይንቀፋ ነይረን። እዘን ልምዓታዊ መንግስቲታት ኣብ ቁጠባ ዘለወን ተራ ዕዳጋታትን ውልቃዊ ትካላትን ብኒዮ-ሊበራላዊ መስመር ሓራ ከውጻኣ ክምከራውን ጸኒሐን፡፡ ኣብ 1990ታትን ምስዘጋጠመ ሱናሚ ዲሞክራታይዜሽን ተኣሳሲሩ ኣብተን ልምዓታዊ ብድሆ ዘጋጠመን ብዙሓት ሃገራት ሊበራላዊ ደሞክራስያዊ ትካላት ተዘርጊሐን እየን፡፡

ኣብዚ ክላዓል ዝግቦኦ ሕቶ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ ስርዓት ዝመጸ ለውጢ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝገጠመን ልምዓታዊ ብድሆ ብውጽኢታዊ መንገዲ ንምምካት ዓቕመን ከማሓይሻ ሓጊዙውንዶ እዩ፡፡ ኣብተን ናይ መጀመርታ ማዕበል ዕዉታት ኣማዕብልቲ ከም በዓል ጃፓን፤ ጀርመንን ሩስያን ዝተራእየ ተሞክሮ ዘራጋጋጾ ግን ብኣንጻሩ እዩ፡፡ እዘን ሃገራት እዚኣን ዝማዕበላ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራስያዊ ክበሃል ዳርጋ ዘይኽእል ፖለቲካዊ ኩነታት እዩ፡፡ ፍሉይ ልምዓታዊ ዓወታት ምብራቕ ኤስያውን ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ምሕደራ እዩ ተረኺቡ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ትሕቲ ደሞክራስያዊ ስርዓታት ዕዉት ልምዓታዊ ስግግር ዝተራእየሉ ኣብ ቦትስዋናን ሞሪሸስን ዝኣምሰላ ውሑዳት ሃገራት እዩ፡፡

እተን ምልካውያን ልምዓታዊ ሃገራት መብዛሕተን ዕዉታት ኣይነበራን፡፡ መስርሕ ልምዓት ቁጠባዊ ዕብየት ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ህይወትን ሞትን ጉዳያት ማለት ድኽነት ምቕናስ፣ ውልቃዊ ድሕንነት፣ ፍትሓዊነትን ከባብያዊ ዘላቕነትንውን ዘጠቓልል እዩ። ኣብ ልዕሊ ስስዐ ኤሊታት ባህርያት ናይቲ መንግስቲ ዝተሰረተሉ ናይ ሓፋሽ ድሑር ባህልታትን ክብርታትንውን ንልምዓት ኣዝዩ በዳሂ ኮይኑዎ ከምዝጸንሐ ይፍለጥ።

ዴሞክራሲን ልምዓትን ዘለዎም ርክብ እንታይ ይመስል? ዝተፋላለዩ ተንተንቲ ልምዓት ኣብ ምስኳም ወይ ኣብ ምግታእ ዴሞክራሲ ዘለዎ ተጓናጻይ ተራ ከምዝሰዕብ ይገልጹዎ፡-

<u>ቀዳማይ ርእይቶ</u>፡- ዲሞክራሲ ንልምዓት ሓያል መነቓቕሒ እዩ፡፡ ንብዕዳጋ ዝምራሕ ቁጠባዊ ምዕባለውን ዝያዳ ስሉጥን ተሓታቲን መንግስቲ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ኣለዎ፡፡ ዲሞክራሲ ንልምዓት ኣወንታዊ ህዝባዊ ምልዕዓል ይፈጥረሉ።

<u>ካልኣይ ርእይቶ</u>፡- ዲሞክራሲ ክቡር ናይ ነዊሕ ግዜ ዕላማ እዩ፡፡ ኣብ ትሑት ደረጃታት ምዕባለ ግን ዕንቅፋት ክኾኑ ዝኽእሉ ኣሉታዊ ባህርያት ኣለውዎ፡፡ ንድኻታት ሃገራት ዲሞክራሲ ናይ ቅንጦት ኣቕሓ እዩ ክበሃል ይከኣል፡፡ ሓንቲ ሃገር ንክትምዕብል ካብ ዲሞክራሲ ንላዕሊ ዲሲፕሊን እዩ ዘድልያ፡፡ ንልምዓት ቀንዲ ጸላኢ ስርዓት ኣልቦነትን እዩ፡፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ልምዓት ስዕረት ድኽነትን ሕሰምን እንተዳኣ ኾይኑ ብዙሓት ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ወይ ምብራቕ ኤውሮጳ ዘለዎእ ኩነታት ዘድልየን ሊበራላዊ ዲሞክራሲ ክኸውን ኣይግባኣን፡፡ ሊበራላዊ ዲሞክራሲ ናይ ግድን ምቅላል ድኽነት፣ ምክልኻል ድኹም ወይ ስሉጥ መንግስቲ ዘስዕብ ኣይኮነን።

ዘይሊበራላዊ ዝኾነ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዝኽተላ ሃገራት ንልምዓታዊ ጸገማት ብኣድማዒ መንገዲ ናይ ምጽዋር ንጹር ዓቕሚ እንተዳኣ ኣርእየንን ኣብ ከቢድ ግህሰት ሲቪላዊ መሰላትን ውልቃዊ ድሕነትን ዜጋታት ኣብ ዘይተዋፈረሉ ኩነታት  ሊበራላዊ ዲሞክራስያዊ ፖለቲካ ክቕበላ ዝግደዳሉ ምኽንያት እኹል ክኸውን ኣይኽልን፡፡

ሳልሳይ ርእይቶ፦ ዲሞክራስያዊ ስርዓታት ተፈታዊነት ዝረኸቡ ካብ ምልኪ ንምንጋፍ ተዘይኮይኑ ካልእ ተጽቢት ከምዘይግበረሎም እዩ፡፡ ዲሞክራሲ ብሓቂ ርጉእ ዝኸውን ሰባት ብቑጠባውን ማሕበራውን ኣፈጻጽማኡ ጥራይ ዘይኮነስ ብባህርያዊ መንገዲ ብፖለቲካዊ ባህርያቱ ብሰፊሑ ዋጋ ክወሃቦ ምስ ዝኽእል ጥራይ እዩ። እዚ ዓይነቱ ስነ-ሞነት ነተን ድልዱላት ዲሞክራስያውያን ሃገራት ዝምልከት እምበር ገና ኣብ ኣዝዩ ተጻባኢ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት ውሽጢ ንዝቃለሳ ዘለዋ ሃገራት ብዙሕ ኣገዳስነት የብሉን፡፡.

ራብዓይ ርእይቶ፦ እቲ ማእኸላይ ጉዳይ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣይኮነን፤ ሰናይ ምምሕዳርን መንግስታዊ ዓቕሚን እዩ። ኣብ ትሕቲ-ሰሃራ ኣፍሪቃ “ብዝሒ-ውድባዊ” ዲሞክራሲ ኣገዳስነት የብሉን። ዓቕሚ፣ ተወፋይነትን ፅሬት ምምሕዳር መንግስቲን ምምሕያሽ ውፅኢታዊ ልምዓታዊ ሃገር ይሃንጽ፡፡ ንኣብነት መራሕቲ ጋናን ኡጋንዳን ብተዛማዲ ኣብ ብልሽውና ዘይጠሓሉ፤ ብቑጠባዊ መዳይ ሓላፍነት ዝስምዖምን ብውጽኢታዊ መገዲ ጽገና ዝገበሩ ምልካውያን እዮም። ኣብዚ ዝቐርብ ዘሎ ስነ-ሞነት ውጽኢታዊ ምህናጽ ልምዓታዊት ሃገር፣ ብምልካዊ ይኹን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክፍጸም ከምዝኽእል እዩ፡፡

ዲሞክራሲያዊነትን ልምዓታዊነትን ብውጽኢታዊነት ኣዋሃሂድካ ዲሞክራሲያዊት ልምዓታዊት ሃገር ብዘላቕነት ንምህናጽ እንታይ ስጉምቲ መውሳድ ይምረጽ? እቲ ተፈጥሯዊ ዝመስል ዘይምቅድድዳው ዲሞክራሲን ልምዓትን ዘዋድዶ ንድፈ ብማሕበራውን ፖለቲካውን ምህንድስና ክስራሓሉ ይኽእል ይብሉ ኣብዙ ዓውዲ ፍልጠት ዘለዉ ምሁራት፡፡ ኣብዙ ክይዲ ቀዲሙ ክረኣይ ዝግቦእ ናይ ዲሞክራሲ ባህርያት እንታይነት እዩ፡፡ ዲሞክራስያውነት ብሃንደበታዊ ምብትታን ስርዓት፤ ብስግግርን ብኣዋጅን ዝመጽእ ኣይኮነን፡፡ ዲሞክራሲ ከም መስርሕ ትካላዊ ምውህላል እዩ። ብቑርጽራጽ ወይ ብኽፋላት ይመጽእ፤ ነፍሲ ወከፍ ቁርጽራጽ ድማ ካልእ ንምውሳኽ ድርኺት ይኸውን።

ዲሞክራሲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገራዊ መልክዕ ይሕዝ፤ ናይቲ ዝተሰረተሉ ሕብረተሰብ ፍሉይ ባህሪ ይወርስ፤ ነቶም ፍሉያት ታሪኻዊ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ብምሃብውን ፍሉይ ሃገራዊ እንታይነት ይላበስ። ብኣንጻር እዚ ጭቡጥ ሓቂ ንህዝቢ ዓለም ዝብርከተሉ ዘሎ ዲሞክራሲ ግን ኣብተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ባህልን ታሪኽን ዝተመርኮሰ እዩ። ኣብ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት እቲ ማእከላይ ገላጺ ባእታ ኮይኑ ዝውሰድን ልሙድ ዝኾነ ኣምር ዲሞክራሲን ‘ብዝሒ-ውድባዊ’ ስርዓት እዩ። ብኻሊእ ሸነኽ ድማ ‘ብዝሒ-ውድባዊ’ ስርዓት ንኣተገባብራ ናይ ነዊሕ ግዜ ፖሊሲታት ዝያዳ ዘጸግም ዘይርጉእ ናይ ምዃን ዕድሉ ዝዛየደ እዩ ዝብሉ ኣለዉ። ንልምዓት ውፅኢታዊ ዝኾነ ፖለቲካ እቲ ሓደ ሰልፊ ዝዓብለሎ ስርዓት እዩ ኢሎምውን ይሟጎቱ።

ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ክፍለ-ዘብን ኣዝዮም ዝድነቑ ዲሞክራስያውያን ልምዓታዊ ኣፈጻጽማታት ብፍላይ ኣብ ሽወደንን ጃፓንን ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ ኣብ ቦትስዋና ተራእዮም እዮም። እዘን ሃገራት ብሓደ ሰልፊ ዝተዓብለላ ስርዓታት ዝነበረአን ኮይነን ልምዓትን ዲሞክራስን ኣብ ምውህሃድ ብሉጽ ተሞክሮ ኣመዝጊበን እየን። ዓብላሊ ሰልፊ ኣብ ሳንዱቕ ድምጺ ይፍተን፤ ብቐጻሊ ድማ ንጸቕጢ ነጻ ሲቪላዊ ማሕበረሰብ ይቃላዕ። ነዚ ጸቕጢ ኣወንትዊ ምላሽ ንምሃብ ድማ ዘድሊ ምትእስሳር የደንፍዕ። ዓብላሊ ሰልፊ ኣብ መንጎ መንግስታዊ፣ ፖለቲካዊን ሲቪላዊን ማሕበረሰብ ዘሎ ምትእስሳር ብምውዳብ ንነዊሕ እዋን ንዝጸንሕ ልምዓታዊ ውሳነ ዘድሊ ፖለቲካዊ ምርድዳእ፤ ምርግጋእን ዓቕምን ይፈጥር። መዋቕራዊ ፀገማት ልምዓት ንምፍታሕ ንነዊሕ እዋን ዝኸውን ውሳነ ምሃብን ተፈጻምነቱ ምርግጋጽን መተካእታ ዘይብሉ እዩ። ነዚ ኣድላዪ ዝኾነ ምትእስሳር ንምፍጣር ዓብላሊ ሰልፍታት ካብ ክልተ ኣንፈታት ምትእስሳር ሓዲኡ ይመርጹ፡-

- <u>ኣግላሊ ዝኾነ “ጥምረት ላዕለዎት/ፉሩያት”</u>- እዚ ኣብ ጃፓን ዝተራእየ ተሞክሮ ውዕል ምሕዝነት ዕብለላ ኣብ መንጎ ትካላት መንግስቲ (ቢሮክራሲ)፣ ዓብላሊ ፖለቲካዊ ሰልፊ (ሊበራላዊ ዲሞክራስያዊ)ን

ልዕልና ዘለዎም ክፋል ሲቪላዊ ማሕበረሰብ (ገዘፍቲ ዘፈራት ንግዲ) ዝተፈጸመ እዩ፡፡ ኣብ ደቡብ ኮርያን ታይዋንን ድማ ነዚ ዝመስል ጥምረት ንምትግባር ከፍተን ጸኒሑ እዩ፡፡

● <u>ሓቋፊ ዘኮነ "ጥምረት ምኽክር ምስኩሉ"</u>- እዚ ኣብ ሽወደን ዝተራእየ ተሞክሮ ተመራጻይ ውዳበ ምትእስሳር እዩ፡፡ እዚ ጥምረት ኣብ መንጎ ቀንዲ ክፋላት ሲቪላዊ ማሕበረሰብ (ነጋዶ፤ ሰራሕተኛታት)፤ መንግስትን ዓብላሊ ፖለቲካዊ ሰልፊ (ሶሻል ዲሞክራስያዊ)ን እዩ ነይሩ፡፡

ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸጋታት ኣዝዮም ዘይምዕሩይ ኣብ ዝኾኑሉ ሕብረተሰብ ሓቋፊ ዘኮነ "ጥምረት ምኽክር" ኣገዳሲ እዩ። ሓያላት ኤሊታት ምስ ፖለቲካውን መንግስታውን መዛኑኦም ክራኸቡን ንመስርሕ ፖሊሲ በብረብሓኦም ክጸልዉ ኣብዝኽእሉሉ ኩነታት ናብ ዝሰፍሐ ማሕበራዊ ጉጅለታት (ደቀንስተዮ፤ መናእሰይ፤ ድኻታትን ዝተገለሉን) ፖለቲካዊ ተበጻሕነት ንምዝርጋሕ ተበግሶ እንተዳኣ ሃልዩ ነቲ  ናይ ምኽክር መድረኽ ፍሉይ ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ።




| |
|---|
| ንፈላስፋ <u>ሶቅራጦስ</u> ዛዕባ ዲሞክራሲ ዘስገኦ "እቶም ንመሪሕነት ዝወዳደሩ ሰባት ንምምራሕ ዘድሊ ጥበብ ዘይውንኑን ነቲ ዝተመርጹሉ መርገጺኦም ድማ ኣብ ክንዲ ንሓባራዊ ረብሓ ዘውዕሉ ንውልቃዊ ረብሓ ከይጥቀሙሉ" እዩ። |

## 2.5. ፓራዳይማት ልምዓት

ፓራዳይም ሓደ ጉዳይ ወይ ሓደ ጸገም ዝምልከት ግዜ ወሲዱ ዝቖየር ምርዳእን ዝተወደበ ኣረኣእያን እዩ። ነኣብነት፡- ምዕባለ ዘላቒ ክኸውን ዝኽእል ከም ጸሓይን ንፋስን ዝኣምሰሉ ጽኑያት ፍልፍላት ጸዓት ምጥቃም እንተተኻኢሉ እዩ፡፡ እዚ ካብቱ ቅድም ኢሉ ዝነበረ መሪሕ ኣራኣእያ ልምዓት ዝተፈለየ እዩ፡፡ እዚ ፓራዳይም ለውጢ ይበሃል፡፡ ፖሊሲን ኣተገባብራ ልምዓትን ከከም ኣረኣእያ ይፈላለዩ። ኣብ ልምዓታዊ ፃዕሪ ጕሊሖም ዝረኣዩ ፓራዳይማት ከምዝስዕብ ተተንቲኖም ኣለዉ፡፡ እዞም ፓራዳይማት እዚኦም ኣረኣእያታት ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ኣድማዕነቶም ብብዙሕ ናይ ኣተገባብራ ተመኩሮታት ተረጋጊጹ እዩ። እቶም ፓራዳይማት ኣካታዕቲ ስለዝኾኑ ድማ መምርሒ ፖሊሲታቶም ዝገብሩዎም ከምዘለዉ ፈጺሞም ዘይቅበሉዎምውን ኣለዉ።

<u>ዕብየት፡- ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡-</u> ዕብየትብማዕረ ኣብ ሙሉእ ሃገር ክጅምር ኣይኽእልን፡፡ ልምዓት ኣብ ዓበይቲ ከተማታትን ኣብ ዝተመርጹ ዓበይቲ ቁጠባዊ ዓውድታትን  ይጅምር፡፡ ቀጺሉ ክኸውን ትጽቢት ዝግበረሉ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተፈጠረ ዕብየት በብቑሩብ ናብ ኣናእሽቲ ከተማታትን ኣብ ታሕተዋይ ብርኪ ናብ ዘለዋ ቁጠባዊ ዓውድታትን ከምዝልሑኽ እዩ፡፡ ተሞክሮ ዘራጋገጾ ሓቂ ግን እተን ዓበይቲ ከተማታትን ቁጠባዊ ዓውድታትን ክንዲ ውጽኢት ዕብየተን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ክንዲዘውርዳሞ እተን ታሕተዎት ክስዕባ ክንድምግባር ነተን ኣናእሽቲ ናዕበራ ካብ መጠን ንላዕሊ ይሓብጣ፡፡ እዚ ናይ ዕብየት ፍልልይ ክንዲ ምጽባብ እናግፎሖ ይኸይድ፡፡

<u>ድኻ-ተኮር ዕብየት፡-</u> ዕብየት ናብ ልምዓት ክሰግር ዝኽእል ሃገራዊ እቶት ብፍትሓዊ ናይ ምክፍፋል ተኽእሎ ምስ ዝህሉ ጥራይ እዩ።


<u>ትሑት ደሞዝ ንዕብየት ኢንዱስትሪ</u>፡- ከበድቲ ኢንዱስትሪታት ንምስፍሕፋሕሞ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ተወዳደርቲ ንምግባር ናብ ከተማታት ዝስደድ ህዝቢ ገጠር ብትሑት ደሞዝ ብምስራሕ ንዓዱ መስዋእትነት ክኸፍል ትፅቢት ይግበረሉ።

ሕርሻ-ተኮር ዕብየት፦ ሕርሻ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ማሕበረ-ቁጠባዊ ልምዓት ቀጥታውን ወሳኒን ኣበርክቶ ኣለዎ።

ገጠርን ከተማን ዘተኣሳሰረ ዕብየት፦ ምትእስሳር ማሕበረሰብ ሰረት ዝገበረ ስትራተጂ እዩ፡፡

ብደቀባት ዝምራሕ ዕብየት፦ ኣብዚ ቀዳምነት ዝወሃቦ ናይ ወጻኢ ዘይኮነስ ናይ ደቀባት ጻዕርታት እዩ። ኣብ ውሽጣዊ ልምዓት ዓቕሚ ሰብን ቴክኖሎጅን ትኹረት ይግበር። ካብዚ ብምብጋስ ምትሕልላፍ ቴክኖሎጂ ኣይድገፍን።

ለውጢ ከባቢ ኣየር ዝብድህ ዕብየት፦ ስግኣት ለውጢ ከባቢ ኣየር ቁጠባዊ ዕብየት ብንቡር መስመር ክቐጽል ኣየኽኣሎን፡፡ ዓለምና ንዝሓለፉ 200 ዓመታት ንምፍራይ ጸዓት ዝተሞርኮሰሉ ፍልፍል ነዳዲ ቅሪተ-ኣካላት እዩ፡፡ ነዳዲ ዘይቲ፤ ፍሓም-እምኒን፤ ጋዝ ተፈጥሮን ንምፍራይ ጸዓት ኣብ ጥቕሚ ኣብዝውዕልሉ ዝፍንውዎ ከም ካርቦንዳይኦክሳይድ ዛኣምሰለ ትኪ (“ግሪን ሃውስ ጋዝ”) ኮይኑ ናይ ከባቢ ኣይር ዋዒ ካብቲ ልሙድ ንላዕሊ ብምውሳኽ ሓደገኛ ዝኾነ ለውጢ ከባቢ ኣይር የስዕብ፡፡ ነዚ ፍታሕ ክኸውን እዩ ተባሂሉ ዝተኣመነሉ “ሓምለዋይ ዕብየት” ተግባራዊ ምግባር እዩ፦ ጸሓይን ንፋስን ከም ፍልፍል ጸዓት ምጥቃምን ኣግራብ ብጻዕቒ ምትካልን ምክንኻንን፡፡



# ምዕራፍ ፫

## መነባብሮ፤ ድኽነት፤ ዘይምዕሩይነት

### 3.1. መነባብሮ

መነባብሮ ማለት ቃል ብቃሉ ንምንባር ዝኾነ ስራሕ ምስራሕ ማለት እዩ። ኣብ መጽናዕትታት ልምዓት ግን ኣምር መነባብሮ ዝያዳ ዝተሓላለኸ እዩ። መንቀሊ ምትሕልላኽ ትርጉም መነባብሮ መንግስቲታት፤ ሲቪላዊ ማሕበራትን ካልኦት ትካላትን ብመነባብሮኦም ኣብ ሓደጋ ዝወድቁ ሰባት ንምሕጋዝ ጻዕሪ ዝገብሩሎም ኣጋጣሚታት እዩም፡፡

ዓውድታት መነባብሮ፡-

- *ማሕበራዊ ዝምድናታት*- ጾታ፤ ዓሌት፤ ባህሊ፤ ታሪኽ፤ ሃይማኖት፤ ዘመድ
- *ማሕበራውን ፖለቲካውን ውዳቤ*- ማሕበራዊ ሕግታት፤ ኣመራርሓ
- *ምሕደራ*- መሓውር፤ ስልጣን፤ ብቕዓት፤ ኣድማዕነት፤ ውክልና
- *ኣገልግሎት ምሃብ*- ትምህርቲ፤ ጥዕና፤ ማይ፤ ጽሬት
- *ቀረብ ሃፍቲን ትካላትን*- ተበፃሕነት ሃፍቲ
- *ፖሊሲን ሕግን*- ምትግባር

ደገፍ መነባብሮ፡-

ኣብ ዝኾነ መነባብሮ ንብረት ንምጥራይን ንምልውዋጥን ኣብ ካልኦት መነባብሮታት ከምርኮስ ይኽእል እዩ። ኣብ ንብረትን ዕዳጋንውን ንሕንሕ ክህሉ እዩ።

ዘላቒ መነባብሮ፡-

ጸቕጢ መነባብሮ (ዋጋ ምውሳኽ መሰረታዊ ነገራት)ን ህጹጽ ኩነታትን (ሰባኣውን ተፈጥሯዊን ሓደጋታት) ተጻዊሩ ክሓዊ ዝኽእል፤ ከምኡ ድማ

ነቲ ናይ መጻኢ ወለዶ መሰረት ሃፍቲ ተፈጥሮ ከይመዝመዘ ወይ ከየዳኸመ ንህሉውን ንመጻእን ዘለዎ ዓቕሚ ከመሓየሽን ከዕብን ከሎ።

<u>ማዕቀፍ ዘላቒ መነባብሮ፡-</u>

*ናይ ተቓላዕነት ዓውዲ*- ንመነባብሮ ሰባት ዝጸልዉ፤ ተቓላዕነት ዝውስኹን ጽንዓት ዝፈታተኑን ግዳማውን ምቁጽጻር ዘይካኣሉ ፍጻመታት፡- ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት፤ ግርጭታት፤ ቁጠባዊ ቅልውላው፤ ምልውዋጥ ቀረብ ሃፍቲ ተፈጥሮ፤ ምንጪ እቶትን ዘይምህላው፤ ቀጻሊ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ቅልውላው፤ ለውጢ ቴክኖሎጂ ቁጠባዊ ኩነታትን ቀረብ ሃፍቲ ተፈጥሮን፡፡

*ናይ ስራሕ ካፒታል*- ሰብኣዊ ርእሰማል (ብዝሕን ጽሬትን ፍልጠት ሰራሕተኛታት)፤ ተፈጥሮኣዊ ርእሰማል (ብዝሕን ጽሬትን ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ)፤ ማሕበራዊ ርእሰማል (ናይ ምትሕብባር መርበባት፤ ምት እምማን፤ ፊዚካል ካፒታል *(*ትሕተ ቅርጺ፤ ናይ ስራሕ ናውቲ)፤ ፋይናንሳዊ ርእሰማል *(*ተቐማጥን ቀዋሚ ዋሕዚ እቶትን)፡፡

<u>ስጉምትታት ሪፎርም መነባብሮ፡-</u>

ምቕያር መሓውር፤ ፖሊሲታት ምሕንጻጽ፤ ትካላት ምህናጽ፡፡

<u>ስትራተጂታት መነባብሮ</u>፡-

መነባብሮ ንምዕዋት ዝተፈላለዩን ብብዝሕን ኣማራጺታት ምርካብ፡፡

<u>ውጽኢት መነባብሮ፡-</u>

ወሰኽ እቶት፤ ዝለዓለ ጽቡቕ ሃለዋት (ውልቃዊ ክብሪ፤ ጽቡቕ ኣካላዊ ሃለዋት፤ ፖለቲካዊ ብቕዓት)፤ ምቕናስ ተቓላዕነት ሓደጋ፤ ምዕዋት ውሕስነት መግቢ ፤ ዝተመሓየሸ ዘላቕነት ተፈጥሮኣዊ ከባቢ።

## 3.2. ድኽነት

ድኽነት ማለት ሓደ ሰብ ንቡር ህይወት ክነብር ዘይምኽኣሉ፤ ሃልኪ ኣዝዩ ድሩት ዝኾነሉ ኩነታት እዩ። ካብ ውልቀሰብ ንላዕሊ ድኽነት ድሌታት ሓደ ህዝቢ ዘይማላኣሉ ማሕበራዊ ተርእዮ እዩ። ድኽነት ኣንጻር ምዕባለ እዩ። ድኽነት ዕድል ወይ ትእዛዝ ኣምላኽ ኣይኮነን። ድኽነት ነንሕድሕዶም ዝተኣሳሰሩን ኣብ ነንሕድሕዶም ዝምርኮሱን ስእነታት ዝሓቁፍ እዩ፡-

- ሕጽረት ፍርያት፤ ሃፍቲን እቶትን
- ጥሜትን ሕጽረት መግቢን
- ንሕማም ምቅላዕ
- ትምህርቲ ዘይምህላው
- መሰረታዊ ኣገልግሎታት ዘይምርካብ
- ዘይእኹል ወይ ሕጽረት መንበሪ ገዛ
- ክንክን ዝጎደሎም ተፈጥሮኣዊን ሰብ ዝሰርሖምን ከባቢታት
- ማሕበራዊ ኣድልዎን ተነጽሎን
- ኣብ ውሳነ ምሃብ ተሳትፎ ዘይምህላው

ድኽነት ኣብ ክልተ ይምቀል

- *ፍጹም ድኽነት፡-* መሰረታዊ ድሌታት ደቂ ሰባት (መግቢ፤ ጽሩይ ማይ፤ ጽሬት፤ ጥዕና፤ መጽለሊ፤ ትምህርቲ፤ ሓበሬታ) ዘይምርካብ
- *ኣንጻራዊ ድኽነት*፡- ዘይምዕሩይነት ኣታዊ ወይ ሃልኪ


መስመር ድኽነት

መስመር ድኽነት ትሕቲ ዝተወሰነ መዓልታዊ እቶት ዝረኽቡ ሰባት ኣብ መስርዕ ድኽነት ዝምደቡሉ ዓለምለኸ ቀመር እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ መስመር ዓለምለኻዊ እቶት ንመዓልቲ 2.15 ዶላር እዩ። ማዕልታዊ እቶት ካብዚ ንታሕቲ እንተወሪዱ ድኽነት ይበሃል። እዚ ግን ብዛዕባ

ኩነታት ድኽነት ክህቦ ዝኽእል ሃበሬታ ሓፈሻዊ እምበር ጭቡጥ ደረጃ ድኽነት ዘርኢ ኣይኮነን። እኹል ወይ ትሕቲ እኹል እዩ ዝበሃል መጠን ኣታዊን ሃልኪን ከከም ኣነባብራ ሕብረተሰብን ውልቀሰብን ክፈላለ ይኽእል እዩ።

**መጠን ድኽነት ብምኢታዊ (2020)**

(ዋይዝሾ+ር)




ድኽነት ንምቅላል ዕላማታት ዘላቒ ልምዓት

ድኽነት ቀንዲ ኣጀንዳ ልምዓት ስለዝኾነ ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ምጥፋእ ድኽነት ቁጽሪ ሓደ ዕላማ ገይርዎ እዩ፡-

- ትሕቲ መስመር ንዘሎ ድኽነት ክሳብ 2030 ምጥፋእ።
- ንተቓላዕቲ ዝምጥን ስርዓት ሓለዋ ልዑል ሽፋን ምሃብ።
- ደቂ ኣንስትዮን ድኻታትን ኣብ ቁጠባዊ ፀጋታትን ተበፃሕነት መሰረታዊ ኣገልግሎታትን ማዕረ መሰል ከምዝህልዎም ምግባር፡

- ዋንነትን ቁፅፅርን መሬትን ካልኦት ዓይነት ንብረታትን፣ ቅርስታት፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ግቡእ ሓዱሽ ቴክኖሎጅን ፋይናንሳዊ ኣገልግሎትን (እንተላይ ማይክሮፋይናንስ) ምርግጋጽ።
- ንተቓላዕቲ ዘድልዮም ፅንዓት ምህናፅ፤ ምስ ለውጢ ከባቢ አየር ዝተኣሳሰሩ ጽንኩራት ፍጻመታትን ካልኦት ቁጠባዊ፤ ማሕበራውን ከባብያውን ሓደጋታትን ዘለዎም ምቅላዕኦም ምንካይ፡፡
- ልምዓታዊ ምትሕብባር፤ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ርኡይ ሃፍቲ ምውዳብ፤ ድኽነት ብኹሉ መልክዑ ንምውጋድ ዝሕግዙ ፖሊሲታትን መደባትን ምትግባር፡፡

## ሃፍታማት ንድኽነት ከመይ ከምዝርድእዎ




ካርቱን ስቶክ

## 3.3. ዘይምዕሩይነት

ሱር ጠንቂ ድኽነት ዘይምዕሩይነት ወይ ማዕርነት ዘይምህላዉ እዩ፡፡ ዘይምዕሩይነት ብገንዘብ ክዕቀን ኣብ ዝኽእል ኣታዊን ሃልኪን ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ዓቕሚ፣ ትምህርቲ፣ ዕድል፣ ሓጎስ፣ ጥዕና፣ ዕድመ፤ ከምኡውን ከም ፅቡቕ ምህላው፣ ንብረትን ማሕበራዊ ምንቅስቓስን ዝኣመሰሉ መዳያት ኣለዎ፡፡ ኣብ መንጎ ሃፍታማትን ድኻታትን እናሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ፍልልይ ንብምፅባብ ናይ ሕርሻ ፖሊሲታት ዘጠቓለለ መንግስታዊ ምትእትታው ግቡእ ዝኾነ ናይ ምክፍፋል እቶት ፃዕሪ ክህሉ ትፅቢት ይግበር፡፡ ዘይምዕሩይነት ንምንካይ ዝውሰዱ ስጉምትታት፦

- ሓደ ዓይነት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት ሓደ ዓይነት ግብሪ ክኸፍሉ።
- ዝተፈላለየ ኣታዊ ዘለዎም ሰባት ዝተፈላለየ ግብሪ ይኸፍሉ።
- ድኅማ ነቶም ኣብ ትሑት ደረጃ እቶት ዘለዉ ምዕዳል።
- ናይ ስራሕ ኣልቦነት ሓገዝ፡፡
- ነጻ ወይ ድጎማ ዘለዎ ክንክን ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መንበሪ ኣባይቲ፡፡




***********************************

# ምዕራፍ ፬

## ፖለቲካዊ-ቁጠባ፡- ፖሊሲን ምሕደራን ልምዓት

### 4.1. ፖለቲካዊ-ቁጠባ

ፖለቲካዊ-ቁጠባ (ፖለቲካዊ-ኢኮኖሚ) ማለት ኣብ መንጎ ፖለቲካን ቁጠባን ዘሎ ምትእስሳር ማለት እዩ። ፖለቲካዊ-ቁጠባ ብባህሪኡ ፖለቲካዊ ኣንፈትን ትሕዝቶን ዘለዎም ቁጠባዊ ውሳነታት የመልክት። ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ (መዳርግቲ ኣካላት) ዘለዎም ፖለቲካዊ ኣራኣእያ ነቲ ቁጠባዊ ምርጫታቶም ይጸልዎ። ስልጣን ምስ ዝሕዙ ድማ ነቲ ምርጫታቶም ናብ መሪሕ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ይቕይርዎ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓሰርተታት ዓመታት ፖለቲካዊ-ቁጠባ ማእከል መጽናዕቲ ዕብየትን ምዕባለን ኮይኑ ጸኒሑ። ፖለቲካዊ-ቁጠባ ልምዓት ዝውስኑን ዘመርሑን ፖሊሲታት፤ ትካላዊ መሓውራትን ስርዓታት ምሕደራን ዝሓቖፈ እዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ-ቁጠባ መንግስታዊ ሕግታትን ፖሊሲታትን ንኣማቓቕላን ኣጠቓቕማን ውሱናት ሃፍቲታት ብዝምልከት ንባህሪ ቁጠባዊ ስርዓታት ይጸልዉ። ብግልባጡ ድማ ባህሪ ቁጠባዊ ስርዓታት ኣብ ሕግታትን ፖሊሲታትን መንግስቲ ወሳኒ ተራ ኣለዎም። ፖለቲካዊ-ቁጠባ መንግስታት ንምንታይ ንልምዓት ዝዕንቅፍ ፖሊሲታት ይጥቀሙ ዝብል ሕቶ ይሓትት። ስለምንታይ እየን ብቕዓት ዘይብለን ትካላት ዝህነጻ? ብተወሳኺ ድማ ገለ ሃገራት ንምንታይ ካብ ካልኦት ብቑጠባ ዝሓሸ ደረጃ ከምዘለዋ ይምርምር፡፡ ስነ-ሓሳባት፤ ባህላዊ ክብርታትን ሃይማኖታትን ንቁጠባዊ ምትእስሳር ብኸመይ ከም ዝቐርጽዎ ይትንትን፡፡

### 4.2. ፖሊሲ-ልምዓት

ፖሊሲ-ልምዓት ማለት ምስ ልምዓት ዝተኣሳሰሩ ፀገማት ንምፍታሕ ዝዓለሙ ፖሊሲታት ምሕናፅን ምትግባርን ማለት እዩ።

4.2.1. መግለጺታት ፖሊሲ

- <u>ክትዓት ፖሊሲ</u>፦

ኣብ ምሕንጻጽን ምትግባርን ፖሊሲ ቁልፊ ተራ ዝጻወቱ ክብርታትን ስነ-ሓሳባትን ኣለዉ። ምስ ልምዓት ዝተዛመዱ ጸገማት ምልላይን መፍትሒ ምሃብን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ተሞክሮኣዊ ወይ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት ዝተመርኮሰ ኣይኮነን። ብቑንዱ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ማሕበራዊ ጉጅለታት፣ ንግዳዊ ውዳበታት፤ ዓለም ለኸ ትካላት፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት እቶም ፀገማት እንታይ ምዃኖምን መፍትሒኦም እንታይ ክኸውን ከምዝኽእልን ነናይ ባዕሎም ረይቶ ኣለዎም። ነዚ እዩ ድማ መስርሕ ምውጻእ ፖሊሲ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክብርታትን ስነ-ሓሳባትን ዝካየድ ክትዕን ምይይጥን ዝኸውን።

- <u>ዲስኩራት ፖሊሲ</u> ፦

ኣብ መስርሕ ምውጻእ ፖሊሲ ዝህልዉ ክትዓት ነናይ ባዕሎም መበገሲን ድሕረ ባይታን ኣለዎም፡፡ ዲስኩር ፖሊሲ ናይ ልምዓት ጸገማት ንምፍታሕ ዘድልዩ ዓውድታትን ማዕቀፋትን ዝግለጹሉ ሓተታ እዩ። ንኣብነት፦ “ምንጪ ድኽነት ጽልኣት ስራሕ እዩ” ዝብል መበገሲ ሓሳብ ተቐባልነት እንተረኺቡ ናይ ድኽነት ጸገም ክፍታሕ ዝኽእል ለውጢ ባህሊ ክግበር ዝመክርን ፍቕሪ ስራሕ ዝምህርን ፖሊሲ ምሕንጻጽን እዩ። ብኻልእ ገጽ ድማ ጸገም ድኽነት ካብ ስንፍና ዝተበገሰ ዘይኮነስ ምዝመዛ ግዳማዊ ዓለም ዘስዐቦ ምዃኑ ዝገልጽ ስነ-ሞጎት ክህሉ ይኽእል፡፡ እዚ መበገሲ ሓሳብ ተቐባልነት ተረኺቡ ዝቐረጹ ፖሊሲታት ኣብ ንግዲ ወጻኢ ዘማእከሉ ይኾኑ ማለት እዩ፡፡

- <u>መርበባት ፖሊሲ</u>፦

መርበብ ፖሊሲ ማለት ፖሊሲታት ልምዓት ብኸመይ ክሕንጸጹ ከምዘለዎም ነናይ ባዕሎም ጸቕጢታት ዝገብሩ ተመሳሳሊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ጉጅለታት እዮም ።

● <u>ሃዋህው ፖሊሲ</u>፡-
ሃዋህው ፖሊሲ ማለት ኣብ መሰርሕ ምሕንጻጽ ፖሊሲ ንጸገማት ልምዓት ንምፍታሕ ብዙሓት ኣማራጺታት ናይምህላዎም ተኽእሎ ከምዘሎ ዘመልክት እዩ፡፡ ይኹን እምበር ከምዚ ዝኣመሰለ ዕድል ወይ ካኣ ካብ ብዙሓት ኣማራጺታት ናይ ምምራጽ ናጽነት ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን። ኣማራጺታት ኣብ ኢድ እቶም ነቲ ፖለቲካን ቁጠባን ዝዕብልሉ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን እዮም፡፡ ካልኦት ዝሓሹ መፍትሒታት ክህልዉ ይኽእሉ እኳ እንተኾኑ ናይቶም ሓያላት ኣረኣእያ ጥራይ ብዘንጻባርቕ ናይ ፖሊሲ ዲስኩር ክሕነቑ ይኽእሉ። ናይዚ ሳዕቤን ግሁድ እዩ፤ ፖሊሲታት ኣብ ዝተወሰነ ራእይ (ፖለቲካውን ሃይማኖታውን) ዝተሰረቱ ይኾኑ፡፡

● <u>ሳይንስን ቴክኖሎጂን ፖሊሲ</u>፡-
ብዙሓት ናይ ፖሊሲ ዲስኩራትን ስነ-ሓሳባትን ውልቃዊ ወይ ጉጅላዊ ኣረኣእያታት ኮይኖም እናሃለዉ ኣብ ሳይንሳዊ ምርምር ዝተደረኹ ኣምሲልካ ምቕራብ ልሙድ እዩ፡፡ ብስታቲስቲካዊ ሞዴላት እናደገፉ ውጽኢት ሳይንሳዊ ፈተነታት ኣምሲሎም ክቐርቡ ይፍትኑ።

4.2.2. ተዋሳእቲ ፖሊሲ ልምዓት

● <u>መንግስቲ</u>፦
ምሕንጻጽ ፖሊሲን ሕግን፤ ምቛም ትካላት፤ ምቕራብ ሃፍቲ፤ ንዕዳጋታትን ማሕበረሰባትን ምሕጋዝ፤ ክንክንን ምክልኻልን ተፈጥሮኣዊ ከባቢን ዝተጎድኡ ኣካላትን፤ ኣብ መንጎ ሃፍታማትን ድኻታትን ዘሎ ክፍተት ምጽባብ፤ ንኹሉ ምሕቛፍ፤ ብዙሕነት ምትእንጋድ፤ ሓድነት ምስባኽ፡፡

● <u>ውልቀ-ዘፈር</u>፦ ሞተር ሕብረተሰብ፤ ምህላው ፋይናንስን ቴክኖሎጅን

● <u>ዘይመንግስታዊ ትካላት</u> (ኤንጂኦ)፦ ንቀንዲ ተዋሳእቲ ፖሊሲ ልምዓት ናብ ሓደ ምምፃእ፤ መንግስቲ ክመልኦ ዘይከኣለ ክፍተት ምምላእ፡፡

**ዘይመንግስታዊ ትካላት:- ዘይምቅዳው ዕላማታት**

- ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርከቡ መንግስቲታት ብሓገዝ ግብረ-ሰናይ ማሕበራት ወጻኢታቶም ክቕንሱ እኳ እንተኸኣሉ ነቶም ንመንግስቶም ዝፈታተኑ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ግን ዓቕሊ የብሎምን።
- ብዙሓት ትካላት ግብረ-ሰናይ ምስ ድሌታት መንግስቲታተንን ኮርፖሬሽናታተንን ተኣሳሲረን ኣይሰርሓን። ንመንግስቲታተንን ንኮርፖሬሽናትንን ኣህጉራዊ ሕግን ሰብኣዊ መሰላትን ብምጥሓስ ይነቕፎኦም።
- ብግልባጡ ድማ እተን ትካላት ግብረ-ሰናይ ዝመጻሎም መንግስቲታት (ብፍላይ ኣመሪካ) ነተን ትካላት ግብረ-ሰናይ ብዕንቅፋትነት ይኸስወን። እተን ግብረ-ሰናይ ትካላት ኣብ ፖለቲካ ክኣትዋ የብለንን ይብሉወን።
- ኣሜሪካን ካልኦት ዝማዕበላ መንግስቲታትን ምስ ትካላት ግብረ-ሰናይ ብምትሕብባር ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኒዮ-ሊበራሊዝም የስፋሕፍሓ።
- ዘይመንግስታውያን ትካላት መትከላት ዕዳጋ-ቁጠባ ክሕልዋ ትጽቢት ይግበረለን። መንግስቲ ኣሜሪካ ዘይመንግስታዊ ትካላት ንመንግስቲ ዋሽንግተን ክቃወማ ኣይክእላን ጥራይ ዘይኮነስ ብጭቡጥ የማናይ ኢድ ክኾና ኣለወን ትብል፡፡
- ብዙሓት ዘይመንግስታዊ ትካላት ንጥፈታት ሚስዮናውያን ናይ ዘበን ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምድጋም ይንቀፉ ኣለዋ።
- ገንዘብ ዘይመንግስታዊ ትካላት መብዛሕትኡ ንደሞዝን ኣገልግሎት ሰራሕተኛታትን (ኣባይቲ፣ መጓዓዝያ) ስለዝኸፈል ናብቲ ተጠቃሚ ህዝቢ ዝበጽሕ ውሑድ እዩ።
- ሓገዝ ለገስቲ እቶም ተቐበልቲ ሓገዝ ዓርሶም ንምኻኣል ኣይሕግዞምን፡፡ ተቐበልቲ ሓገዝ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ኩልሻዕ እዩ ዝንገሮም፡፡ ጽግዕተኝነት ይቕጽል፤ እቶም ለገስቲውን ይቕጽሉ፡፡




4.2.3. ቅደም-ሰዓብ መስርሕ ፖሊሲ ልምዓት

<u>ህንፀት ኣጀንዳ</u>፡-

- መንግስታዊ ቆላሕታ ዘድልዮም ፀገማት ምልላይ ንኣብነት፡-
    - ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር
    - ሕፀረት ማይ
    - ምቁርራፅ ሓይሊ ኤሌክትሪክ
    - ውሕስነት መግቢ
    - ጎንፅታት
- እቲ ፀገም ብውፅኢት መፅናዕቲ እዩ ዝልለ፡፡
- ብህዝባዊ ተቓውሞን መራኸቢ ብዙሃንንውን ክቃላዕ ይኽእል።
- ❖ ፀገማት ምልላይ ናይ ምድንጓይ ጸገም ኣለዎ፡- ሓደጋ ኣጋጢሙ ሰባት ክሳብ ዝጉዱኡ፡፡

<u>ምሕንጻጽ መፍትሒ</u>፡-

- ብዝተኻእለ መጠን ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ፍታሕ ኣብ ግምት ምእታው።

- መዐቀኒታት ተጠቒምካ ናይ ነፍሲ ወከፍ መፍትሒ ኣማራፂ ፅቡቕነት ምግምጋም፡-
    - ምስ ክኢላታት ምሁራዊ ክትዕ ምክያድ
    - ምስ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዘለዉ መዳርግቲ ኣካላት ዘተ
- መርበባት ፖሊሲ ብናይ ፖሊሲ ክትዓት ጽልዋ የሕድሩ።

<u>ምጽዳቕ ዝተሓረየ ኣማራጺ</u>፡-

- እቲ ዝተመርጸ ፍታሕ ከም ወግዓዊ ሰነድ ፖሊሲ ተቐሪጹ ንድምጺ ናብ ሓጋጊ ኣካል ይቐርብ።
- ኣብዚ ደረጃ እዚ እውን እንተኾነ መርበባት ፖሊሲ ርኡይ ጽልዋ የሕድሩ።
- ሓደ ሰልፊ ጥራይ ዘለዎ ባይቶ እንተኾይኑ ኣብ ፖሊሲ ምጽዳቕ ናይቱ ሰልፊ ኣራአእያ ይዕብልል።

<u>ዝፀደቐ ፖሊሲ ምትግባር</u>፡-

- ዘተኣማምኑ መሳርሒታት ፖሊሲ ምምራፅ፡፡
- ብሓድሽ ወይ ብዝተመሓየሸ መንገዲ ፈፀምቲ ትካላት ምህናፅ፡፡
- ፖሊሲ ምትግባር፡፡

<u>ክትትልን ገምጋምን ኣፈፃፅማ ፖሊሲ</u>፡-

- *ክትትል*- ኣብ ከይዲ ኣተገባብራ ፖሊሲ
- *ገምጋም*- ድሕሪ ምዝዛም ኣተገባብራ ፖሊሲ

<u>ግብረ መልሲ ኣፈፃፅማ ፖሊሲ</u>፡-

- ካብ ገምጋም ዝተረኽበ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር ሓንፀፅቲ ፖሊሲ ነቲ ፖሊሲ ይቕጽልዎ፤ የማሓይሹዎ፤ ይስሕብዎ፡፡

4.2.4. መተግበሪ መሳርሒታት

<u>ቴክኒካዊ መሳርሒታት</u>፡-

- ንናይ ውሽጢ ዓዲ ባህልን ተፈጥሮኣዊ ሃፍቲን ዝምችኡ ናይ ወፃኢ ቴክኖሎጂታት ምትእትታው፡፡
- ዝተመሓየሹ ናይ ደቀባት ባህላዊ ቴክኖሎጂታት ምጥቃም፡፡
- ትሑት ዋጋ ዘለዎም ቴክኖሎጂታት ምፍላጥ፡፡
- ክእለት ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂታት ምዕባይ።

<u>ቁጠባዊ መሳርሒታት</u>፡-

- ኣወንታዊ ስጉምትታት ምውሳድ፤ ንኣብነት፡-
  - ምቕናስ ግብሪ
  - ድጎማ ንውልቀሰባትን ንጉጅለታትን
  - ልቓሕ
  - ድጎማ ዕዳጋ
- መቕጻዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣሉታዊ ተግባራት

<u>መሳርሒታት ምሕደራ</u>፡-

- ምውጻእ መምርሒ
- ሓበሬታ ምሃብ
- ኣብ መደባት ኣገልግሎት ኤክስቴንሽን ምስታፍ
- ናይ ከባቢ ኣካየድቲ ኣብ ፖሊሲን ኣተገባብራን እኹል ፍልጠትን ክእለትን ክህልዎም ምግባር
- ልምዓታዊ መደባትን ፕሮጀክትታትን ምሕንጻጽ
- ህዝቢ ዘሳትፍ ኣመራርሓ ምምዳብ

መሳርሒታት ሕጊ፡-

- ንኣተገባብራ ፖሊሲታት ንምምችቻው ሕግታትን ስርዓታትን ምሕንጻጽ።
- እዚ ድማ ኣተገባብራ ፖሊሲታት ሕጋዊ መሰረት ንኽህልዎ ይሕግዝ፡፡
    - ሕግታትን ስርዓታትን ፋይናንሳዊ ወፃኢታት
    - ዕድጊት ንብረት
    - ሰራሕተኛታት ክቑጻሩን ክባርሩን ዘኽእል

መሳርሒታት ቁፅፅር፡-

- ደረጃ ፅሬት ምቕማጥ
- ፍቓድ ስራሕ ምሃብ፤ ምሕዳስን ምኽልካልን
- መሰላትን ገደባትን ኣጠቓቕማ ምውሳን

4.2.5. መተግበሪ ትካላት

ትካላት፡-

- ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ፖለቲካዊ፤ ማሕበራውን ቁጠባውን ተግባራትን ምትእስሳርን ይሃንጻ።
- ንምርጫታት ምትብባዕ ዝፈጥሩ፣ ዝድርቱን ዝፈቕዱን ሕግታት ይድንግጋ።

ውዳበታት፡-

- ኣባላት ውዳበ ብመሰረት መዐቀኒታት ዝምልመሉን ሓላፍነትን ተልእኾን ዘለዎም እዮም።
- ምሕንጻጽ ዶብ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ኣብ ትካላት ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፤ ፖለቲካዊ ኣቃውማ፤ ፋይናንሳዊን ቴክኒካዊን ዓቕሚ ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ።

- ኣብ መንጎ ትካላት ዝፍጠር ዶብ ናይ ምሕንፃፅ ፀገማት፡-
  - ንጌጋ ትካል ግጉይ ሓላፍነት ምምዳብ
  - ዘይምዕሩይ ሓላፍነትን ናይ ተግባር ዓቕምን'
  - ኣብ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ክፍተት ወይ ምድብላቕ

4.2.6. ገምጋም ኣፈፃፅማ ፖሊሲ

<u>ትሕዝቶ ፖሊሲ</u>፡-

- ዕላማታትን ብኸመይ ተገሊጾም?
- ተጠቀምቲ እቲ ፖሊሲ መን እዮም?
- ፀገም ዝፈትሑ ስትራተጂታት ኣማራርጻ ግቡእነት
- ስፍሓት ተሳትፎ መዳርግቲ ኣካላት
- ምምራፅ ኣገባባት ክትትልን ገምጋምን
- ሰነድ ፖሊሲ ዝተፅሓፈሉ ቋንቋ ብማሕበረሰባት ዝፍለጥ ድዩ?
- ትሕዝቶ እቲ ፖሊሲ ንፈፀምቲ ስራሕን ተጠቀምትን ርዱእ ድዩ?

<u>ዓውዲ ፖሊሲ</u>፡-

- ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ከባብያውን ፖለቲካውን ዓውድታት
- ካልኦት ተዛመድቲ ፖሊሲታት እንታይነትን ኣታጋባብራን
- ብድሆታትን ዕድላትን
- ዓለምለኻዊ፣ ሃገራዊ፣ ዞባዊ ጂኦግራፊ
- ንትግባረ ዝምችዉን ዝሕግዙን መሓውራት መንግስቲ
- ኣብ ቁጠባ፤ ኣብ ከባብን ማሕበራዊ ስርዓታትን ዝመጸ ለውጢ

## ኣመራርሓ/ምሕደራ ፖሊሲ

ለገስቲን ዓለምለኻውያን ፋይናንሳዊ ትካላትን ቅድሚ ሓገዝን ልቓሕን ምሃቦም ንኣተገባብራ ፖሊሲ ልምዓት ኣብ ምሕደራ ምምሕያሽ ወሳኒ ቅድመ ኩነት ይገብርዎ። ምሕደራ ውሳነ ኣዋሃህባ ማለት እዩ፡፡ ኣብዚ ወሳኒ ዝኸውን እቲ ውሳነ ዝተደረኸሉ መበገሲ እዩ፤ ንኣብነት፡- ምሕደራ ማይ ትኹረት ዝህቦ ንከባቢዶ ንኽሰቢ? ማይ ዝቑጥቡ ቴክኖሎጂታት (ነጠብጣብ፤ ማይ ዝናብ፤ ማይ ዳግማይ ምጥቃም፤ ውሑድ ማይ ዝሓትት ኣእኻል ምብቋል)። እዚኦም ቴክኖሎጂታት ንከባቢን ንኽሰቢን ማዕረ ይጠቕሙ፡፡ ነየናይ ከምዝመርጹ ዝውሰን ግን ከከም ናይ ምሕደራ ዕላማ እዩ፡፡ ኣብ ቁጠባዊ ዕላማ በዘን ቴክኖሎጂታት ወጻኢ ብምንካይ ዚያዳ ክስቢ ይርከቦ፡፡ ብከባቢያዊ ዕላማ ዝምራሕ ምሕደራ ግን እዘን ቴክኖሎጂታት ዘምጸኦኦ ክስቢ ብዘይግድስ ንከባቢን ነቲ ውጹዕ ክፋል ሕብረተሰብን ውሑስን ሕሳርን ፍልፍላት ቀረብ ማይ ምርካቡ ከም ኣገዳሲ ናይ ልምዓት ፖሊሲ ገይሩ ይወስዶ፡፡

- ተወፋይነት መራሕቲ
- ኣብ መንጎ ኣመራርሓ ዝግበር ስምምዕ
- ውፅኢታዊነት ምውህሃድን ምትሕብባርን
- ጥምረት ሓንፀፅትን ኣተግበርትን ፖሊሲ

ምትእስሳር ግዱሳት ኣካላት

- ንመዳርግቲ ኣካላት ጽልዋ ናይ ምግባር ዓቕሚ
- ዓይነታት፤ ደረጃ ፍልጠትን ክእለትን መዳርግቲ ኣካላት

ውጥን ምውጻእ

- ምውህሃድ ሃፍቲ (ሰብኣዊ፣ ንዋታዊ፣ ፋይናንሳዊ፣ ቴክኖሎጂካዊ)
- መምርሒ ምውጻእ፤ ግቡእ ምደባ ሓላፍነትን ምምቕራሕ ባጀትን
- ምምዕባል ስርዓታት ክትትልን ገምጋምን
- ሓደሽቲ ትካላት ምፍጣርን ነተን ዝኣረጋ ምምሕያሽን
- ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታት ምትእትታውን ክእለታት ምጥራይን
- ምስ ለውጢ ናይ ምትዕጽጻፍ ተወፋይነት

# ምዕራፍ ፭

## ልምዓት ዘፈር፤ ልምዓት ስግር-ዘፈር፤ ልምዓት ጂኦግራፊ

### 5.1. መእተዊ

ልምዓት ብሓፈሻ ኣይፍፀምን፡፡ ዝጭበጡ ዘፈራዊ፤ ስግር-ዘፈራዊ፤ ጂኦግራፊያዊ ዓውዲታትን መግለጺታትን ኣለዉዎ፡- ዘፈራዊ (ልምዓት ጥዕና፤ ልምዓት ትምህርቲ፤ ልምዓት ሕርሻ፣ ልምዓት ማይ፣ ልምዓት ኢንዱስትሪ፤ ልምዓት ቱሪዝም፤ ልምዓት ትሕቲ-ቅርፂ፣ ልምዓት ዘፈር ኣገልግሎት)፤ ስግር-ዘፈር (ከባብን ልምዓትን፣ ህዝብን ልምዓትን፣ ፆታን ልምዓትን፣ ልምዓትን ውሕስና መግብን፣ ሓደጋን ልምዓትን)፤ ጂኦግራፍያዊ (ልምዓት ገጠር፡ ዞባዊ ልምዓት፡ ልምዓት ከተማ)።

### 5.2. ልምዓት ዘፈር

<u>ልምዓትን ጥዕናን</u>

ምምሕያሽ ጥዕና ሓደ ካብተን ቀንዲ ረብሓታት ልምዓት እዩ። እዚ ረብሓ ካብ ወሰኽ እቶትን ካብ ሳይንሳዊ ምዕባለን ይርከብ፡፡ ጥዕና ድማ ብወገኑ ኣብ ልምዓት ዓቢ ጽልዋ ኣልዎ፡፡ ምርግጋጽ ጥዕና ድኽነት ንምጥፋእ ንዝግበሩ ጻዕርታትን ዘላቒ ልምዓት ንምዕዋትን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ጽቡቕ ጥዕና ሰባት ምሉእ ስብእና ክህልዎም፣ ቆልዑ ብዝበለጸ ክመሃሩ፣ ሰራሕተኛታት ዝያዳ ኣፍረይቲ ክኾኑን ወለዲ ደቆም ብዝበለጸ ክከናኸኑን የኽእሎም። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ጥዕና ሰብኣዊ መሰል እዩ፡፡ እዚ ድማ መዐቀኒ ልምዓት እዩ፡፡

<u>ልምዓትን ትምህርቲ</u>

ዓወታት ልምዓት ኣብ ፍልጠትን ክእለትን ዝተመስረቱ እዮም፡፡ ብግልባጡ ድማ ልምዓት ፍልጠትን ክእለትን የዕቢ። ትምህርቲ ንልምዓት እኹል ዓቕሚ ሰብ ይህቦ። ንልምዓት ዘብቅዕ እንታይ ዓይነት ዓቕሚ ሰብ ክቐርብ ይግባእ ዝብል ሕቶ ምልዓል ወሳኒ እዩ። ብሰንኪ ዝተፈላለየ ደረጃ ምዕባለን ባህላዊ

ኩነታትን ዘይማዕበላ ሃገራት ምስዘን ሃፍታማት ሃገራት ሓደ ዓይነት ዓቕሚ ሰብ ክህልወን ኣይምከርን። ዝዓበየ ዓቕሚ ሰብ ማለት ፍልጠትን ክእለትን መካናይዝድ ሕርሻ ከይኮነስ ድርቂ ዝፃወር ግቡእ ቴክኖሎጂን ኣሰራርሓን ንኣብ ትሑት ብርኪ መፍረያይነት ዘለዉ ሓረስቶት ምትእትታው ይምረጽ። ምሁራት ዘይማዕበላ ሃገራት ኣሜሪካን ኣውሮፓን ንትምህርቲ ተላኢኾም ፍልጠት ላዕለዎት ቴክኖሎጂታት ቀሲሞምን ተመኩሮታት ተዓዚቦምን ይምለሱሞ ነቲ ዝተምሃሩዎ ኣብ ግብሪ ንምውዓል እንትፍትኑ የባላሹዉ።

| ደረጃ ጥዕና | | | | ደረጃ ትምህርቲ | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| **ደረጃ** | **ሃገር** | **ደረጃ** | **ሃገር** | **ደረጃ** | **ሃገር** | **ደረጃ** | **ሃገር** |
| 1 | ሲንጋፖር | 8 | ኣይስላንድ | 1 | ብሪጣንያ | 8 | ካናዳ |
| 2 | ጃፓን | 9 | ሽወደን | 2 | ኣመሪካ | 9 | ጀርመን |
| 3 | ደቡብ ኮርያ | 10 | ስዋዚላንድ | 3 | ኣውስትራልያ | 10 | ስዊዘርላንድ |
| 4 | ታይዋን | 11 | ሆላንድ | 4 | ሆላንድ | 11 | ጃፓን |
| 5 | እስራኤል | 12 | ሉክሱምበርግ | 5 | ሽወደን | 12 | እስራኤል |
| 6 | ቻይና | 13 | ጀርመን | 6 | ፈረንሳ | 13 | ፊንላንድ |
| 7 | ኖርወይ | 14 | ሆንግ ኮንግ | 7 | ዴንማርክ | 14 | ታይዋን |

* ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ኩነታት ጥዕናን ትምህርቲን ዘላዋ ሃገራት ዝማዕበላ እየን

## <u>ልምዓት ሕርሻ</u>

ናይ ሰማንያ ሚኢታዊ ድኻ ህዝቢ መነባብሮ ሕርሻ መሰረት ዝገበረ እዩ። ስለዚ ብልምዓት ድኽነት ንምቅላል ዝግበር ፃዕሪ ኣብ ምምሕያሽ ሕርሻ ትኹረት ክገብር ይግባእ። ዕላማ ሕቡራት ሃገራት ንዘላቒ ምፍራይ መግቢ፡-

- ኣፍራይነትን ምህርትን ምውሳኽ
- ስነ-ህይወት ምክልኻል
- ለውጢ ኣየር፤ ድርቂ፣ ውሕጅን ካልኦትን ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ምሕያል

### ልምዓት ትሕቲ-ቅርፂ

ኣብ ፍትሓዊ ተበፃሕነት ትኹረት ብምግባር ፅሬት ዘለዎ፣ ዘተኣማምን፣ ዘላቒ ተፃዋርነትን ዘለዎ ትሕቲ-ቅርፂ ምምዕባል።

### ልምዓት ኢንዱስትሪ

ኢንዱስትሪ ምስ ሃገራዊ ኩነታት ብምትእስሳር ብጽሒቱ ምዕባይ፡፡ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ንዝርከባ ኣናእሽቱ ኢንዱስትሪታት ብተመጣጣኒ ወለድ ልቓሕ ምሃብ ሓዊሱ ኣብ ሰንሰለት እሴታትን ዕዳጋታትን ንኽጽንበራ ዘኽእለን ተበጻሕነት ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት ምዕባይ። ኣብ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብቕዓት ንምዕባይ ንከባቢ ዝምችኡ ቴክኖሎጂታት ምጥቃም።

### ልምዓት ዘፈር ኣገልግሎት

ዘፈር ኣገልግሎት ኣብ እቶት፣ ኣፍራይነት፣ ዕድላት ስራሕ፣ ኢንቨስትመንትን ሓፈሻዊ ዕብየትን ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ። ኣገልግሎት ኣብ መንጎ ቁጠባዊ ዘፈራት ዘሎ ኣገዳሲ ናይ ድሕሪትን ናይ ቕድሚትን ምትእስሳር የሐይል።


ኢኮቱሪዝም ዎርልድ

### ቱሪዝምን ልምዓትን

ቱሪዝም ሓደ ካብቶም ዝዓበዩን ብቕልጡፍ ዝዓብዩ ዘለዉን ቁጠባዊ ዓውድታት እዩ። ቱሪዝም ብዓለምለኻዊ ደረጃ ንግዲ፤ ስራሕ ምፍጣር፤ ኣብ ምህርትን እቶትን ኣወንታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ቱሪዝም ቁፅፅር ምስ ዘይግበረሉ ናይ ባዕሉ ሃለዋት ዝፋታተኑ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ከባቢን ባህላዊ ክብርታትን ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ዘላቕነት ቱሪዝም ጉድኣት የብጽሕ፡፡ ናይዚ መፍትሒ ክኸውን ዝኽእልን ዓለም-ለኸ ተቐባልነት ናረኸበ ዝመጸን ኢኮቱሪዝም ዝባሃል ተፈጥሮኣዊ ከባቢ ዘማእከለን

ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረን ልምዓት ቱሪዝም እዩ። እዚ ሓድሽ ንኡስ ዓውዲ "ብሓደ እምኒ ክልተ ኣዕዋፍ ንምቕታል" ይሕግዝ፦ ኽንክን ከባቢን ቁጠባዊ ረብሓን ማሕበረሰባት፡፡

<u>ማይን ልምዓትን</u>

ሰብዓ ሚኢታዊ ገጽ-ምድሪ ብማይ ዝተሸፈነ እዩ። ኮይኑ ግን ማይ ምቕዳሕን ምጥቃምን ደረት ኣልቦ እዩ ማለት ኣይኮነን፡፡ ካብ ጠቕላላ ሃፍቲ ማይ እቲ 97 ሚኢታዊ ጨው ዝበዝሖ ስለዝኾነ ብቐጥታ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዘይክእል እዩ፡፡ እቲ ዝተረፈ 3 ሚኢታዊ ጨው ዘይብሉን ሰባት ንመስተ ይኹን ንካልኦት (ሕርሻ፤ ኢንዱስትሪ፤ መንበሪ ገዛ) ኣገልግሎታት ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚውን ምስ ዋሕዱ ናይ ተበጻሕነት ጸገም ኣለዎ፡፡ ካብቲ 3 ሚኢታዊ ሰለስተ-ርብዑ ብቐሊሉ ክቕዳሕ ኣብዘይክእለሉ ኩነታት ብመልክዕ በረድን ኣብ ትሕቲ መሬትን ይርከብ፡፡ ንመብዛሕትኡ ህዝቢ ዓለም ኣብ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ማይ ንምውጻእን ንምጽራይን ዘድሊ ቴክኖሎጅን ወጻኢታትን ልዕሊ ዓቕሙ እዩ። ማይ ንጽቡቕ ሂወት ደቂ ሰባትን ንጥዕና ስነ-ህይወትን መሰረታዊ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ዝኾነ ይኹን ልምዓታዊ ፃዕሪ ቀዳምነት ዝወሃቦ። ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ናይ ዓለምና ስራሕ ኣብ ማይ እዩ ዝምርኮስ (70 ሚኢታዊ ንሕርሻ፤ 20 ሚኢታዊ ድማ ንኢንዱስትሪን ጸዓትን)።

ኣብ መላእ ዓለም ብኣማኢት ሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ብሕጽረት ጽሩይ ማይ ይሳቐዩ ኣለዉ። እዚ ንዘላቒ ልምዓት ዓብዪ ብድሆ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ መዓልታዊ ካብ ርሑቕ ምንጭታት ማይ ንምምጻእ ሰዓታት ስለዘሕልፉ ፍርቂ ህዝቢ ዓለም ከይማዕበለ ይተርፍ ኣሎ። ብማይ ዝመሓላለፉ ሕማማት ብዙሕ ናይ ትምህርቲ መዓልታት የባኽኑ፤ ናይ ጥዕና ወጻኢታትውን ይውስኹ ኣፍራይነት ይቕንሱ። ወርልድ ቪዝን ከምዝጸብጸቦ 703 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ፅሩይ ማይ ኣይረክብን፤ ደቂ ኣንስትዮ መዓልታዊ 200 ሚልዮን ሰዓታት ማይ ተሰኪመን የሕልፋ፤ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 1000 ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ዝመጹ ሕማማት ይሞቱ፡፡

ምሕደራ ልምዓት ሃፍቲ ማይ ፍልልያት ሓሳብ ዝውርሶ እዩ። ብዓለም ደረጃ እቲ ዓብላሊ ኣገባብ ምሕደራ ማይ "ምሕደራ ቀረብ" ይበሃል። እዚ ብመሃንድሳት ማይ ዝምራሕ ኣገባብ ምሕደራ ማይ ቀረብ ማይ ምስ ጠለብ ማይ ማዕረ ንምግባር ዝግበር ጽዕሪ እዩ፡፡ በዚ አገባብ ምሕደራ ማይ እዚ ጠለብ ማይ ብዘይ ሕቶ ብቀረብ ማይ ይማላእ ማለት እዩ፡፡ እዚ ግን ዘላቕነት ዘይብሉ እዩ፡፡ ሕዝቢ ዓለም ቑጽሩ እናንሃረ ብምኻዱ እታ ውስንቲ መጠን ዘለዋ ሃፍቲ ማይ ዓለምና ናይ ኩሉ ህዝቢ ድልየት ክተማልእ ኣይከኣለትን፡፡ አዚ ማለት ጠለብን ቀረብን ማይ ክማጣጠኑ አይከኣሉን ጥራይ ከይኮነ ፍልልዮም ኣዝዩ እናገፍሐ መጺኡ እዩ፡፡ እታ ዝወሓደት ሃፍቲ ማይ ኩሎም ይማናጠሉዋ፡ ዝዕወቱ ግን ናይ ገንዘብን ፖለቲካን ጭዋዳ ዘለዎም እዮም፡፡




ምድርና ሃፍቲ ማይ ወዲኣን ኣርሲሓን ከም እኒ ማርስ ህይወት ዘይብላ ፕላኔት ናይ ምኳን ተኽእሎ ኣለዋ ዝብል መጠንቀቕታ ካብ ዘስምብዶም ሸለል ዝብልዎ ይበዝሑ፡፡ ማይ ከም ድላይናን ክንዲ ድላይናን ክንጥቀመሉ ኣምላኽ ዝሃበና ስለዝኾነ እቲ ጸገም ካብ ዓቕን ንላዕሊ ተጋኒኑ ክቐርብ ኣይግባእን ኢሎም ብምእማን ተዘናጊዖም ዘዛናግዑ ቁጽሮም ማእለያ የብሉን፡ ነዚ ድማ እዩ ዕቀባ ማይን ብኽነት ዘይብሉ ኣጣቓቕማ ሃፍቲ ማይን ትኹረት ዘይዋሃቦ፡፡ ማይ ምብኻን መቕጻዕቲ የብሉን;፤ ሃፍቲ ማይ ምርሳሕውን ከማኡ፡፡ ብውሱን ደረጃ ይኹን እምበር ኣብ ምሕደራ ሃፍቲ ማይ ስግኣት ካአቱ ጀሚሩ ኣሎ፤ ካብ ድቃስ ብስንባደ ናይ ምብርባር ኩነታት፡፡ ዘቃላቕል ዘሎ ሻቕሎት ዋሕዲ ማይ ግን ካብ ምሁራት ሃፍቲ ማይን ዓለም ለኸ

ትካላትን ሓሊፉ ናብቲ ዝምልከቶ ሓፋሽ ተጠቃሚ ሃፍቲ ማይ ኣይሰገረን፡፡ ካብ ማእለያ ዘይብሎም ኣህጉራዊ ዋዕላታት ተጽሚዶም ዘለዉ ተመራመርቲን ኣማሓደርቲን ሃፍቲ ማይ ውጻኢታት ናይተን ዋዕላታት ናብ ህዝቢ ኣብጺሖም ንተግባራዊነት ክራባረቡ ትጽቢት ይግበር፡፡




ምቁጽጻር ኣጠቓቕማ ሃብቲ ማይ ናይ ግድን እናኾነ ምስ መጸ ጎኒ ንጎኒ ምስቱ ዓብላሊ "ምሕደራ ቀረብ" ቁጠባዊ ኣገባባት ዝጥቀም "ምሕደራ ጠለብ" ምትእትታው ካብዝጅምር ሒደት ዓሰርተታት ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ፡፡ ምሕደራ ጠለብ ማይ ንምቑጣብ ዝውዕል ቀፃሪ ዝተክል፤ ከከም ኣጠቓቕማኡን ኣቀማምጣኡን ማይ ምውጻእን ምጥቃምን ዝፈቅድን ዝኽልክልን፤ ከከም ኣጠቓቕማኡን ኣቀማምጣኡን ግብሪ ማይ ዝውስኽን ዘውሕድን፤ ከማኡውን ማይ ብታራ ዝዕድልን ሜላ እዩ። ምሕደራ ጠለብ ብዙሕ ለውጢ ከምጽእ እንተኻኣለኳ ክንድቲ ዝድለ ዓወት ኣየመዝገበን፡፡ ሰብ ንሃፍቲ ማይ ዘለዎ ኣራኣእያ ተዘይተቐይሩ ቑጽጽርን መቕጽዕቲን መሰረታዊ ባህሪ ኣጠቓቕማ ማይ ከማሓይሾ ኣይኽእልን፡፡

ነዝ ሓቂ መሰረት ብምግባር ምሕደራ ሃፍቲ ማይ መበቆሉ ካናዳ ዝገበረሞ ብሊቃውንቲ ፓሲፊክ ኢንስቲቱት ዝተማህዘ ሓዱሽ ፓራዳይም ምሕደራ ማይ ክፋለጥ ጸኒሑ፡፡ "ልስሉስ ጎዳና" (ሶፍት ፓዝ) ይበሃል እቲ ሓዱሽን ዘላቒት ሃፈቲ ማይ ከውሕስ ይኽእል እዩ ዝተባህለ ሜላ ምሕደራ፡፡ እዚ ሓዱሽ ኣተሓሳስባ ካብቶም ዝሓለፉ ፍልይ ዝበለ ሕቶታት ይሓትት፡-

- ስለምንታይ ኢና ማይ ንጥቀም?

- ማይ ንጥቀመሎም ግን ካኣ ብዘይ ማይ ወይ ብውሑድ ማይ ክንሰርሖም ዝኸኣሉ ነገራት የለዉን ድዮም?
  - ገዛን መኪናን ምጽራይ ብዘይ ማይ ኣይከኣልን ድዩ?
  - ኣብ ክንዲ ዝስተ ማይ ኣብ ሓመድ ምፍሳስ ከዳን ዝተሓጸቦ ማይ ኣዋህሊልካ ምጥቃምዶ ኣይምሓሸን?
  - ንክፈርያ ብዙሕ ማይ ካብዝጥቀማ ከብቲ ማይ ዝቑጥባ ኣጣል ወይ ደርሁ ምፍራይዶ ኣይሓይሽን?

| **ፍርያት** | **ማይ ሜ. ኲብ/ብቶን** | **ፍርያት** | **ማይ ሜ. ኲብ/ብቶን** |
|---|---|---|---|
| ምፍራይ ቆርበት | 14190 | ስጋ ደርሆ | 2389 |
| ስጋ ከብቲ | 13193 | ዳጉሻ | 2143 |
| ስጋ በጊዕ | 5977 | ሩዝ | 1275 |
| ቡን | 4864 | ስርናይ | 849 |
| ስጋ ሓሰማ | 3946 | ስገም | 702 |
| ስጋ ጤል | 3082 | ዕፉን | 489 |

(ክራስዌልን ካላኦትን 2007)

ማይ ዝናብ ወሪዱ ከይተጠቐምናሉ ውሕጅ ኮይኑ ካብ ከባቢና ይጠፍእ። ቅድሚ ምጥፋኡውን ከጥፋኣና ይኽእል። እቲ ካብ ናሕሲ ዝወርድ ማይ ዝናብ ናብ መሬት ዓሊቡ ናብ ዉሕጅ ከይተቐየረ ኣዋህሊልካ ካብ መስተ ወጻኢ ንዘለዉ ንጥፈታት ምጥቃም ማይ ንምርካብ ካብዝግበር ኳዕቲ ዝቐለለን ዕቀባ ሓፍቲ ማይ ዝሕግዝን እዩ። ፓራዳይም ሰፍት ፓዝ ማይን ሰብን ከይተጓዳዳኡ ዘላቐነት ዝዓሰሎ ኣጣቓቕማ ማይ ከውሕስ ይኽእል እዩ ብዝብል ተኣሚኑሉ።

***ዕላማታት ልምዓት ማይ ሕቡራት ሃገራት***

1. ኣድማሳዊ ቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ
2. ጽሬት ከባቢን ውልቃዊ ጽሬትን
3. ምምሕያሽ ፅሬት ማይን ምውሳኽ ደረጃ ኣገልግሎትን
4. ዝሓየለ ኣወዳድባ ምሕደራ ማይ ምስ ዝያዳ ውፅኢታዊ ትካላትን ስርዓት ምሕደራን
5. ድሩትነት ተፈጥሮኣዊ ከባቢ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተመሓየሸ ፅሬት ማይን ምሕደራ ርስሓት ማይን ምትግባር
6. ተቓላዕቲ ጉጅለታት ካብ ምስ ማይ ዝተኣሳሰሩ ሓደጋታት ምክልኻልን ቁጠባዊ ክሳራታት ምንካይን።

---

## 5.2. ልምዓት ስግረ-ዘፈር

ልምዓትን ተፈጥሮኣዊ ከባብን

ተፈጥሮ ኩላትና እንነብረሉ እዩ። ልምዓት ድማ ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮ እናነበርና ህይወትና ንምምሕያሽ እንሰርሖ ስራሕ እዩ። ወሰንቲ ህላወኣዊ ጉዳያት ምስ ዘይምፅሩይነት፣ ድኽነትን ቅልጡፍ ዕብየት ህዝብን ዝተኣሳሰሩ እዮም። እዚኦም ብሓባር ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮኣዊ ከባቢ ዓቢ ጸቕጢ ይገብሩ። ማሕበረሰብ ዓለም ፀገማት ተፈጥሮኣዊ ከባቢ ከይተፈትሐ ኣብ ጉዳይ ልምዓት ፈፂሙ ከይዘራረብ ተሰማሚዑ እዩ፡፡ ንተፈጥሮ ኣብ ማእከል ዘላቒ ልምዓትውን ኣቐሚጥዎ እዩ። ዘላቒ ልምዓት ንምዕዋት ኣብዝግበር ጻዕሪ ሓለዋ ከባቢ ዘይነፃፀል ኣካል መስርሕ ልምዓት እዩ፡፡

ነዚ ከውን ንምግባር ግን ኢንዱስትርያዊ ሃገራት ሞዴላት ልምዓተን ብሱር በተኻዊ መንገዲ ክቕይራ ኣለወን። ብዝሒ ማእከል ዝገበረ ዕብየት ፅሬት ብዘማእከለ ዕብየት  ክቕየር ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዘሎ ዑደት ድኽነትን ከባብያዊ ዕንወትን ምብታኽ የድሊ። ምዕቡላት ሃገራት ግን ሓያል ፋይናንሳውን ቴክኖሎጂካውን ደገፍ እንተዘይገይረን እዚ ዝከኣል ኣይኮነን።

ልምዓትን ውሕስነት መግቢን

ውሕስነት መግቢ ንጡፍን ጥዑይን ህይወት ንምንባር እኹልን ውሑስን መግቢ ምርካብ ማለት እዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪቃ ውሕስነት መግቢ ኣብ ማእከል ልምዓታዊ ክትዕ ኮይኑ ንነዊሕ እዋን ክቐጽል እዩ። ውሕስነት መግቢ ብዘይ ዘላቒ ልምዓት ክረጋገጽ ኣይክእልን፡፡ ጠለብ መግቢ እንተወሲኹ፣ ኣብ ልዕሊ ማይን ባዮቲካዊ ሃፍቲን ዝህሉ ጸቕጢ ይውስኽ። ስለዚ ዘላቕነት ዘይነጻጸል ኣካል ውጥን ውሕስነት መግቢ ክኸውን ኣለዎ። ዘላቒ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ሕብረተሰብ ኣብ ሓለዋ ከባቢ፣ ልምዓት ህዝብን ሕርሻን ዘለዎ ኣረኣእያ ክቕይር ኣለዎ።

ውሕስነት መግብን ሰብኣዊ ምዕባለን ብቐረባ ዝተኣሳሰሩ እዮም። እዚ ትንታነ ብቐንዱ ብኣማርትያ ሴን ዝተቐረጸ እዩ። ሰባት መግቢ ብኣካል ዘይምውናኖም ጥራይ ኣይኮነን ውሕስነት መግቢ የብሎምን ዝበሃል፡፡መግቢ ምግዛእ ብዘይምኽኣሎምውን እዮም ዝጠምዩ፡፡ እዚ ማለት መሰል ውሕስነት መግቢ ኣብ ዓቕሚ ዝተመስረተ እዩ። ነዚ ዓቕሚ ክፈጥር ሓላፍነት ዘለዎ መንግስቲ ምኺኑ ሕቶ የብሉን፡፡

ኣብ ውሕስነት መግቢ ተበጻሕነትን ዓይነትን መግቢ ብወሳኒነት ምስ ባህሊ ዝተኣሳሰረ እዩ። ብባህልን ሃይማኖትን ዝፍቀዱን ዝተኸልከሉን ዓይነታት መግቢ ኣብ ውሕስነት መግቢ ልዑል ጽልዋ ኣለዎም። እቲ ልሙድን ሃይማኖት ዝፈቕዶ ዓይነት መግቢ እንተጠፊኡ ወይ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ተኸቢሩ ዝተኸልከለ ሓሰማ ካብ ምብላዕ ብጥምየት ምሟት ክምረጽ ይኽእል፡፡ ዋጋታት ጣፍን ስጋን ካብ ዓሰርተታት ተላዒሎም ናብ ኣሽሓት ምስናሃሩውን ናይ መግቢ ባህሉ ክቕይር ዘይከኣለ ህዝቢ ጣፍን ስጋን ከም መድሃኒት ምግዛእ ቀጺሉ።

ልምዓትን ደቂ ኣንስትዮን

ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም እየን። እዚ ኣብ ልምዓት ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ቀንዲ ናይ ዘይምዕሩይነት ፀገም ከምዘሎ ዝረኣይሉ ዐውዲ ልምዓት ፍልልይ ተሳትፎ ስራሕ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፡-50 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮን 80 ሚኢታዊ ደቂ ተባዕትዮን፡፡ ደቂ ኣንስትዮን ልምዓትን

ብዝምልከት በብዓመታቱ ዝተፋላለየ ትኹረት ዝተውሃበን ሰለስተ ኣንፈታት ኣለዋ፦ ፈለማ “ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት”፣ ቐጺሉ “ደቂ ኣንስትዮን ልምዓትን”፤ ኣብዙ እዋን ድማ "ስነ-ጾታን ልምዓትን"።




*1. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት*

ደቂ ኣንስትዮ ማዕርነተን ዝረጋገጽ ኣብ ዘበናዊ ቁጠባዊ ስርዓት ምስ ዝሳተፋ እዩ። ኣብ ዘይወግዓዊ ቁጠባዊ ስርዓት ደቂ ኣንስትዮ ዘለወን ተሳትፎ ከም ልምዓታዊ ተሳትፎ ኣይቁጸርን። እዚ ኣንፈት ትንተና እዚ ከምዝሟገቶ ጸገም ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ፍሉይ ተፈጥሮአን ዝብገስ እምበር ብደቂ ተባዕትዮ ብዝበጽሕን ምግላል ኣይኮነን፡፡

*2. ደቂ ኣንስትዮን ልምዓትን*

ደቂ ኣንስትዮ ዘይንጸላ ኣካል ልምዓት እምበር ተቐበልቲ ልምዓታዊ ሓገዝ ኣይኮናን። ልምዓት ክጭበጥ ዝኽእል ብሙሉእ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ እዩ፡፡ እዚ ኣንፈት ብፍሉይ ክረኣዩ ዝግቦኦም ባህሪያት ኣብ ዘለወን ቀቢላታትን ሃይማኖታትን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዝሰማማዕ ፍሉይ ንድፊ ልምዓት ክህሉ ዝፈቅድ ኣይኮነን፡፡

*3. ስነ-ጾታን (ጅንደርን ልምዓትን)*

ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ብተፈጥሮኣዊ ባህርያተን ይዕንቀፍ እዩ ይባሃል። እቲ ሓቂ ግን ጸገም ምሉእ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ሕብረተሰብ ብዘቖመን ልምድታትን ዝተጸለወ ምኽኑ እዩ። እዚ ስርዓተ-ጾታ (ጅንደር) ይበሃል። ስርዓተ-ጾታ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘለዎም ዝተፈላለየ ተራን ሓላፍነትን ካብኦም እንታይ ትጽቢት ከም ዝግበረሎምን ይውስን። ኣብ ኣየናይ ደረጃ ውሳነ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ከምዝቐመጡ ዘይተጽሓፈ ምርድዳእ እዩ፡፡ ስለዚ ሙሉእ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ዝረጋገፅ ኣብ ስርዓተ-ፆታ መሰረታዊ ለውጢ ብምግባር እምበር ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ቆላሕታ ብምሃብን ህይወተን ንምምሕያሽ ብምፍታንን ኣይኮነን።

<u>ሰነ-ህዝቢን ልምዓትን</u>

ኣብ መወዳእታ 2023 ብዝሒ ህዝቢ ዓለም 8 ቢልዮን በጺሑ። ኣብ 1900 1.5 ቢልዮን ነይሩ፡፡ ኣብ ሓደ ክፍለ ዘበን 6.5 ቢልዮን ወሲኹ ማለት እዩ። እዚ ወሰኽ ሓንሳብ ተፈጢራ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት እንተወዲኣ ዝውስኸላ ንዘይብላ ምድርና ዘሰክፍ ብዝሒ ህዝቢ እዩ። ሮበርት ማልቱስ "ምፍራይ መግቢ ሓደ፤ ክልተ፤ ሰለስተ እናበለ ይስጉም ብዝሒ ህዝቢ ግን ሓደ፤ ሹዱሽተ፤ ዓሰርተ-ኽልተ ኢሉ እናቐጸረ ንምፍራይ መግቢ ይሓልፎ” ይብል፡፡ እዚ ንዓሰርተ-ኽልተ ሰብ ሰለስተ መግቢ ከም ማለት  እዩ፡፡ እቶም መግቢ ዘይበጽሖም “ትርፊ” ዝኾኑ ትሽዓተ ሰባት ሓገዝ ተዘይረኺቦም ዕጫኦም ጥምየትን ሞትን እዩ፡፡ ወሊድ እናተነከየ ምፍራይ መግቢ ናወሰኸ ተኸይዱ ብዝሒ ህዝብን ምፍራይ መግቢን ማዕረ ይኾኑ፡፡ እዚ ንልምዓት ዝተውሃቦ ሓላፍነት እዩ፡፡ ህዝቢ በዚሑ መግቢ ውሒዱ ኣብዘለወሉ ልምዓት ምዕዋት ዘይሕሰብ እዩ፡፡







**ምትእስሳር ህዝብን ልምዓትን**

- ደቂ ኣንስትዮ ስእነት ትምህርትን ዕድላት ስራሕን ንምውላድ የተባብዐን።
- ደቂ ኣንስትዮ ብዘይካ ስራሕ ገዛ ካልእ ስራሕ እንተዘይብለን ቆልዑ ንምዕባይ ዝያዳ ግዜ ይረኽባሞ ብዙሕ ይወልዳ፡፡
- ዝተማህረት ጓል ኣንስተይቲ መከላኸሊ ጥንሲ ናይ ምጥቃም ተኽእሎኣ ዝለዓለ እዩ።
- ብዙሕ ናይ ሰብ ጉልበት ዝሓትት ስርዓት ቁጠባ (ድሑር ሕርሻ) ምውላድ የተባብዕ፡፡ ተባዕታይ ወላዲት ዝኾነት ኣደ ትምስገነሉን ትኽበረሉን ባህሊ ኣሎ፡- “ወዲ ዉለዳ ተሓጎሳ...”፡፡
- ኣብቲ ሕብረተሰብ ልዑል ሞት ዕሸላት እንተሃልዩ ስድራቤታት ንኽይጎድላ ዝያዳ ቆልዑ ይወልዳ፡፡ “ትኩእ...”፡፡

---

<u>ባህልን ልምዓትን</u>

ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ልምዓት ብውልቁ ኣብ ዝውሰደሉ ዝነበረ እዋን ባህሊ ክሳብ ክንደይ ዝተፈላለየ ይኹን ብዘየገድስ ኣብ ልምዓት ጽልዋ የብሉን ዝብል እምነት ነይሩ። ውዒሉ ሃዲሩ ግን ብባህሊ ዝተጸልዉ ምርጫታት ኣብ ዕላማን ኣፈጻጽማን ልምዓት ዓቢ ተራ ከምዘለዎም ተረጋጊጹ። ልምዓት

ምርጫ ተግባርን ለውጥን እዩ ተተባሂሉ ማእከል ምትእስሳር ባህልን ልምዓትን ፍልልይ ባህላዊ ክብርታት ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። ስለዚ ኩሎም ባህልታት ንልምዓት ብናቶም ኣገባብን ኣተሓሳስባን የመሓድሩ እምበር ብጽልዋ ሓያላት ባህላዊ ጉጅለታት ዝረጋገጽ ልምዓት ዘላቒ ኣይኮነን።

ባህልታትን ክብርታትን ኩሎም ኣብ ልምዓት ኣወንታዊ ተራ ኣለዎም ማለት ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገርን ኣህጉርን ንልምዓት ዘዐንቅፉ ባህላዊ ክብርታት ዝርዝር ማእለያ የብሉን። እቶም ንፍቕሪ ስራሕ ዘናእሱ፤ እቶም ንሓረስታይ ዘቃልሉን ተዋጋኣይ ዘሞግሱን፤ እቶም ንሰብ ሞያ ቆርበት፤ ወርቂ፤ ሓጺንን ሸኽላን ከም ኣራዊት ዝቖጽሩ ባህልታትን ክብርታትን ምእንተ ልምዓት ክውገዱ እምበር ክዕቀቡ ኣይግባእን። መቦቆል ቴክኖሎጅን ኢንዱስትሪን ኤውሮጳ እቶም ባህላዊያን ሰብ ሞያ እዮም ነይሮም። ሰብ ሞያ በቲ ድሑር ባህሊ ዘይማዕበላ ሕብረተሰባት ዝተናሸዉዎ ከይኮነስ ኣብ ኤውሮጳ ክብሪ ለቢሶም መተባብዒ ተለጊሶም እዮም። ንሰብ ሞያ ዘሕሰሩ ኣፍሪቃውያን ካብ ኤውሮጳውያን ቴክኖሎጂ ናለመኑ ይርከቡ።

ዕቋር ኣደ ኢንቨስትመንት እያ። ምዕቋር ዘይባህሉ ዝኾነ ሕብረተብ ንልምዓት ወሳኒ ዝኾነ ርእሰማል ከዋህልል ኣይኽእልን። ብኽነት ዝባህሪኡ ሕብረተሰብ ዘይረግእ ቁጠባን ድኽነትን እምበር ዘላቒ ልምዓት ኣይክህሉዎን እዩ። ነታ ዝረኸባ ማሃያ ወይ ክስቢ እናሰተየላ ዝሓድር፤ ሓደሽቲ ሞዴላት መካይን ዝቋመት፤ ሚልዮናት እናኽፈልካ እሴት ዘይውስኽ ወርቅን ጨርቅን ምእካብ፤ ዝዓቁር ሰብ ዝዋረደሉን ብኽነት ዝናኣደሉን ባህሊ ኣዕናዊ እዩ። ግዕዝይና ገበን እዩ። ይኹን እምበር ከም ካላኦት ገበናት ማእሰርቲን ፍርዲን ናይ ግድን ዝኾነሉ ኣይኮነን። ግዕዝይና ዝጻወር ጥራሕ ከይኮነ ዘታባብዕን ዝሽልምን ባህሊ ህሉው ኣብዝኾነሉ ዓውዲ ልምዓት ብግቡእ ዝስጉመሉ ዕድል የለን።


ምህዞ ዘታባብዕ፤ ንለውጢ ድሉው ተዓጻጻፊ ዝኾነ ሕብረተሰብ ነቲ ዝጸንሐ ዓንቃፊ ዝኾነ ባህሊ ክቕየርን ንልምዓት ምቹኣት ክኾኑ ዝኽእሉ ሓደስቲ ባህላዊ ክብርታት ከስርጽን ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ዓለም ሓቆፍ ዝኾነ ባህሊ ይዝርጋሕ ኣሎ። እዚ ድማ ንዝተዋደደ ኣህጉራዊ ልምዓት ዝምችእ

ሃዋህው ይፈጥር፦ ሲቪላውን ሰብኣውን መሰላት፤ ጾታዊ ማዕርነት፤ ምኽባር መሰል ንብረት፤ ልዕልና ሕጊ፡፡

<u>ተፈጥሯዊ ሓደጋታትን ልምዓትን</u>

ንተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ኣብ ዝቃላዑ ከባቢታት ሓደጋ ምንካይ ማእከል ፖሊሲታትን ትልምታትን ልምዓት ክኾኑ ይግባእ፡፡ ልምዓት ኣብ ምጽዋር ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ኣወንታዊ ተራ ኣለዎ። ቅድሚ ሓደጋ ብኣግኡ ዝግበር ምርጫ ኣንፈት ልምዓት ዝተፈላለዩ ከባቢታት ነቲ ሓደጋ (ንኣብነት ድርቂ) ብኸመይ ክግምቱ፤ ክዳለዉን ክጻወሩን ከምዝኽእሉ ይውስን።

ተፈጥሯዊ ክስተት ናብ ሓደጋነት ምቕያሩ ናይ ግድን ኣይኮነን፡፡ ንሓደጋ ተቓላዕነት እኹል ጽንዓት እንተተፈጢሩ ተፈጥሯዊ ክስተት ናብ ሓደጋነት ናይ ምቕያሩ ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ፡፡ ብዘላቕነት ናይ ድርቂ ተፃዋርነት ንምህናፅ ሓደገኛ ዑደት ድርቂ ምርዳእ የድሊ። ድርቂ ዝተወሰኑ ምልክታት ከርኢ እንተኽኣለኳ መብዛሕቱ ግዜ ብዘይተጸበኻዮ መገዲ ዘጋጥም እዩ። ዋሕዲ ዝናብ ባህርያዊ ኣብዝኾነለንሞ ድርቂ ዝማላለሰን ከባቢታት ድርቂ ከጋጥም ከሎ ኣይተጸበናዮን ምባል ሸለልትኘነት እዩ፡፡ ዝዳጋገም ናይ ድርቂ ታሪኽ እንተሃልዩ ድርቂ ምስ ዘጋጥም ንምክልኻልን ንምምካትን ዘኽእል ዓቕሚ ሃኒጽኻ ተዳሊኻ ምጽናህ ግድን እዩ፡፡




ምክልኻል ድርቂን ፅንዓትን ብደገፍ መንግስቲ እምበር ብውልቀ ሰብ ኣይህነፅን። መብዛሕቶም መንግስቲታት ግን ኮነ ኢሎም ወይ ብዘይፍላጥ ድርቂ ከምዘይምለስ ገይሮም ይሓስቡ፡፡ እኹል ምድላው ስለዘይገብሩውን ድርቂን ሓደጋኡን ብዘስዕቦም ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ቅልውላወዋት ገለ

መንግስታት ካብ ስልጣን ዝወረዱሉ ብዙሓት ኣጋጣሚታት ነይሮም እዮም፡፡ እቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ ካብቶም ቀዳሞት ከይተማህሩ በቲ እቶም ቀዳሞት ዝተጓዕዙሉ መንገዲ ጥፍኣት ተኸቲሎም ብምኻዶም ተመሳሳሊ ወይ ዝኸፍአ ዕጫ ይገጥሞም።



“ድኻታት ብናይ ገዛእ ርእሶም ጻዕሪ ሓደጋታት ተፈጥሮ ይምከቱን ይሓውዩን እዮም’ ዝብል መንግስታዊ ኣራኣእያ ንህልቂት ኣቓልቦ ዘይህብ ይኸውን። መንቀሊኡ ብዘይተገልጸ ድርቂ ኣብ ዝማላለሰን ሃገራት ዘለዉ ገለ ክኢላታት ፖሊሲ ንድርቂ ፍሉይ ትኹረት ክወሃቦ የብሉን፤ ማዕረ ምስቶም ካላኦት ሓደጋታት ክረአ ይግባእ ይብሉ። እዚ ኣድልዎኣዊነት ዝዓብለሎ ፖለቲካ ምኽኑ ዘጣራጥር የብሉን፡፡ ድርቂ ናይ ፖለቲካ ኣራኣእያ ብዘይግድስ ኣዕናዊ ዝኾነ ድርቂ እናደጋገመ ይመጽእ፡፡ ናይ ቁጠባን ተፈጥሮ ከባቢን ሓደጋ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ብዝተዳጋገመ ድርቂ ስለዝለምስ ኣዕናዊነት ቀጸልቲ ድርቂታት እናወሰኸ ይኸይድ፡፡

## 5.2. ጂኦግራፊን ልምዓትን

<u>መእተዊ</u>

ልምዓት ሓሳብ ከይኮነ ብጭቡጥ ኣብ መሬት ዝጋሃድ እዩ፡- ኣብ ገጠር ወይ ኣብ ከተማ፤ ኣብ ተፈጥሯዊ ክልል ወይ ኣብ ምምሕዳራዊ ክልል፤ ዞባዊ ወይ ኣህጉራዊ፡፡ ልምዓት ኣብ ኩሉ ቦታታት ብኹሉ መዳይ ማዕረ ኣይትግበርን፡፡ ፖሊሲታት ልምዓት ናይ ዝተፋላለዩ ጂኦግራፊያዊ ከባቢታት ተፈጥሯዊ፤ ቁጠባዊን ባህላዊን ፍሉይነት ኣብ ግምት ዘእተው ስትራተጂታት ክምህዙ ትጽቢት ይግበረሎም፡፡ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተዓደላን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝውሕደንን ከባቢታት ናይ ፖሊሲ መፍትሐን ሓደ ክኸውን ኣይግባእን፡፡ ገጠርን ከተማን ዘለወን ፍልልይ ገፊሕ እዩ፡፡ ነዚ ድማ እዩ ፖሊሲታት ገጠርን ከተማን በበይነን ዝንደፉ፡፡ ናይ “ከተማ ውጥን” (ኣርባን ፕላኒንግ) ገዚፍ ናይ

ትምህርትን ምርምርን ኣውደ ፍልጠት ኮይኑ ኣሎ፡፡ ነፍስ ወከፍ ክልልላትውን ነናይ ባዕለን ፍሉይነት ኣለወን፡፡ ነዚ እዩ ድማ “ክልላዊ ውጥን” (ሪጅናል ፕላኒንግ) ዝበሃል ዘፈር ትምህርትን ምርምርን ዝተማህዘ፡፡

<u>ልምዓት ገጠር</u>

ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ካብ ዝርከቡ ድኻታት ሰለስተ ርብዖም ዝነብሩ ኣብ ገጠራት እዩ። መነባብሮ ዝበዝሐ ህዝቢ ገጠር ብቐንዱ ኣብ ሕርሻን ተዛመድቲ ስራሕትን ዝተመስረተ እዩ። ብዙሓት ካብቶም ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ድኻታት ሰራሕተኛታት ካብ ገጠር ዝመጹ ሓረስቶት እዮም። ህዝቢ ገጠር ኣብ ሓፂር እዋን ኩነታት መነባብሮኡ ኣመሓይሹ ኣብ ነዊሕ እዋን ድማ ብሰፊሕን ቀፃልን ሕርሻዊ ዕብየትን ልምዓትን ካብ ድኽነት ክወፅእ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ነበርቲ ገጠር ሓደጋታት ተጻዊሮም ካብ መጻወድያ ድኽነት ዝወጹሉ ንብረት፤ ትካላትን ስትራተጂን ዓቕሚ ይጎድሎም።

ልምዓት ገጠር ንባዕሉ ንገጠር ጥራሕ ዝጠቅም ኣይኮነን። ኣብ ልምዓት ከተማታትውን ዓብዪ ኣበርክቶ ይገብር። ብብዝሒ መግቢ፣ ፅሩይ ዝስተ ማይን ኣገልግሎት ከባብን ብብቕዓትን ብዘላቕነትን ንምሃብ ይኽእል። ብተወሳኺ ኣብ ገጠር ዘሎ ኣታዊን መነባብሮን እንተተመሓይሹ ህዝቢ ካብ ከተማ ናብ ገጠር ክምለስ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ እንተተፈጢሩ ድማ ካብ ገጠር ናብ ከተማታት ዝውሕዝ ልዕሊ ዓቐን ብዝሒ ህዝቢ ክውሕድ ድኽነት ከተማታትውን ክቕንስ ይኽእል። ልምዓት ገጠር ካብ ቢሮክራስያዊ (ዓቢን ዘበናዊን ሕርሻ) ናብ ህዝቢ ዘማእኸለ መዋቕራዊ ለውጢ ክሳጋገር ይግባእ። ልምዓት ገጠርን ልምዓት ሕርሻን ተዛመድቲ እዮም፤ ፍልልይ ግን ኣለዎም፡- ዕላማ ልምዓት ሕርሻ ፍርያት ምዕባይ እዩ፤ ትኹረት ልምዓት ገጠር ኣብ ሰባትን ትካላትን እዩ።

- ዕላማታት ልምዓት ገጠር፡-
  1. *ቁጠባዊ ዓቕሚ*– ሕርሻዊ እቶት ምውሳኽ፣ ካብ ዘይሕርሻዊ ዕድላት ስራሕ ዝርከብ እቶት ምውሳኽ፣ ኢንዱስትሪታት ገጠር ምስፍሕፋሕን ትሕተ ቅርፅታት ምምሕያሽን።
  2. *ዓቕሚ ሰብ*– ምምሕያሽ ጥዕናን ምዕባለ ደረጃ ትምህርቲን።

3. *ፖለቲካዊ ዓቕሚ–* ምፍጣርን ምምሕያሽ ዘይተማእከለ ፖሊሲ፡፡
4. *ዓቕሚ ምክልኻል–* ምክንኻን ከባቢን ምክልኻል ሓደጋታትን፡፡

- ኣገባባት ልምዓት ገጠር፦

1. *መሪሕ-መምህር–* ህዝቢ ገጠር ንልምዓት ገጠር ዝምልከት ዘመናውን ሳይንሳውን ፍልጠት ምእንቲ ክህልዎ መንግስቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጠር ሓደ ወኪል መሪሕ ተራ ክጻወት ብቐዋምነት ይምድብ።

2. *ዲሞክራሲ–* ዓርሰ ምሕደራ ይረጋገጽ። ነበርቲ ገጠር እዚ ዕድል እንተረኺቦም ህይወቶም ክቐይሩ ይኽእሉ እዮም።

3. *ቴክኖክራሲ–*ልምዓት ገጠር ብቴክኖሎጂካዊ ዓቕሚ ኣቢልካ ምህርቲ ሕርሻ ብምውሳኽ ክረጋገፅ ይከኣል ዝብል ርእይቶ ኣሎ። ይኹን እምበር እዚ ኣገባብ እዚ ንትካላት ምዕሩይ ምክፍፋል ጸጋታትን ከባብያዊ ጎናዊ ሳዕቤናትን ዕሽሽ ይብል። ምምሕያሽ ኣፍራይነት ሕርሻ ማለት ምምሕያሽ ውሕስነት መግቢን ድኽነት ምንካይን ማለት ክኸውን ኣይክእልን፡፡

4. *ሱር-በተኻዊ–* ልምዓት ገጠር ክውንን ዘላቕን ንምግባር ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ስርዓት መዋቕራዊ ለውጢ ክህሉ ይግባእ፡፡

- ስትራተጂታት ልምዓት ገጠር፦

1. *ኩሉ መዳያዊ–* ኣብ ኩሉ ዓውድታት ልምዓት ምትግባር፡፡
2. ዘፈራዊ– ንሕርሻ ከም ሞተር ልምዓት ምውሳድ።

3. *ኣውራጃዊ–* ኣብ ኩሉ ጂኦግራፊያዊ ከባቢታት ንዘሎ ፀገም ልምዓት ገጠር ዝፈትሕ ሓደ ልምዓታዊ "ክኒን" ምእዛዝ ነቲ ፀገም ብዘተኣማምን መንገዲ ኣይፈትሖን። ካብዚ ብምብጋስ ዝተፈላለየ ኩነታት ዘለዎም ከባቢታት ዝተፈላለዩ ልምዓታዊ ስትራተጂታት የድልዮም።

4. *ጉጅለያዊ–* ከምዚ ፍሉያት ጂኦግራፊያዊ ከባቢታት ፍሉይ ትኹረት ዘድልዮም ትኹረት ዘድልዮም ፍሉያት ክፋላት ሕብረተሰብውን

ኣለዉ፡፡ ብሰንኪ ቁጠባውን ማሕበራውን ባህሪ ልምዓት ገጠር ዘይረብሑ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣለዉ፡፡ ንኣብነት፡- መሬት ዘይብሎም ሽቃሎ፤ መሬት ዝነኣሶም ሓረስቶት።

ልምዓት ከተማ

ልዕሊ ፍርቂ ህዝቢ ዓለም ኣብ ከተማታት እዩ ዝነብር። እዚ ተርእዮ ከተማነት ካብ ዓሰርተ ሽሕ ዓመታት ንላዕሊ ኣቑጺሩ እዩ፡፡ መበገሲኡውን ምስ ምዕባይ ፍርያት ዝተኣሳሰር እዩ ነይሩ። ሓረስቶት ብመስኖ ኣብ ዓመት ክልተ ሰለስተ ግዜ ከፍርዩ ክኢሎም፡፡ ብሓደሽቲ ምህዞታትን ምዕቡል ኣጠቓቕማን ምሕደራን ማይ መጠን ፍርያት ዘራእቲ ወሲኹ ካብቲ ጠለብ ሓረስታይን ስድራኡን ንላዕሊ ምስኮነ፤ ነዚ ስዒቡ ድማ ካብ ስድራቤት ሓረስታይ ዝተረፈ ምህርቲ ሕርሻ ናብ ዕዳጋ ምውጻእ ምስ ጀመረ ከምቲ ልሙድ ኩሉ ሰብ ሓረስታይ ክኸውን ኣየድለየን፡፡ ካልእ ስራሕ እናሰርሑ መግቦም ካብ ዕዳጋ ዝገዝኡ ሰባት ቁጽሮም እናወሰኸ ከይዱ፡፡

ነጋዶ፤ ናይ ኢድ ሞያ ዝውንኑ፤ ወታሃደራት፤ ኣማሓደርቲ፤ መገልገልቲ ቤተ መቕደሳትን ፈላስፋታትን ኣብ ሕርሻ ምውፋር ከየድለዮም ብሞዮኦም ይነጥፉ ነይሮም፡፡ እዚኦም ሕርሻዊ ብዘይኮነ ስራሕ ዝናበሩ ሰባት ንኣገልግሎት ኣዋሃህባ መታን ክጥዕሞም ኣብ ሓደ ቦታ እከብ ኢሎም ክነብሩ ጀመሩ፡፡ ከምዚ ኢለን እየን ከተማታት ዝተፈጠራን ዝዓበያን፡፡ ብዚውን እዩ ልዕልና ከተማታት ኣብ ተገዛእቲ ገጠር ዝተአወጀ። ባቢሎን ብታሪክ ሎሚ ድማ ኒውዮርክ ኣብ ልዕሊ መላእ ዓለም ነጊሰን።

ከተማነት ኣብ መስርሕ ልምዓት ማእኸላይ እዩ። ከተማታት ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ዓበይቲ ኣበርክቶ ዘለወንን ቁልፊ ማእከላት ኣህጉራዊ ንግዲን እየን። ከተማነት ብበዝሒን ጽቕጥቕጥን ህዝቢ፤ ሓድሽ ኣጠቓቕማ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ፤ ከምኡውን ኣብ መንጎ ቁጠባታት ገጠርን ከተማን ብዝፍጠር ምትእስሳር ዝልለ እዩ። ኣብ መብዛሕትአን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ብዘይካ ውሑዳት ሜጋ-ከተማታት ከተማነት ምስ ኢንዱስትርያላይዜሽን ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን። መብዛሕትአን ከተማታት ኣብ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ

(ሕርሻ) ዝምርኮሳ እየን። እተን ካላኦት ድማ ብንግዲን ኣገልግሎትን ዝነጥፉ፤ ኣፍረይቲ ከይኮናስ ሃለኽቲ ከተማታት እየን።

ቅልጡፍ ዕብየት ከተማታት ንሃፍቲ ተፈጥሮን መሬት ሕርሻን ይብድሆም፤ ኣብ ልዕሊ ሃብቲ ማይን መነባብሮ ገጠር ዝተመርኮሰሉ ስነ-ህይወትን ብርቱዕ ጸቕጢ ይገብር፡፡ እዚ ጸገም እዚ ዝጋደድ ድማ ልምዓት ከተማታት ነቲ ዘመናዊ ሞዴል ኢንዱስትርያዊ ዓለም ክትግብራ ጸቕጢ ኣብዝግበረሉ እዩ፡፡ ቁጠባ ከተማታት ድኻታት ሃገራት ምስ ዕዳጋ ምዕራባውያን ክወሃሃድ ጸቕጢ ይግበር። እዚ ክውን ክኸውን ዝኽእል ድማ ካብ ባህላዊ ስርዓት ምፍራይን ማሕበራዊ ርክባትን ናብ ከተማ-ኢንዱስትሪያዊ ስርዓት መዋቕራዊ ለውጢ ምስ ዝግበር እዩ። እብዚ ከይዲ ለውጢ ዝፍጠር ጽግዕተኛነት ግን ኣሰቃቒ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ኣብ ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝርከቡ ሓንጻጽቲ ፖሊሲታት ንልምዓት ከተማታት ቀዳምነት ይህቡ። እዚ ዓይነት ኣድልዎ ንልምዓት ገጠር ዘዳኽምን ድኻታት ደለይቲ ስራሕ ገጠር ናብ ዓበይቲ ከተማታት ክግዕዙ ዝገብርን እዩ።

<u>ዞባን/ክልልን ልምዓትን</u>

ዞባ ወይ ክልል ማለት ብመሰረት ቁጠባ፤ ማሕበራውን ተፈጥሮኣውን መዐቀኒታት ዶብ ዝተሓንጻጻሎም ጂኦግራፍያዊ ኣሃዱታት እዮም። ንክልልነት ልምዓት ንምብቃዕ እቲ ጂኦግራፊያዊ ኣሃዱ ምስ ልምዓት ብዝተኣሳሰሩ መዐቀኒታት ዝግለፁ ካብ ካልኦት ጂኦግራፊያዊ ኣሃዱታት ዝፈልዮ ንጹር ዶብ ምስ ዝህልዎ እዩ። ዞባዊ ዘይምዕሩይነት ወይ ፍሉይነት ዝፈጥራ መዐቀኒታት ድማ፡- ዋንነት ሃፍቲ፤ ዓቕሚ ምፍራይ፣ መጠን ዕብየት፣ ምፍጣር እሴት፣ ጠለብን ምምቕቓል እቶትን እየን፡፡ ኣብ ዞባዊ ወይ ክልላዊ ደረጃታት ዘይምዕሩይነት ልምዓት ዝተፈላለየ ደረጃታት ሃብቲ ይፈጥር። ዞባዊ ልምዓት ኣብ ሓደ ዓይነት ፍርያት (ኣግሮ-ኢንዱስትሪ፤ ቀዋሚ ዝራእቲ፤ ዓመታዊ ዝራእቲ፤ ዕደና) ወይ ኣገልግሎት ማእኸል ብሉፅነት ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ እቲ ልምዓታዊ ደገፍ ኣብዚ ዘትኮረ ክኸውን ይግባእ፡፡ ንኹለን ዞባታትን ክልላትን ሓደ ዓይነትን ማዕረን ልምዓታዊ ሃገዝ ምግባር ክሳራ እዩ፡፡ ዞባታትን ክልላትን ክሕገዛ ዝግባእ ብዘለወን ፍሉይ ቁጠባዊ ታራ እዩ፡፡

# ምዕራፍ ፮

## ትግበራ ልምዓት፡- ተሞክሮ ኣህጉራትን ሃገራትን ኣለም

### 6.1. መእተዊ

ትግበራ ልምዓት ማለት ልምዓታዊ ኣተሓሳስባ ወይ ክልሰ-ሓሳብ ናብ ተግባር ናይ ምትርጓም መስርሕ እዩ። ሃገራት ዓለም ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ዕብየትን ምዕባለን ከምዘለዋ ንጹር እዩ። ሃገራት ዓለም ኣብ ሓደ እዋን ብደረጃ ዕብየት ይድይባ ኣብ ካልእ እዋን ድማ የንቆልቁላ ምኽንን ታሪኽ ዕብየት ቁጠባ ይሕብር። ኣብ ስነ-ሓሳባዊ እምነት ፖለቲከኛታቶም ዝተመስረቱ ክልሰ-ሓሳባትን ልምዓታዊ ሞዴላትን ኣብ ግብሪ ዝውዕሉሉ ኣገባብ ንዓወት ወይ ንውድቀት ሃገራት ዓለም ወሳኒ እዩ። ኣብ ሓደ ዘበን ንመንግስታዊ ምትእትታው ኣብ ቁጠባ ምሉእ ብምሉእ ዝድግፉ ክልሰ-ሓሳባትን ሞዴላትን ተቐባልነት ክረኽቡ እንከለዉ ኣብ ካልእ ዘበን ድማ ብልዕልና ዕዳጋ ተተኪኦም ይርከቡ።

ደረጃ ምዕባለ ሃገራት ዓለም





### 6.2. ተሞክሮታት ምዕባለ ኣብ ኣህጉራትን ሃገራትን

ኣብ ዝቕጽሉ ክፋላት ኣገባባት ምዕባለ ዝተመርጻ ሃገራትን ኣህጉራት ዓለምን ሕጽር ሕጽር ዝበሉ መብራህርሂታት ተዋሂቦም ኣለዉ፡፡ ገለ ሃገራት ኣብ ሓፈሻዊ ዕብየት ምህርቲ ዘተኮሩን ምዕባለ ሰብ ዕሽሽ ዝብሉን (ቻይና፣ ህንዲ፣

ብራዚል፣ ናይጀርያ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ)፡፡ ካልኦት ድማ ማእኸላይ ደረጃ ዕብየት (ጂዲፒ) ዓቂቦም ኣብ ሰብኣዊ ምዕባለ ዘትኮሩ እዮም (ዴንማርክ፣ ኖርወይ፣ ሽወደን)፡፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦምውን ኣለዉ (ጀርመን፡ ካናዳ)።

<u>ምብራቕ ኤስያ</u>

ልምዓት ኤስያ እቲ "ኣርባዕተ ኣናብር" ወይ "ተኣምር ምብራቕ ኤስያ" ብዝበሃል ብገዚፍ ኢንዱስትሪ ዕብየት ዝተማእከለ ዓቢ ቁጠባዊ ምልዕዓል ሆንግ ኮንግ፣ ሲንጋፖር፣ ደቡብ ኮርያን ታይዋንን እዩ ዝውከል፡፡ እተን ኣርባዕተ “ኣናብር ኤስያ” ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ፤ መሪሕ ኣህጉራውያን ፋይናንሳዊ ማእከላትን ኣፍረይቲ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ኮይነን፡፡ እዘን ሃገራት እዚኣን ንብዙሓት ዘይማዕበላ ሃገራት ዝለዓለ ተሞኩሮ ዝቕሰመለን ኣብነታትውን ኮይነን፡፡ ናይ ምብራቕ ኤስያ ተሞክሮ ዘመልክቶ ግን ምስ ለበዋ ምሁራት ቁጠባ ናጻ ዕዳጋ ዝጓነጽ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብቲ ፈላማይ ብርኪ ዕብየት ፍትሓዊ ዝኾነ ኢድ ኣእታዊነት መንግስቲ ልዑል ኣወንታዊ ተራ ከምዘለዎ ብናይ ምብራቕ ኤስያ ተሞክሮ ተረጋጊጹ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ን“ኣናብር ኤስያ” ጉዕዞኣን ኩሉ ስሉጥ ኣይነበረን። ብናህሪ እናሰፍሐ ዝኸደ ኢንዱስትርያላዊነት ዘይምዕሩይነትን ከባብያዊ ዕንወትን ኣስዒቡ እዩ።



ዊኪፔድያ

## <u>ላቲን ኣሜሪካ</u>

ኣብ መበል ዕስራ ክፍለ ዘበን ዝነበረ ኣንፈት ዕብየት ላቲን ኣመሪካ ብሰለስተ ሞዴላት ልምዓት ዝተመርሐ እዩ፡፡ ነዚ መበገሲ ዝኾኑ ድማ ኣብ ዋዜማ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘጋጠመ ዓቢ ቅልውላው ቁጠባን ኣብ 1980ታት ዝተራእየ ቁጠባዊ ዕንወት እዮም፦ **1.** ሰደድ ጥረ ነገራት፤ **2.** ካብ ወጻኢ ዝኣትዉ ኣቑሑት ዝትክኡ ፍርያት ኢንዱስትሪ ምፍራይ፤ **3.** ሚዛናዊ ዝኾነ ቁጠባዊ ክፉትነትን ቁጽጽርን። ኣብ 1980ታት ኣብ ላቲን ኣመሪካ ኒዮ-ሊበራላዊነት ቀንዲ መትከል ልምዓት ኮይኑ። ኣብ ዋሽንግተን ዝመደበረን ከም ኣይ.ኤም.ኤፍ.፣ ባንኪ ዓለምን ክፍሊ ፋይናንስ ኣመሪካን ዝኣመሰላ ትካላት ኣብ ላቲን ኣመሪካ ኒዮሊበራላዊ ጽገናታት ኣንቢረን እየን። ይኹን እምበር ብሰንኪ እቲ ነዚ ስዒቡ ዝመጸ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው ዕብየት ቁጠባ ላቲን ኣመሪካ መዋቅራዊ ድኽመታት ኣርእዩ እዩ። ብዙይ ኣቢሉውን ዕብለላ ዕዳጋ ኩሉም ጸገማት ቁጠባ ክፈትሕ ከምዘይክእል ተጋሂዱ፡፡

ካቢዚ ተበጊሰን ኣብ 1990ታት ዘላቒ ዕብየት ክህልዎ ዝኽእል ርጉእ ቁጠባ ንምፍጣር ሃገራት ላቲን ኣመሪካ "ኒዮ-መዋቅራዊነት" ዝበሃል ኣገባብ ተቐቢለን ኣብ ተግባር ኣውዒለን እየን፡፡ ዝዓበየ ማሕበራዊ ፍትሓውነት ህልው ንምግባር ኣፍረይቲ መሓውራት ብምቕያር ኣብ ቅዲ ምፍራይ ለውጢ ክህሉ ናይ ግድን ኮይኑ፡፡ መንግስቲታት ላቲን ኣመሪካ ኣብ ምሃብ ኣገልግሎት ትምህርትን ጥዕናን ዓቢ ተራ ክጻወታ ጀሚረን። ምንካይ ድኽነትውን ኣገዳሲ ኣካል ስትራተጂታት ልምዓት ኮይኑ። መብዛሕትኦም ሞዴላት ልምዓት ላቲን ኣሜሪካ ቁጠባዊ ዕብየት ምስ መደባት ምንካይ ድኽነት ተኣሳሰሩ፦ ኣብ ቁጠባ ተራ መንግስቲ ዝቕንሱን ተሳትፎ ህዝብን ህንፀት ዓቕምን ዘጉልሑን።

መንግስቲ ቁጠባዊ ጸገማት መሊኡ ንምፍታሕ ዓቕሚ ምስኣኑ ተስፋ ዘቑረጾም ክፋላት ሕብረተሰብ "ባሲሲሞ" ዝበሃል ውዳበ ፈጢሮም ንጉዳያት ልምዓት ኣብ ኢዶም ከእትዉ ፈቲኖም፡፡ ብማሕበራት ሰራሕተኛታት፤ ኣመንቲ ክርስትናን ካልኦት ማሕበረሰባዊ ትካላትን ኣቢሉ ርኡይ ልምዓታዊ ንጥፈት ተፈጢሩ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ናብ ስልጣን ዝመጹ ሶሻሊስታዊ መንግስቲታት ኣንጻር

ኒዮሊበራላዊነት ዝኾኑ ፖሊሲታት ሓንጺጾም፡፡ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ኒዮሊበራላዊነት ናጻ ዕዳጋ ንምስፍሕፋሕ፣ ኣብ ቁጠባ ተራ መንግስቲ ንምድራት፣ ከምኡውን ጽልዋ ኣመሪካ ኣብ ሃገራዊ ልኡላውነት ካልኦት ሃገራት ንምዕባይ ዝነጥፍ እዩ ብምባል ይኩንኖኦ፡፡

<u>ህንዲ</u>

ህንዲ ኣብ መብዛሕትኡ ታሪኽ ናጽነታ ብማርክሳዊ ፖሊሲታት ቁጠባዊ ምዕባለ ክትመሓድር ጸኒሓ እያ፡፡ መብዛሕትኡ ዘፈራት ቁጠባ ኣብ ኢድ መንግስቲ እዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋንዚ እቶት ነብሲ ወከፍ ሰብ ብሓደ ሚኢታዊ ጥራይ እዩ ወሲኹ። ካብ 1980ታት ጀሚሩ ህንዲ ቁጠባኣ በብቑሩብ ንናጻ ዕዳጋ ምስከፈተት ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ቁጠባ ናጻ ዕዳጋ ማዕቢላ። ኣብ መሰርሕ መዋቕራዊ ለውጢ ህንዲ ኢንዱስትርያላዊነት ዘሊላ ቁጠባዊ ዕብየታ ኣብ ምስፍሕፋሕ ኣገልግሎት ትኹረት ገበረት፡፡ ይኹን እምበር ርኡይ ምንካይ ድኽነት ኣይገበረትን። ነዚ እዩ ድማ ኣብ 2020ታት ህንዲ ብዕየት (ጂዲፒ) ካብ ዓለም መበል 5ይቲ ኮይና እናሃለወት ብመዐቀኒ ሰብኣዊ ምዕባለ (ኤችዲኣይ) ግን ብድሕሪት መበል 130 ዝተሰርዐት።




ኣብ መንጎ ዲሞክራስያዊት ህንዲን ዘይዲሞክራስያዊት ቻይናን ብመንጽር ቁጠባዊ ብቕዓት ዘሎ ፍልልይ ኣብ ፈላማይ ብርኪ ቁጠባዊ ምዕባለ ምትእትታው መንግስቲ ኣዝዩ ከምዘድልን ኣገዳስነት ዲሞክራሲ ትሑት ምኳኑ ዘርኢ እዩ። ኣብዚ ብርኪ እዚ ዓመጽን ምትላልን ንምቅላዕ፣ ነቶም ኣብ ቁጠባ ጽልዋ ከሕድሩን ጸቕጢ ክገብሩን ዝቃለሱ ሓያላት ጉጅለታት (ወነንቲ መሬት፣ ኣብ ቀረባ ዝሃፍተሙ ውልቀሰባት) ንምቁጽጻር፣ ከምኡውን ህዝቢ ብትምህርቲ ንድሕሪት ከይተርፍ ቅልጽም መንግስቲ ዓቢ ተራ

ይጻወት። ኣፍቱ ሕሉፍ ናይ ቻይና ውሽጣዊ ፍርያታ ብነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብ ናይ ህንዲ ዝወሓደ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ ዳሕረዋይ ግን ናይ ቻይና ካብ ናይ ህንዲ ዕጽፊ ኮይኑ። እቲ ክፍተት ድማ እናገፍሐ ይኸይድ ኣሎ። ህውከት ዝመልኦ ናይ ህንዲ ዲሞክራሲ ኣብ ወፍሪ ቁጠባዊ ልምዓት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣጸጋሚ ገይርዎ ይርከብ።

<u>ቻይና</u>

ቻይና ካልኣይቲ ዝዓበየት ቁጠባ ዓለም ኮይና ኣላ፡፡ ኣብ ዝቕጽሉ ዓሰርታት ዓመታት ንኣሜሪካ ክትብድህ ትጽቢት ይግበር። ቻይና ማእኸል ልምዓታ ኣብ ምርምርን ምህዞን ዝተመስረተ ኣብ ኣገልግሎት ዝቐንዐ ቁጠባ ጌራቶ እያ። ቻይና ኣብ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየት ኣብ ዘላትሉ እዋን ድኽነት ዓቢ ብድሆ ኮይኑዋ ኣሎ። ብዝሒ ህዝባውን ንነፍሲ ወከፍ ፍርያት ንታሕቲ ይጎቶ ኣሎ። ይኹን እምበር ቻይና ኣብ ምንካይ ድኽነትን ጥዕናን መራሒት ዓለም እያ። ቻይና ካብ ኣህጉራዊ ትካል ገንዘብ (ኣይኤምኤፍ) ንዝወሃብ ምኽሪ ፖሊሲ ልምዓት ዕሽሽ ብምባላ ዓቢ ረብሓ ዝረኸበት ትመስል። ቻይና ንናጻ ዕዳጋ (ሊበራላዊነት) ጨሪሳ ኣይትነጽጎን፤ ድሕሪ እኹል ቁጠባዊ ዕብየት ክትግበር ኣለዎ ዳኣ ትብል።




<u>ጃፓን</u>

ጃፓን ኣብ ዘይዕወቱ መደባት ቁጠባዊ ዕብየት ግዜኣ ኣየጥፍኣትን። ካብ ኣሜሪካ ናይ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ፓተንት ብምርካብ ወይ ድማ ብምህዞን ምርምርን እናማሳሰለትን እናማሓየሸትን እያ ንኢንዱስትሪኣ መሰረት

ዘንበረትሉ፡፡ ኣብ ጃፓን ልዑል ክእለትን ፍልጠትን ዘለዎ ዓቕሚ ሰብ ብምንባሩ፣ ካብዚ ሓሊፉ ድማ እዚ ሓይሊ ሰብ ብትሑት መሃያ ንምግልጋል ድልውነት ብምርኣዩ ኣፍራይነት ኣዝዩ ወሲኹ። ባህሊ ዕቋር እውን ኣዝዩ ምዕቡል ብምዃኑ ንኢንቨስትመንት ምቹእ ሃዋህው ፈጢሩ። ዓበይቲ ኩባንያታት ብምውህሃድ ዚያዳ ናብ ዝዓበዩን ዝያዳ ውጽኢታውን ናብ ዝኾኑ ኮርፖሬሽናት ተሳጋጊረን፡፡ ካብዚ ውህደት ሰፊሕ ምንካይ ወጻኢታት ተረጋጊጹ። ኩባንያታት ጃፓን ቅልጡፍ መኽሰብ ዘይኮነስ ዕዳጋ ምክፍፋል ዘለዎ ረብሓ ተረዲአን ብዙሕ ፍርያት ዝሓዘ ስትራተጂ ተግባራዊ ገይረን፡፡

ኣፍሪቃ

ብጥቕሉሉ ክረኣይ ከሎ ኣፍሪቃ ካብተን ብቕልጡፍ ዝዓበያ ቁጠባታት ዓለም ትስራዕ እያ። ይኹን እምበር ድኽነት፣ ሕማም፣ ሞት ህጻናት፣ ግርጭት፣ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን ድኹም ፖሊሲታት መንግስቲን ንዕብየታ ኣደናኺይዎ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ብሰንኪ ምንቁልቋል ዋጋ ፍርያት ንግዲ ወጻኢ ኣፍሪቃ ፋይናንሳዊ ጸገማት ኣጋጢምዋ ተጸባይት ሓገዝ ኮይና ኣላ። ኣፍሪቃ መጻኢ ዕድል ልምዓት ንምውሓስ ናይ ገዛእ ርእሳ ልምዓታዊ ወጻኢታት ምሽፋን፣ ቀረብ ጸዓት ምስፋሕ፣ ንልምዓት ዝምጥን ክእለት ንምምዕባል ስርዓት ትምህርቲ ምምሕያሽ፣ ንዞባዊ ምትሕብባርን ውህደትን ምጽዓር፣ ትሕተ ቅርጺ ምምሕያሽ፣ ከምኡውን ብዙሕነት ናይ ወጻኢ ንግዲ ኣቑሑትን ፍልፍላት እቶትን ንምርግጋጽ ክትሰርሕ ይግባእ። ቁጠባዊ ዕብየትን ምርግጋእን መሰረት ብምግባር ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ሰለስተ ክምቀላ ይኽእላ፡- ርጉኣት ኣፍረይቲ (ኣብነት፡- ኬንያ፣ ሩዋንዳ)፣ ዘይርጉኣት ኣፍረይቲ (ኣብነት፡- ዲሞክራስያዊ ኮንጎ፣ ናይጀርያ)፣ ርጉኣት ግን ዝንጉዓት ኣፍረይቲ (ኣብነት፡- ግብጺ፣ ደቡብ ኣፍሪቃ)።

ቦትስዋና

ቅድሚ ናጽነት ቦትስዋና ካብተን ኣዝየን ዝደኸያ ሃገራት ዓለም ሓንቲ ዝነበረት እያ፡፡ ናጽነት ካብ ትረክብ ጀሚራ ግን ኣብ ዓለም ካብተን ዝቐልጠፈ ዕብየት ነፍሲ ወከፍ ሰብ እቶት ዘለዋ ሃገር ኮይና፡፡ ኣወር ዎርልድ ኢን ዴታ ከምዝጸብጸቦ ብኣቋጻጽራ ፈረንጂ ኣብ 1950 ብጽሒት ጂዲፒ

ብነፍሲ ወከፍ ሰብ 439 ዶላር ነይሩ፤ ብ2018 ናብ 15,842 ዓብዩ። ቦትስዋና ብዝሒ ጸጋታት ኣለዋ፡፡ ይኹን እምበር ኢንቨስትመንት ንምስፍሕፋሕን ርጉእ እቶት ንምርካብን ዝሓገዛ ውጽኢታዊ ዝኾነ ትካላዊ ቅርጺ እዩ፡፡ ቦትስዋና ዝተሓዋወሰ ቁጠባዊ ስርዓት ኣለዋ፡፡ እዚ ድማ ዝተፈላለየ ናይ ብሕቲ ናጽነት ዘጠቓልል ኮይኑ ምስ ማእከላይ ቁጠባዊ ውጥንን መንግስታዊ ምቁጽጻርን ዝድመር እዩ፡፡ ቦትስዋና ንዕዳጋ ዝድግፉ ፖሊሲታት ከም ትሑት ግብሪ ኣታዊ፤ ትሑት ግብሪ ትካላትን ትሑት ታሪፍን ምትግባር መሪጻ እያ።

ሃገራዊ ትልሚ ቦትስዋና ከምዝስዕብ ይገልጽ፡- "ሓቖፊ ዕብየት ንምትግባር ዘላቒ ምፍጣር ስራሕን ምጥፋእ ድኽነትን"፡፡ ይኹን እምበር ቁጠባ ቦትስዋና ኣብ ዕደና ኣልማዝ ዘለዎ ጽግዕተኛነት ልዕሊ 90 ሚኢታዊ እዩ፡፡ እዛ ሃገር ካልኦት ቁጠባዊን ማሕበራዊን ብድሆታት ኣለዉዋ፡- ልዑል ወጻኢታት መጓዓዝያ ዘስዕብ ጂኦግራፊያዊ ኩነታት፤ ንዕብየት ፍርያት ኢንዱስትሪ ዘይምቹእ ንእሽቶ ውሽጣዊ ዕዳጋ፤ እኹል ትሕተ-ቅርጺ (ማይን ጸዓት ኤለክትሪክን) ዘይምህላው፤ ሽቕለት ኣልቦነት መንእሰያት፤ ዘይምዕሩይነትን ድኽነትን፡፡ ቦትስዋና ቅዋማዊት፣ ብዝሒ-ሰልፍታት ዘለዋ ሪፓብሊካዊት ዲሞክራሲ እያ። ብሓፈሻ ነጻን ፍትሓውን ተባሂሉ ዝሕሰብ ምርጫ ተካይድ። ብኽምዚ ዝተመረጸ ፕሬዚደንት ግን ሰፊሕ ናይ ምቁጽጻር ስልጣን ኣለዎ፡፡

<u>ኢትዮጵያ</u>

ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘበንን ኣብ መጀመርታታት መበል 20 ክፍለ ዘበንን ዝነበረ ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ ዝበሃል ፈላማይ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚስት ቅድሚ ሚኢቲ ዓመት ዘብርሆ ባህርያት ቁጠባ ኢትዮጵያን ክውሰዱ ዝግቦኦም ስጉምቲታትን ኣብዚ ዘለናዮ ዘበንውን ሓቅነቶም ኣይሃሰሰን፡፡ ቁጠባዊ ኣታሓሳስባ ገብረሂወት ባይከዳኝ ዝናቡ ሳማሮ ረኪሶ ከምዝተንተኖ "ቀንዲ መፍትሕ ቁጠባዊ ልምዓት ምፍጣር፣ ምውህላልን ምጥቃምን ፍልጠትን ክእለትን፣ ከምኡውን ቴክኖሎጂ፣ ምህዞን ቴክኒካዊ ለውጢን እዮም፡፡ እዚ ድማ ብመንግስቲ ዝምራሕ ክኸውን ኣለዎ፡፡"

ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ኢትዮጵያ ዝጀመረ ልምዓት ኣብ ቀዳማይ ትልሚ ሓሙሽተ ዓመት (1957-61) ኣብ ኢንዳስትሪን ትሕተ-ቅርጺን ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ቀንዲ መሰረት ቁጠባ ዝኾነ ሕርሻ ትኹረት ኣይተዋህቦን። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ዝነበረ ብኣመሪካ ዝምራሕ ቁጠባዊ ኣታሓሳስባ ንቀዳምነት ኢንዱስትሪ ኣቓልቦ ዝሃበ ስለዝነበረ ኢትዮጵያ ከም ኣንፈት ልምዓት ተቐቢላቶ፡፡ ኣብ ካልኣይ ትልሚ ሓሙሽተ ዓመት (1962-67) እቲ ትኹረት ናብ ሰፊሕ ሕርሻዊ ዕብየት ተሰጋጊሩ። ኣብዚውን ብሚልዮናት ናይ ዝቑጸሩ ሰባት መነባብሮ ዝኾነ ሕርሻ ኣቓልቦ ሓሪምዎ፡፡ እዚ ከኸውን ዝኸኣለ ስርዓት ምዝመዛ ወነንቲ መሬት ንስርዓት ዘውዲ ደው ዘበሎ ዓንዲ ስለዝነበረ እዩ፡፡ ዘውዳዊ ስርዓት ተዘይተቐይሩ ናይ ሚልዮናት ድኻታት ሓረስቶት መነባብሮ ክቕየር ኣይክእልን ነይሩ፡፡

ሳልሳይ ትልሚ ሓሙሽተ ዓመት (1968-72) ኣብ ምኽሪ ዓለምለኻውያን ለገስቲ ልምዓት ዝተመስረተ ኮይኑ ኣብ ሕርሻ ዝያዳ ትኹረት ዝሃበ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር መስርሕ ኣፈፃፅማ እቲ ትልሚ ኣብ ክንዲ ብድኽነት ዝተሃስየ ሕርሻ ዝድግፍ ልዑል ዓቕሚ ዘለወን ክልላት እዩ ዝመረጸ፡፡ ንኣናእሽተይ ሓረስቶት ቆላሕታ ዘይምሃቡ ድማ ከቢድ ክሳራ ኣስዒቡ እዩ። እቲ ብመንግስቲ ሸለል ተባሂሉ ዝነበረ ድርቂ ነቲ ሃገራዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው ኣጋዲዱዎስ ናይ ዘውዳዊ ስርዓት መወዳእታ ኮይኑ፡፡

እቲ ድሕሪ ዘውዲ ናብ ስልጣን ዝመጸ ወተሃደራዊ መንግስቲ ዋላ እኳ ነቲ መስፍናዊ ስሪት መሬት ብኣዋጅ ብምቕያር ኣብ ሕርሻ ቁልፊ መዋቕራዊ ለውጢ እንተገበረ ነቲ መዝማዚ መስፍናዊ ስርዓት ብወተሃደራዊ ምልካዊ ስርዓት ተኪእዎ። ቁጠባዊ ዕብየት፣ ኢንቨስትመንት፤ ምህርትን ዕዳጋንውን ኣብ ትሕቲ ፍጹም ቁጽጽር መንግስቲ ስለዘእተዎም ዕብየትን ምዕባለን ንኽልተ ዓሰርተታት ዓመታት ክእሰሩ ተፈሪድዎም። ብትዕግስትን ጥንቃቐን ክተሓዙ ዝነበሮም ቁጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ዓመታዊ ቁጠባዊ "ወፍሪታት" ብዝብል ናይ ሓጺር ግዜ መደባት ብመሰረት መትከል ሶሻሊስታዊ ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕብረተሰብ ይጽቐጡ ነይሮም፡፡

ኣብ ሰሜን ዝነበረ ናዕቢ ናህሪ እናወሰኸን ካልእ ከቢድ ድርቂ ድማ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝወረደሉን እዋን ወተሃደራዊ ገዛእቲ ነቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምድሓን ተስፋ ዝቖረጸ ናይ ሓጺር ግዜ ቁጠባዊ ስጉምትታት ይወስዱ ነበሩ። ኩነታት እናተባላሸዉ ምስከዱ ነቲ ኣኽራሪ ሶሻሊስታዊ ትእዛዝ ቁጠባ ንምልስላስ ዝዓለመ "ሕውስዋስ-ቁጠባ" ዝብል ሓውሲ ሶሻላዊነትን ርእሰማላውነትን ኣብ ዋዜማ ናይቲ ናይ መወዳእታ ኲናት ተኣወጀ። እቲ ዝመጽእ ዝነበረ ህቦብላ ግን በዚ ድኹም ቁጠባዊ መንደቕ ደው ክብል ዝኽእል ኣይነበረን። ቅዲ ሶቭየት ሶሻላዊነት ዝኽተል ዝነበረ ወተሃደራዊ መንግስቲን ማርክሳዊነት ኣልባንያ ዘስፋሕፍሕ ዝነበረ ኢህወዲግን ብቁጠባዊ ኣማራርሐ ፍልልይ ኣይነበሮምን።

ኣብ 1991 ኢህወዲግ ንወተሃደራዊ መንግስቲ ካብ ስልጣን ኣብ ዝኣለየሉ እዋን ኒዮ-ሊበራላዊነት ንማርክሳዊነትን ኬይንዝያውነትን የዳኽሞም ነይሩ፡፡ ነዚ ስዒቡ ድማ 17 ዓመት ብረትን ማርክሳዊነትን ተዓጢቑ ዝተቓለሰ ህወሓት/ኢህወዲግ ንኢትዮጵያ ዝኸውን ልምዓታዊ ክልስ-ሓሳብ ምምራጽ ብዝምልከት ኣብ ቅልውላው ኣትዩ። ካብ ሓደ ጽንፊ ናብቲ ካልእ ጽንፊ ብምዝላል ንማርክሳዊነት ጠንጢንካ ኒዮ-ሊበራላዊነት ምሕንጋጥሞ ናይ ኣመሪካ ፍቕሪ ንምርካብ ምፍታን ካብ ዝርከቦ ረብሓ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ዝኸፍአ ኮይኑ፡፡ ንሊበራላዊነት ከይሓየኻ ውሒጠን "ናዓይ ዝረኣየ ይቀጻዕ" እናበላ ዘንጸርጽራ ዝነበራ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ብዙሓት ስለዝነበራ ህወሓት/ኢህወዲግ ገና ብኣጉኡ ኣብ ጸገም ህዝባዊ ዘይተቐባልነት ክኣቱ ኣይመረጸን። ስለዝኾነ ድማ ህወሓት/ኢህወዲግ ብሉጻት ረብሓታት ማርክሳዊነትን ርእሰማላውነትን ዘዋሃሃደ "ሰውራዊ-ዲሞክራሲ" ዝበሃል ሓዱሽ ቁጠባዊ ኣተሓሳስባ ሓንጺጹ ንቁጠባ ኢትዮጵያ ንኽልተ ዓሰርተታት ዓመታት መሪሑዎ። ናይዚ ቁጠባዊ ምህዞ መሪሕ ስነ-ሓሳባዊ ዝነበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያን ኣቦ-ወምበር ሰልፊ ህወሓት/ኢህወዲግ ዝነበረ ነፍስሄር መለስ ዜናዊ እዩ፡፡

እዚ ብሰፊሑ ክንቀፍ ዝጸንሐ ግን ከኣ ብቕልጡፍ ዝዓቢ ቁጠባ ዝፈጠረ ኣካይዳ ብመንጽር ጥዕናን ትምህርትን ብሰብኣዊ ምዕባለ ብሉጽ ውጽኢት

ኣመዝጊቡ እዩ። ብመንፅር ድልውነት ሓደጋን ድሕንነት ህዝብን እውን ነዊሕ መንገዲ ተጓዒዙ እዩ። ይኹን እምበር  ኣብ ዲሞክራስን ናጻ ምርጫ ህዝብን፤ ከምኡውን ብመንፅር ግልፅነትን ተሓታትነትን ኣመራርሓ ህወሓት/ኢህወዴግ ተስፋ ዘይብሉ ሰልፊ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ኣብዚ መዳይ እዚ ዝነበረ ዓቢ ድኽመት ብቐልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየት ጥራይ ክሽፈን ስለዘይከኣለ ናብ ምፍራስ ኣምሪሑ።




ንኣመራርሓ ልምዓት ህወሓት/ኢህወዴግ ፍሉይ ዝገበሮ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ዘማእከለ ስትራተጂ ልምዓት ኢንዱስትሪ ምትእትታውን ምትግባርን እዩ ነይሩ። "ኣድሊ" ወይ ካኣ ብሕርሻ ልምዓት ዝምራሕ ኢንዱስትርያላዊነት ልዕሊ ሰማንያ ሚኢታዊ ህዝቢ ኣብ ሕርሻ ዝተፀገዐሉን ሰብዓ ሚኢታዊ ሃገራዊ እቶት ድማ ካብ ፍርያት ሕርሻ ዝርከበሉን ዘፈር ቁጠባ መሰረት ዝገበረ እዩ፡፡ ምስፍሕፋሕ ሕርሻ ናይ ኣናኣሽቱ ሓረስቶት ጠለብ ፍርያት ኢንዱስትሪ ይውስኽ። ብተወሳኺ ድማ ሕርሻ ንኣግሮ ኢንዱስትሪታትን ዕዳጋታት ወፃእን ዝኸውን ጥረ ነገራት ብምሃብ ዝያዳ ኢንዱስትርያላዊነት፤ ምትሕልላፍ ቴክኖሎጅን ምውህላል ካፒታልን የኽእል።

ኣብ 2000 ፕሮግራም ዘላቒ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ተቐባልነት ረኺቡ። ፓስደፕ ሓደን ፓስደፕ ክልተን ዝበሃሉ ሃገራዊ ውጥናትውን ተግባራዊ ኮይኖም። ኣብ 2010 ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ጂቲፒ ሓደን ጂቲፒ ክልተን) ተባሂሉ ዝተሰየመ ፓስደፕ ሰለስተ ኣብ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየትን መዋቕራዊ ለውጥን ማሕበረ-ቁጠባዊ ስርዓት ዘተኮረ እዩ ነይሩ።

ብመሰረት ኣህጉራዊ ምላሽ ንለውጢ ከባቢ ኣየር ኣብ 2025 ናብ ማእከላይ እቶት ደረጃ ንምብጻሕ ንለውጢ ከባቢ ኣየር ዝጻወር ሓምለዋይ ቁጠባ ስትራተጂ ተሓንጺጹ። ኢህወዲግ ንሞዴል ልምዓት ቻይና ዝቐድሐ ይመስል፤ ንመንገዲ ልምዓት ጃፓንውን ከፍትኖ ሓሲቡ ነይሩ።

ይኹን እምበር ምዕራባውያን በዚ ኣካይዳ ኢህወዲግ ሕጉሳት ኣይነበሩን፡፡ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየት እኳ እንተሃለወ፤ ኣብ ኩናት ኣንጻር ግብረሽበራ መሓዛ ኣሜሪካ ክንሱ፤ ኣገደስቲ ቁጠባዊ ትካላት ካብ መንግስቲ ናብ ውልቃዊ ዋንነት ስለዘይተሰጋገራ ኢህወዲግ ድልየታት ምዕራባውያን ብዝፍጽም ፖለቲካዊ ስርዓት ክቕየር ግድን ነበረ። ኣብ 2018 ኢህወዲግ ካብ ስልጣኑ ካብዝተኣለየሉ እዋን ጀሚሩ ኢትዮጵያ ኣብ ሕድሕድ ኹናትን ቁጠባዊ ዕንወትን ጥሒላ ትርከብ፡፡ ምዕራባውያን ኣብ ኢትዮጵያ ክሪኡ ዝተመነይዎ ከምታ ቐርኒ ከቡቁል ኢላ መገሻ ዝኸደትሞ ኣእዛና ስኢና ዝተመልሰት ኣድጊ ኮይንዎምስ መቐጸሊኡን መምለሲኡን ጠፊኡዎም፡፡

<u>ኤሪትርያ</u>

ቁጠባ ኤርትራ ድሕሪ ኩናት ናጽነት ርኡይ ለውጢ ኣመዝጊቡ እዩ። ሓዋላ ካብ ሓፈሻዊ ውሽጣዊ ፍርያት ሲሶ ይሕዝ። እዚ በዝሒ ኣብ ስደት ዝርከብ ኤሪትርያዊ ዘመልክትን ብዛዕባ ኤሪትርያ ኣወንታዊ ዘይኮነ ስእሊ ዘርኢ እዩ፡፡ ኤርትራ ሰፊሕ ናይ ማዕድናዊ ጸጋታት ዘለዋ ሃገር እኳ እንተኾነት ጸቢብነት ዘፈር ዕደናን ምንቁልቋል ምህርቲ ማዕድናትን ካብቲ ዘፈር ከትረኽቦ ዝግባኣ ዝነበረ ረብሓ  ኣይረኸበትን፡፡ ዘመዝገቦቶ ድኹም ናይ ዕብየት ኣፈጻጽማ ብኽፋሉ ኣብቲ ኣብ ዝናብ ዝተመስረተ ዘፈር ሕርሻን ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ድርቂን ዝጸለዎ እዩ፡፡ ዘፈር ሕርሻ ዘበናዊ መሳርሕታትን ሜላታትን፤ ከምኡውን ዲጋታት ብምጥቃም ተመሓይሹ ኣሎ። ይኹን እምበር ብሕጽረት ፋይናንሳዊ ኣገልግሎትን ኢንቨስትመንትን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ፡፡

መንግስቲ ጥሜት ንምቅላልን ኣታዊታት ሰደድ ንምዕባይን ምህርቲ በለስ ንከድንፍዕ ምትብባዕ ይገብር ኣሎ፡፡ ነዊሕ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ንኢንዱስትሪ ምግፋፍ ዓሳ ርኡይ ምስፍሕፋሕ ዕድል ዝህብ እዩ፡፡ ይኹን እምበር እቲ ልሙድ ባህላዊ ምግፋፍ ዓሳ ክንዲቲ ዝድለ እቶት ኣይርከቦን፡፡

ናይ ውሽጢ ዓዲ ኢንዱስትሪታት ካብ ናይ ወጻኢ ንሕንሕ ንምክልኻል ዝዓለሙ መንግስታዊ ደምብታት ዘይምቹእ ናይ ወጻኢ ኢንቨስትመንት ሃዋህው ይፈጥሩ ኣለዉ፡፡ መንግስቲ ወግዓዊ መደባት ረድኤት ይነጽግ፡፡ ስለዚ ምስተን ሓገዝ ዝህባ ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ዘለዎ ዝምድና ኣጻጋሚ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ።

## 6.3. ዓለምለኻዊነት (ግሎባላይዜሽን)

ኣብዚ ክፋል እዚ ዓለምለኻዊነት ኣብ ሞንጎ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ውልቀሰባት፣ ሕብረተሰባት፣ ትካላት ንግድን መንግስቲታትን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቴክኖሎጂካውን ባህላውን ምትእስሳር ዝገልጽ እዩ። ዓለምለኻውነት ውጽኢት ናይቲ ምንካይ ወጻኢታት ርክብ፣ መጓዓዝያ፣ ምልውዋጥ ሓበሬታን ንግድን ምዕባለታት ቴክኖሎጂን እዩ። ዓለምለኻውነት ኣብ ምድንፋዕ መሪሕ ተራ ዘለወን ትካላት ዓለምለኻዊ ትካል ገንዘብ (ኣይኤምኤፍ)፣ ባንኪ ዓለምን ውድብ ንግዲ ዓለምን እየን። እዞም መስረትቲ ሊበራሊዝም ዝኾኑ ዓበይቲ ኣህጉራውያን ትካላት ንምንታይ እዮም ፖለቲካዊ ገዛእቲ ዓለም ኾይኖም?

ዓለምለኻውነት ብዙሕ ኣወንታዊ መዳያት ከም ዘለዎ ፈጺሙ ክዝንጋዕ የብሉን። ጥዑም ፍረታት ዓለምለኻውነት ካብቲ ብሸኮር ዝተለበጠ ዕረ ምፍላይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ፣ ማሕበረሰብ ንግድን መንግስትን ሓላፍነት እዩ። ኣወንታዊን ኣሉታውን መዳያት ዓለምለኻውነት ዝተሓዋወሱ ብምዃኖም ምፍላዮም ቐሊል ዕዮ ኣይኮነን። ቀንዲ ኣሉታዊ መዳያት ዓለምለኻውነት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ኣህጉራውያን ትካላት ኣብ ጉዳይ ናጻ ልኡላውያን ሃገራት ኢዶም ብምእታው ንልኡላውነት ሃገራት ይሸርሽሩ።
- ዓለምለኻውነት እናሰፍሐ ምስ ከደ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት (ስግረ-ዶባዊ ገበን፣ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ-ፋርስን ኣጽዋርን፣ ምስፍሕፋሕ ተላባዕቲ ሕማማትን ስደት ሰራሕተኛታትን) እናገደደ ክኸይድ እዩ።

ንግዲ ዓለም

ውድብ ንግዲ ዓለም ኣብ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ምልውዋጥ መንፈስ ናጻ ንሕንሕ ንምስፋንን ኩሉ ሰብ ኣብ ጻዕሩ ተመርኲሱ ርትዓዊ መኸሰብ ንኸረክብ ምቕናስ ወይ ምውጋድ ታሪፍ/ቀረጽ ካብ ቀንዲ ስትራተጂታቱ ሓደ ገይሩዎ እዩ። ይኹን እምበር ሃፍታማት ሃገራት ኣብ ውድብ ንግዲ ዓለም ዘለወን ዝበርተዐ ናይ ድርድር ዓቕሚ ተጠቒመን ኣብ ልዕሊ እተን ድኹም ናይ ምድርራር ዓቕሚ ዘለወን ድኻታት ሃገራት ታሪፍ/ቀረጽ የንብራ። እቲ ታሪፍ ናይ ወጻኢ ኣቑሑት ምስ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝርከቡ ፍርያት ከይወዳደር ንምግባር ዝዓለመ እዩ። ንኣብነት ካብ ኣፍሪቃ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዝኣቱ ስርናይ ከቢድ ታሪፍ/ቀረጽ እንትተገይሩ ኣብ ኣመሪካ ዝፈሪ ስርናይ ብተዛማዲ ብትሑት ዋጋ ክሸየጥን ኣብ ውሽጣዊ ዕዳጋ ኣመሪካ ንስርናይ ኣፍሪቃ ክስዕርን የኽእሎ።



ሃፍታማት ሃገራት ነቲ ናይ ንግዲ ዓለም ስምምዕ ብምጥሓስ ሚዛን ንግዲ ናብ ባዕለን ርብሓ ይቕይሮኦ፡፡ በዚ ድማ እዩ ቁጠባዊ ዕብየት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝጭፍልቓ። ሃፍታማት ሃገራት ነቲ መንፈስ ናጻ ንሕንሕ ንምጥፋእ ካልእ ስትራተጂውን ኣለወን። ሃፍታማት ሃገራት ኣብ ልዕሊ እቲ ታሪፍ/ቀረጽ ኣማኢት ቢልዮናት ዶላር ዝግመት ንፍርያት ሕርሻ ሃገረን ድጎማ ይገብራ ኣለዋ፡፡ እቶም ኣፍረይቲ ሃፍታማት ድማ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ብዝሓሰረ ዋጋ ብምሻጥ ይዕወቱ። ኣብ ድኻታት ሃገራት ድጎማ ዘይግበረሎምን ክናሓንሑ ዘይክእሉን ሓረስቶት ካብ ዕዳጋ ይወጹ።


<u>ሓገዝ ወጻኢ</u>

ሃፍታማት ሃገራት ብታሪፍን ድጎማን ሚዛን ኣህጉራዊ ንግዲ ናብ ባዕለን ብምግልባጥ ዘዳኸመኦን ድኻታት ሃገራት ናይ ወጻኢ ሓገዝ ይገብራለን። ፍልፍል ጥረ ኣቑሑትን ዕዳጋ ፍርያት ሃፍታማት ሃገራትን ዝኾና እዘን ድኻታት ሃገራት ከይሞታን ከይሓውያን ምግባር ዘይተጽሓፈ ስትራተጂ ሃፍታማት ሃገራት እዩ፡፡ እቲ ዝድለ ቁጠባ እተን ድኻታት ሃገራት ኣብ ሓገዝ ዝተመርኮሰን ናይ ንግዲ ዓቕሙ ዝለመሰን ምዃኑ እዩ። ካብ መንግስታዊ ብልሽውና ዝተረፈ ናይ ወጻኢ ሓገዝ መብዛሕትኡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ዝውዕል እዩ፡፡ ንሱውን ብቐንዲ ዝጥቀሙሉ እቶም ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝነብሩ ሃፍታማት እዮም፡፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ንግዲ ወጻኢ ዘጋጠመን ክሳራ ብሓገዝ ወጻኢ ክካሓስ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡

ብዓለምለኻዊነት ተኸዊሉ ሚዛን ንግዲ ዓለም ተዛቢሁ ይቕጽል ኣሎ፡፡ ህዝብታት ዘይማዕበላ ሃገራት ኣብ ከቢድ ጸገም ይወድቁ ኣለዉ። መንግስቲታት ናይተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ድማ ነቲ ናይ ሓገዝ ገንዘብ ይማቐልዎ፡፡ መንበር ስልጣኖም ከይምንጠልውን ዲሞክራሲን ፍትሒን ይጭፍልቑ ኣለዉ። ብልሹዋት መንግስታት ዘይማዕበላ ሃገራትን ኣብ ንግዳዊ ዓለም ዘለዉ መሻርኽቶምን ካብ ስልጣን ናይ ምእላይ ሓደጋ ስለዘለዎም እሙናት ኣገልገልቲ ሃፍታማት ሃገራት ይኾኑ ኣለዉ። እተን ሃፍታማት ሃገራት ነቲ ኣብ ልዕሊ ድኻ ህዝቢ ዝበጽሕ ዘሎ ግፍዒ ኣቓልቦ ኣይህባኦን እየን። እቲ ትኹረት ዝመጽእ ረብሓታቶም ምስ ዝትንከፍ እዩ።


ግልጺነት ክሰፍን፣
ብልሽውና ክእለ፣
ሰናይ ምሕደራ
ክነግስ ለበዋ ገይረ
ዋዕላ ለገስቲ
ሓገዝ
ሓገዝ

ሪሰርች ጌት


ቐደም...
ለውጢ ክትገብሩ ይግባእ !
ትካል ገንዘብ ዓለም
ባንኪ ዓለም
ሎሚ...
ለውጢ ክትገብሩ ይግባእ !
ትካል ገንዘብ ዓለም
ባንኪ ዓለም

*******************************

# ምዕራፍ ፯

## ግርጭትን ድሕሪ-ግርጭት ዳግመ-ህንጸትን

---

### 7.1. ግርጭት

*ግርጭት ቀንዲ ናይ ልምዓት ብድሆ እዩ፡፡ ግርጭት ውጽኢት ዘይምስምማዕ ኣብ መንጎ ዓውድታት (ውልቀሰባት፤ ጉጅለታት፤ ዞባታት፤ ሃገራት) ኮይኑ ዘይተሰማምዑ ዕላማታት ኣብ ዝህልዉሉ እዋን ዝፍጠር እዩ። ግርጭት ብመግለጺኡ፤ ብተዋሳእቱ፤ ብጠንቅታቱን ብኣሰራርሓታቱን እዩ ዝትንተን።*

*<u>መግለጺታት ግርጭት</u>*

*መግለጺታት ግርጭት ነቲ ግርጭት ዝቐርጹ መዋቕራውን ትካላውን ኩነታት፤ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣታት፤ ፖለቲካዊ-ቁጠባ፤ ስነ-ህዝቢ (ዲሞግራፍያዊ) ኣቃውማታት፤ ከምኡውን ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ ግርጭታት እዮም፡-*

- *ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣታት፡-* ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣቀማምጣ ናይ ግርጭት ዓውድታት፤ ቅርበትን ርሕቀትን ናይ ክልቲኦም ቦታታት ግርጭት፡፡
- *ፖለቲካዊ-ቁጠባ፡-* ቁጠባዊ ስርዓት (ናጻ ዕዳጋ፤ ድሑር፤ ዝምዕብል፤ ዝማዕበለ)፤ ፖለቲካዊ ስርዓት (ዲሞክራሲ፤ ምልኪ፤ ፌደራላዊ፤ ኣሃዳዊ፤ ማእከላይ፤ ዘይማእከለ፤ ግርጭት ውድባት)፡፡
- *ዲሞግራፊያዊ ኣቃውማታት፡-* ብሄራት ህዝቢ፤ ዘርኢ፤ ኣቃውማ ሃይማኖትን፡፡
- *ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ ግርጭታት፡-* በቲ ዝሓለፈ ግርጭት ዝተጸልዉ ወገናት፤ ስፍሓት እቲ ዝበጽሐ ጉድኣት፤ እቲ ጎንፂ ፖለቲካዊ ድዩ ነይሩ ቁጠባዊ፤ ማሕበራዊ ወይ ከባብያዊ? ግርጭታዊ ትካላትን መሓውራትን (ምርጫ፤ መስርሕ ለውጢ፤ ዘይማዕርነት፤ ሽቕለት ኣልቦነት፤ ማሕበራዊ ጉጅለታት፤ ዲሞግራፊያዊ ጉጅለታት፤ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ)።

*ተዋሳእቲ ግርጭት*

*ተዋሳእቲ ግርጭት ኣብ ሓደ ግርጭት ዝሳተፉ ወይ ኣበርክቶ ዝገብሩ ወይ ከም ኣባላት ሓደ ወገን ወይ ካልእ ወገን ዝጽለዉ ውልቀሰባት ወይ ጉጅለታት ወይ ትካላት ወይ ሃገራት እዮም። እቶም ተዋሳእቲ ከባብያዊ፣ ሃገራዊ፣ ዞባዊን ብደረጃ ኣህጉርን ክኾኑ ይኽእሉ። ተዋሳእቲ ዝተፈላለዩ ባህሪታትን፤ ሓይሊ ወይ ዓቕሚን ኣለዎም፦ ፖለቲካዊ ስልጣን፤ ፖለቲካዊ ምትእስሳር፤ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፤ ደገፍ መረፃ፤ ንግዳዊ ርክብ፤ ብዝሒ ህዝቢ፤ መንፈሳዊ መሪሕነት፤ ማሕበራዊ መራኸቢታት፤ ሓበሬታ ምፍራይን ምዝርጋሕን፤ ዓለምለኻዊ መርበባት፤ ከምኡውን ቁጠባዊ ጸጋታትን ተበጻሕነትን፡፡*

*ኣብ ከይዲ ግርጭት ሓደገኛታት ክባሃሉ ዝኽሉ ተዋሳእቲ ኣለዉ፡፡ እቶም ካብቲ ግርጭት ረብሓ ዝረኽቡ ናይ ሰላም ሃዋህው ክህሉ ከሎ ዝስንብዱን ነቲ ግርጭት ንምቕጻል ዝጽዕሩን እዮም፡፡ ሓደገኛታት ተዋሳእቲ ግርጭት ኣብ ዘይሕጋዊ ገንዘብን ኣጽዋርን፤ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት፤ መሸጣ ናውቲ ኮንትሮባንድ፤ ዋጋ ዕዳጋ ኣቑሒት ምውሳኽ፤ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ምጽናሕ፤ ከምኡ ድማ መንግስትን ተፈጥሮኣዊ ሃፍቲ ህዝብን ምዝማት ተዋፊሮም ይርከቡ። ተዋሳእቲ ብሓደ ወገን ንነብሶም ንምሕያልን ነቲ ተጻባኢ ወገን ንምዕብላልን ከከም ኩነታቱ ክቕየሩ ዝኽእሉ መርበብ ወይ ጉጅለ ወይ ምሕዝነት ይፈጥሩ።*




*ጠንቂ ግርጭት*

- *መዋቕራዊ፦* እዚ ዓይነት ጠንቂ ነዊሕ ታሪካዊ ሱር ዘለዎ እዩ፦ ዘይምዕሩይ ምክፍፋል መሬት፤ ፖለቲካዊ ተነጽሎ፤ ሕማቕ ምሕደራ፤ ናይ ውልቀ/ጉጅለ ናጽነት ምስኣን፤ ልምሰት ዓቕሚ መንግስቲ፡፡

- *ህሉው፡-* እዚ ጠንቂ እዚ ኣብ ሓጺር እዋን ግርጭት ከበግስ ዝኽእል ፍጻመ ወይ መስርሕ እዩ፦ ምብዛሕ ኣጽዋር፤ ዘይሕጋዊ መርበባት ምቛም፤ ምልዕዓል ዘይመንግስታዊ ዕጡቕ ሓይሊ፤ ናይ ጎረቤት ፖለቲካ/ግርጭት ዶባት ክሰገር እንከሎ፤ ሓደሽቲ ዝተረኸቡ ሃፍትታት ተፈጥሮ፤ መረፃ ምትላል ወይ ምድንጓይ፤ ቁጠባውን ከባብያውን ሓደጋታት፤ ብኣጋጣሚ ዝፍጸም ቅትለት፤ ዕልዋ መንግስቲ፤ ናህሪ ዋጋ ዕዳጋ፤ ከምኡውን ብልሽውናን ዕንደራን።

- *በሰላ፦* እቲ ግርጭት ደው እንተበለውን ግዝያዊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኩናት ዘስዓቦ ጉድኣትን ቂምታን ንኻልእ ዙርያ ግርጭት መመኽነይታ ክኸውን ይኽእል እዩ። ጠንቂ እቲ ፈላማይ ግርጭት ተረሲዑ ግርጭት ዝወለዶ ብሓዱሽ ጠንቂ እናተተከአ ሕብረተሰባት ንዘበናት ኣብ መጻወዲያ ዘይሰበር ዑደት ግርጭት ያኣትዉ፡፡

<u>መርገጽን ረብሓን ተዋሳእቲ</u>

- *መርገጺ፦* ተዋሳእቲ ግርጭት ኣብ ሓደ ዘየሳማምዕ ጉዳይ ነናይ ውልቆም፤ ነናይ ጉጅሎኦምን ነናይ ሃገሮምን መርገጽ ይሕዙ፡፡ መርገጺ እቶም መሻርኽቲ ንክትዕ ዘቕርብዎ እዩ፡፡ እዚ ብልሙድ ብስምዒት ዝተሰነየ ክትዕ ስለዝኾነ ናይ ድርድር ዕድል ዝሕብ ኣይኸውንን። እቲ ናተጋደደ ዝኸይድ ዘይምርድዳእ ናብ ግርጭት ከምርሕ ተኸእሎ ኣለዎ። ካብቲ ግርጭት ክርብሑ ዝኽእሉ ውሽጣውን ግዳማውን ሓይልታት ድማ ነቲ ዘይምርድዳእ  የጋድድዎ፡፡ ንኣብነት፦ ክልተ ሰባት ነሓንቲ ብርቱኳን (ኣራንሺ) “ናተይ እያ፤ ናተይ እያ” እናበሉ ይማናጠሉዋ፡፡ ነታ ኣራንሺ ብዝምልከት ነፍሲ-ወከፍ መርገጺኦም “ኣነ እየ ዝውንና” እዩ፡፡ ፍርቂ ፍርቂ ክወስዱውን ክልቲኦም ድሉዋት ኣይኮኑን፡፡ እታ ኣራንሺ ሓንቲ እምበር ክልተ ስለዘይኮነት እዞም ክልተ ሰባት ናብ ባእሲን ምቅታልን ከበጽሑ ይኽእሉ፡፡ መርገጺኦም ቀሊዕኻ ውሽጡ ምራኣይ የድሊ፡፡

- *ድሌት፦* ኣብ ውሽጢ መርገጺ ብስምዒትን ብኣይሰዓርነትን ዝተጎልበበ "ድሌት" ዝበሃል ናይቲ ክትዕ ውሽጣዊ ትሕዝቶ ኣሎ፡፡ ኣብ መስርሕ

ምፍታሕ ግርጭት ኣብ "ኣድላይነት" ትኹረት ምግባር ወሳኒ እዩ፡፡ እቶም ብኽልተ ወገን ዘለዉ ተዋሳእቲ ግርጭት ዝብልዎን (መርገጺ) ዝደልይዎን ሓደ ድዩ? ብሓቂ እንታይ እዩ ዝድለ? ዝብል ዝኸበደ ሕቶ ክለዓል ይግባእ። ክልተ ሰባት እታ ሓንቲ ኣራንሺ “ኣነ እየ ዝውንና” ብምባል ናብ ባእሲ ሰጊሮም፡፡ ነታ ኣራንሺ ንምንታይ እዮም ዝደልዩዋ? ዝብል ሕቶ ተተላዒሉ ግን እቲ ዝወሃብ መልሲ ናብ ግርጭት ዝወስድ የብሉን፡፡ እቲ ሓደ ሰብ ዝደለዮ ናይታ ኣራንሺ ጽሟቕ እዩ፤ እቲ ካላኣይ ድማ ድልየቱ ነቲ ቆርበት ኣራንሺ እዩ፡፡ ብደረጃ መርገጽ እቲ ሓደ ሰብ ነታ ኣራንሺ እንተወኒኑዋ ጽሟቕ ሰርሑ ነቲ ቆርበት ይድርብዮ፡፡ እቲ ካልኣይ ሰብ ድማ ቆርበት ወሲዱ ነቲ ጽሟቕ ዝሓዘለ ኣራንሺ ይጉሕፎ፡፡ መብዛሕቱ ግርጭት ውሽጣዊ ድልየት ካብ ዘይምምርማር ዝብገስ እዩ፡፡

<u>መዳያይቦ ግርጭት</u>

ብመሰረት ሞዴል ግርጭት ጋሰል ግርጭት ብወጥሪ ተጀሚሩ ብሓባራዊ ዕንወት ይዛዘም፡፡ ፍሬደሪሽ ጋስል ትሽዓተ ደረጃታት መደያይቦ ምዕራግ ግርጭት ኣለልዩ ኣብ ሕድሕድ ደረጃ ታይ ከምዝፍጠርን ከመይ ከእለ ከምዝኸእልን ኣብሪሁ እዩ፡፡ ደረጃታት ግርጭት ከምዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፡-

ቀዳማይ ደረጃ፡- ወጥሪ ማሕበረሰብ ይጅምር፡፡ ትሑት ብርኪ ምግጣምውን ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ይረአ፡፡ ጉጅለታት ምፍጣር ግን ብንጹር ኣይጅመርን፡፡ እዚ ደረጃ ወጥሪ ዓሪጉ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ከይቕየር ብዘተ ክፍታሕ ዝኽእለሉ ደረጃ እዩ።

ካልኣይ ደረጃ፡- ክትዕ፤ ብጸሊምን ጻዕዳን ጥራይ ምሕሳብን ጽንፈ ምርጋጽን ይጅመር፡፡ ኣብዚውን ጉጅለታት ምፍጣር ብንጹር ኣይጅመርን፡፡ ኣብዚ ደረጃ እዚውን ጎንጺታት ከይገዱ ንምክልኻል ዓርሰ-ድጋፍ እኹል እዩ፡፡

ሳልሳይ ደረጃ፡- ክትዕ ምፍሻል ይጅምር፤ ቃላት ናብ ተግባር ይቕየሩ፤ ነቲ ካልእ ወገን ብጌጋ ምትርጓም ድማ ናተለመደ ይመጽእ፡፡ ኣብዚ ደረጃ እዚ ርክባት ከይባላሸዉ ምሕዝነት ካብ ዘለዎም ውልቀሰባት፤ ጉጅለታት፤ ትካላትን መንግስትን ሓገዝ የድሊ።

ራብዓይ ደረጃ፡- ነቲ ተጻባኢ ብትሪ ገጢምካ ንምስዓር ምንዳይ መሻርኽቲ፤ ምትእኽኻብን ምጉጅጃልን ይጅመር፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብዚ ደረጃ እዚውን እቲ ጎንጺ ናብቲ ቀጻላይ ደረጃ ከይዓርግ ሓገዝ ምሕዝነት ካብ ዘለዎም ውልቀሰባት፤ ጉጅለታት፤ ትካላት፤ መንግስታትን ክኢላታትን የድሊ፡፡

ሓሙሻይ ደረጃ፡- ኣብ ልዕሊ ተጻባኢ ወፍሪ ጸለመ ይጅመር፡፡ ብጸርፊን ብውርደትን ናይ ተጻባኢ ሞራል ንምስባር ጻዕሪ ይግበር፡፡ ኣብዚ ደረጃ እዚ ናይ ግዳማዊ ክኢላታት ሓገዝ የድሊ።

ሻድሻይ ደረጃ፡- ሞራል ናይ ምስባር መጥቃዕቲ ይቾጽል። ስትራተጂታት ምትእስሳር ጉጅለታት ምስተሓንጸጹን ወገናት ድማ ብዕሊ ምስተፈለዩን ንመጥቃዕትን ወራርን ዝኣኽሉ "ታንከታትን ባንከታትን" ይዳለዉ፡፡ ነዚ ስዒቡ ምፍርራሕ ይጅመር፡፡ እቲ ጎንጺ ካብዚ ብዝኸፍአ ከይታሓላለኽ ሃገራዊ፤ ኣህጉራዊ፤ ዓለም ለኻዊ ናይ ግልግል ኣካላት ጣልቃ ይኣትዉ፡፡

ሻብዓይ ደረጃ፡- ምፍርራሕ ናብ ቀጥታዊ ግጥም ይዓቢ፤ ሰብኣውነት ይጠፍእ (ንተጻባእቲ ከም ሰብ ምርኣይ ይተርፍ)፤ ውሱን ዕንወት ይበጽሕ፤ ኣብ ልዕሊ ተጻባእቲ ጉዳኣት ንምብጻሕ ኩሉ ዓይነት ሽርሒታት ይፍጸሙ፡፡ ኣብ ልዕሊ ተጻባእቲ ዝለዓለ ማህሰይቲ ይብጻሕ ዳኣምበር ናይ ወገንኻ ሞትን ዕንወትን ከም ግቡእ መስዋቲነት ጌርካ ምውሳድ፡፡ ተጻባእቲ ምውራድ፤ ሞራሎም ዝሰብር ዓመጽን ቀጥታዊ መጥቃዕቲን ገዲዱ ይቾጽል። እዚ ብምትእትታው ግዳማዊያን ጥራሕ ክፍታሕ ዝኽእል እዩ ዝኸውን።

ሻምናይ ደረጃ፡- ብምሒር ሓይሊ ኣጽዋር ቁጠባዊ፤ ማሕበራውን ከባብያውን ስርዓት ምጥፋእ፡፡ እዚውን ብምትእትታው ግዳማዊያን ጥራሕ ክፍታሕ ዝኽእል እዩ ዝኸውን።

ታሽዓይ ደረጃ ፡ ምሉእ ጥፉኣት፤ ሓባራዊ ዕንወት፤ ተታሓሒዝካ ናብ ገሃነም ምውራድ፤ ክትምለስ እንተደለኻውን ኣብ ዘይትምለሰሉ ደረጃ ምብጻሕ። እዚውን ብምትእትታው ግዳማዊያን ጥራሕ ክፍታሕ ዝኽእል እዩ ዝኸውን። ንኣብነት፡- ሓባራዊ ዕንወት ኹናት ትግራይ ናብ ፕሪቶሪያ ምኻድ ኣገዲዱ፡፡

## 7.2. ድሕሪ-ግርጭት ዳግመ-ህንጸት

ድሕሪ-ግርጭት

ድሕሪ-ግርጭት ማለት ሱር ጠንቂ ግርጭት ጠፊኡ ማለት ኣይኮነን። ተኹሲ ደው ምባልውን ፍጹም ኣይኮነን፤ እቲ ግርጭት ድሕሪ ስምምዕ ሰላምውን ናይ ምቕጻል ተኽእሎ ስለዘለዎ፡፡ ድሕሪ-ግርጭት ዝብል ሓረግ ምቁራጽ ግርጭትን ብልጭታ ሰላምን ጥራይ እዩ ዘመልክት።

ድሕሪ-ግርጭት ዳግመ-ህንጸት

ዳግመ-ህንጸት ብናይ ሰላም ስምምዕ እዩ ዝጅምር፡፡ ዳግመ-ህንጸት ሕግን ስርዓትን፤ ሰናይ ምምሕዳር፤ ቁጠባዊ ትንሳኤ፤ ከምኡውን ፖለቲካውን ማሕበራውን ምርድዳእ ናብ ንቡር ንምምላስ ከቢድ ጻዕሪ ይግበር፡፡ ዳግመ-ህንጸት ዝተሓላለኸን ብዙሕ ሸነኻት ዘለዎን ጻዕሪ እዩ። ድሌት እቲ ዝተጎድአ ህዝቢ ዘማልእ ድሕሪ-ግርጭት ዳግመ-ህንፀት ግርጭት ዳግማይ ከይቃጻጸል ዝከላኸል፤ ሱር ግርጭት ዝርዳእ፤ ዘላቒ ሰላም ዘጠናኽርን ኩለመዳያዊ ስጉምትታት ዝወስድን እዩ።

ናይ ድሕሪ-ግርጭት ዳግመ-ህንጸት ዓቢ ብድሆ ማዕረ ኣቓልቦ ንዝሓቱ ብዙሓት ዕማማት ደረጃ ቀዳምነት ምሃብ እዩ። እቲ ልሙድ ኣካይዳ ዳግመ-ህንጸት ቁጠባዊ ጉዳያት ሸለል ተባሂሎም ኣብ ፖለቲካውን ጸጥታውን መዳያት መስርሕ ሰላም ጥራይ እዩ ትኹረት ዝወሃብ፡፡ ዳግመ-ህንጸት ግን ኣዝዩ ዝሰፍሐ ስራሕ ዝሓትት እዩ፤ ኣዕናዊ ግርጭት ዘስዓቦ ከቢድ ሓፈሻዊ ጉድኣት ስለህሉ፡፡ እቲ ሰላም ዘላቒ ክኸውን ዝኽእል ድማ እዞም ጸገማት እዚኦም ብዘላቒ መንገዲ ምስ ዝፍትሑ እዩ፡፡

ግርጭት ዘስዓቦም ጉድኣታት

- ኣብ ደቂ ሰባት ዝበጽሕ ዕንወት (ምሕጻር ዕድመ፤ ሞት ዕሸላት፤ ምንካይ ተበጻሕነት ጥዕናን ትምህርትን)፡፡
- ምዕናው ትሕተ-ቅርጺ (መጓዓዝያ፣ ርክብ፣ ማይን ጸዓትን፣ ኣባይቲ)፡፡
- ሕጽረት ዝተማህረ ሓይሊ ሰብ (ውሽጣዊ ምዝንባልን ስደትን)፡፡

- ቁጽሪ ሕብረተሰባዊ ጽግዕተኛታት (ስንኩላን፤ ኣረጋውያን፤ ህጻናት፤ ተመዛበልቲ፤ ዕጥቂ ዝፈትሑ ዕጡቓት ነበር) ምውሳኽ፡፡
- ቁጠባዊ ምንቁልቋል (ቅድሚ ግርጭት ካብ ዝነበረ ዝኸፍአ)
- ዓቢ ፊስካላዊ ክሳራ (ዕድጊት ኣጽዋርን፤ ምንካይ እቶት መንግስትን)
- ናይ ገንዘብ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ምንቁልቋል (ወጻኢ ኲናት ንምሽፋን ዘይሕጋዊ ናይ ገንዘብ ሕትመት)
- ካብ ኢንቨስትመንት ዝተፈጠረ ሃፍቲ ካብ ሃገር ምውጻእ፡፡
- ኣብ እዋን ኲናት ዘይተኸፍለ ናይ ወጻኢ ልቓሕ ምውህላል፡፡
- ናይ ወጻኢ ንግዲ ምትዕንቓፍ፡፡

<u>ዳግመ-ህንጸት ከም ኣሰር ኣጻብዕቲ</u>

ነፍሲ ወከፍ ጻዕሪ ዳግመ-ህንጸት ፍሉይ ክኸውን ኣለዎ፤ ኲነታት ግዳያት ስለዝፈላለ፡፡ እቲ ህንጸት ምስ ፍሉይ ድሌታት ግዳያት ክሰማማዕ ይግባእ። መበገስቲ ፍልልያት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ጠንቂ ናይቲ ግርጭትን ዝተፈትሓሉ ሜላን።
- ተኣማንነት ደው ምባል ተኹሲ፡፡
- ቅድሚ ግርጭት ዝነበረ ቁጠባዊ ኲነታት፡፡
- ደረጃ ልምዓት ናይቲ ዝተጎድአ ከባቢ፡፡
- ግርጭት ደው ንምባል መጠን ኣህጉራዊ ደገፍ፡፡
- ኣብቲ ዝተጎድአ ከባቢ ለገስቲ ዝረኣዮም ፖለቲካውን ቁጠባውን ረብሓታት፡፡

<u>መትከላት ዳግመ-ህንጸት</u>

- ሃገራውን ከባብያውን ዋንነት ምርግጋፅ፡፡
- ጠንቂ ጎንፂ ምንካይ፡፡
- ንኹሉ ስራሕቲ ስትራተጂካዊ ኣመራርሓ ምፍጣር፡፡

- ዳግመ-ህንጸት ማለት ብሉጽነትን ዝለዓለ ደረጃ ምዕዋትን ማለት እምበር ናብቲ ቅድሚ ኲናት ዝነበረ ኩነታት ምምላስ ማለት ኣይኮነን፡፡
- ቅድሚ ዳግመ-ህንጸት ገምጋም ድሌታት ግዳያት፣ ኣብ ከይዲ ዳግመ-ህንጸት ምክትታል መስርሕ ኣፈፃፅማ፤ ዳግመ-ህንጸት ምስተዛዘመ ድማ ምትግባር ገምጋም ዓወትን ውድቀትን፡፡
- ሓቋፋይነት፣ ፍትሓውነት፤ ዘይሻራዊነት፤ ምርድዳእን ምትሕብባርን ባህሊ እቲ መስርሕ ዳግመ-ህንጸት ክኸውን ይግባእ፡፡
- ዳግመ-ህንጸት ዓውዲ ሕርሻ ንመነባብሮ ህዝቢ ገጠርን ዕድላት ስራሕ ተጋደልቲ ነበርን።
- ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ንዕብየትን ውልቀ ሴክተር ምቹው ሃዋህው ምፍጣር፡፡
- ንናይ ወፃኢ ኢንቨስትመንት እኹል ትካላዊ ቅርጺ ምቛም (ምዝገባ ኩባንያታት፣ ሓለዋ ውልቃዊ ንብረት፤ ጸብጻብ ክሳራ)፡፡
- ዝተወሰኑ ንመኸሰብ ዘይሰርሑ ቁጠባዊ ኣሃዱታት ምፍራይን ምትብባዕን፡
- ንማክሮ ኢኮኖሚያዊ ምርግጋእን ዘላቒ ዕብየትን ዘድልዩ መዋቕራዊ ለውጥታት ምትግባር፡፡
- ምትእኽኻብ ሃፍቲ ውሽጢ ሃገር ብምልምማድ ንሓደጋ ፅግዕተኛነት ሓገዝ ወጻኢ ምውጋድ፡፡
- ኣብ ኩሉ መዳያት ዘላቒ ህንፀት ዓቕሚ ንምህናጽ ፃዕሪ ምግባር፡፡

<u>ቀንዲ ብድሆታት ዳግመ-ህንጸት</u>

- ዳግመ-ህንፀት ዝመርሑ ግዝያዊ ምምሕዳራት ቁልፊ ቁጠባዊ ውሳነታት ንምውሳን እኹል ሕጋውነት የብሎምን።
- ናይ ወጻኢ ኢንቨስተራት ፖሊሲታት ግዝያዊ ምምሕዳር ጸኒሑ ስሩዕ መንግስቲ መስተተኽለ ክቕየሩ ይኽሉ እዮም ብዝብል ስግኣት ኣብ ዳግመ-ህንፀት ገንዘቦም ንምውፋር ድሉዋት ኣይኮኑን።

- መደባት ዳግመ-ህንጸት ዝመርሑ ለገስቲ ድኽመታትን ዘይምስምማዕን እኳ እንተሃለዎም ንመንግስቲታት ሓገዝ ተቐበልቲ ሃገራት ኣብ ፖሊሲታቶም ከኣትዉ ኣይፈቕዱሎምን።
- ንዳግመ-ህንጸት ዝልገስ ደረጃ ሓገዝ ዝውሰን ንቁጠባዊ ዕብየት ግዳያት ሃገራት ብዘለዎ ረብሓ ከይኮነስ ንዓበይቲ ምዕራባውያን ለገስቲ ሃገራት ብዝህልዎ ስትራተጂካዊ ረብሓ እዩ።
- “ልማት እንደ ተለመደው” በሚል መርሆ ለጋሽ አገሮች በመልሶ ግንባታው አካሄድ የተጎዱት ግዛቶች ልዩ ፍላጎቶችን አያገናዝቡም
- “ልምዓት ከምቱ ንቡር” ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ለገስቲ ሃገራት ንዳግመ-ህንጸት ዝገብርዎ ሓገዝ ፍሉይ ድልየት ግዳያት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን፡፡ ፍሉይ ድልየት ግዳያት ብዘይግድስ ንኹሉ ብሓደ ኒዮ-ሊበራላዊ ዓይኒ ብምርኣይ እዩ ጸገማት ከፈትሑ ዝፍትኑ፡፡
- ለገስቲ ስእነት ዝፈጥሩ መደባት መዋቕራዊ ምትዕርራይ ብምትግባሮም ንዝፍጠሩ ግርጭታት ሓላፍነት ናይ ምቕባል ድልየት የብሎምን፡፡
- ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ዳግመ-ህንጸት ሓገዝ እታ ተቐባሊት ሃገር ኣቓልቦ ሚድያታት ክሳብ ዝረኽበት ጥራይ እዩ ዝጸንሕ።
- ኣብ ዳግመ-ህንጸት ዝተዋፈሩ ኮንትራክተራት፣ ትካላት ምኽሪን ካልኦት ዘይመንግስታውያን ትካላትን ፕሮጀክትታት ህንጻ፤ መደባት ስልጠናን ምክፍፋል መግብን ንምትግባር ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር ይረኽቡ። ይኹን እምበር ካብዚ ብዙሕ ገንዘብ ናብ መንግስቲታት ግዳያት ሃገራት ዝበጽሕ የለን፡፡ ኣብተን ዝተጠቕዓ ሃገራት ዕድጊትውን ኣይግበርን።
- ናይ ወፃኢ ኮንትራክተራት ተሓታትነት ኣብ ዘይብሉ ንብልሽውናን ብኽነት ሃፍቲን ይቃልዑ፡፡
- ናይ ወጻኢ ሰብ ሞያ ካብ ደቂ ዓዲ ብብዙሕ ዕጽፊ ዝለዓለ ደሞዝ ይረኽቡ። ብጸገማት ሂወት እቲ ግዳይ ግርጭት ዝኾነ ህዝቢ ከይተተንከፉ ዝነብሩሉ ምዕሩግ መንበሪ ገዛውቲውን ኣለዎም። ልዑል እቶት ዘለዎም ዓለምለኻውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ህይወት እቲ ዝሰርሑሉ ከባቢ ቅልውላው ይፈጥሩ። ብሰንኮም ኣብ ዕዳጋ ኣቑሑትን ዘፈር ኣገልግሎትን ዋጋታት ይውስኽ፡፡ ከምኡውን ቁጠባዊ ፀገም ኣብ

ዘለዎ ሕብረተሰብ ምንዝርና የስፋሕፍሑ፤ ዋጋ መነባብሮ የንህሩ፤ ድኽነትን ዘይምዕሩይነትን የጋድዱ፡፡

- ልዑል ብቕዓት ዘለዎም ሰብ ሞያ ውሽጢ ዓዲ ዝሓሸ መሃያ ንምርካብ ናብ ዘይመንግስታዊ ትካላት ብምውሓዝ ዓቕሚ ሃገር የዳኽሙ፡፡
- ለገስቲ ናይ ሓገዝ ቃል ኪዳን የደናጉዩ፤ የጉዱሉ፤ ወይ ድማ ዝረስዕዎ መሲሎም ኣብ ካልእ ግዜ ከም ሓድሽ መብጽዓ ገይሮም የቕርብዎ።
- ለገስቲ ካብቲ ንማሕበረ-ቁጠባዊ ዳግመ-ህንጸት ዝገብሩዎ ጻዕርታት ንላዕሊ ንወተሃደራዊ ጉዳያት ዝያዳ ገንዘብ ይምድቡ።
- ኣህጉራዊ ተልእኾታት ዳግመ-ህንጸት ዝዛዘመሉ ዕለት ብንጹር ኣይፍለጥን፡፡

## 7.2. ዝተዋደዱ ስጉምትታት ኣፈፃፅማ ዳግመ-ህንፀት

<u>ሓጺር ግዜ</u>

1. *ህጹጽ ሰብኣዊ ኣገልግሎት*

- ሰብኣዊ ስጉምቲ ዘኽእል ፖለቲካውን ሕጋውን ባይታ ምፍጣር፡፡
- ብቕዓትን ኣድማዕነትን መደባት ዘረጋግጹ ትካላዊ ኣገባባት ምቛም፡፡
- ምቕራብ እኹል ህይወት ዘድሕንን ህይወት ዘቐፅልን መሰረታዊ ሰብኣዊ ኣገልግሎት (መግቢ፣ ፅሩይ ማይ፣ መሰረታዊ ጥዕና፣ ፅሬትን፤ መፅለልን)
- ብፍሉይ መደብ ምክልኻል ኣዝዮም ተላባዕቲ ዝኾኑ ሕማማት ምቁጽጻርን ንቕሓት ምፍጣርን፡፡
- ፍሉይ ድሌታት ዘማልኡ ናውታዊ፤ ስነኣእምሮኣዊ፤ ማሕበራዊ፤ ቁጠባውን ሕጋውን መደባት (ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን፤ ኣረጋውያን፣ ስንኩላን፤ ሕሙማት፤ ግዳያት ጾታዊ ዓመጽ)፡፡
- ዝተፈላለዩ ኣባላት ስድራቤት ምርኻብ፤ ተመዛበልትን ስደተኛታትን ናብ ዝተወለዱሉ ቦታ ምምላስ ወይ ድማ ኣብ ዝመረጽዎም ካልኦት ከባቢታት ክሰፍሩ ምሕጋዝ፡፡

- ኣብ እዋን ግርጭት ዝጠፍኦን ዝተበላሸወን ንብረት ብዝምልከት ንወነንቲ ባዕሎም፤ ወነንቲ እንተዘይብሎም ንደቆምን መጻምድቶምን መርትዖ ሰነዳትን መለለዪ መንነትን ምድላው፡፡
- ትኹረት ንዳግመ-ህንፀት ወሰንቲ ማሕበራዊ ትሕተ-ቅርጺ (ሆስፒታላት/ክሊኒካት፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ማእከላት ህዝባዊ ምምሕዳር፣ ጽርግያታት፣ ድልድላት፣ መጓዓዝያን መራኸቢታትን)
- ምሕዋይን ዕርቅን ንምምችቻው ኣብ ፍልጠትን ክእለትን ሕብረተሰብ ዝተመስረቱን ቅልጡፍ ፅልዋ ዘለዎምን ፕሮጀክትታት ምድላው፡፡
- መስርሕ ሰላምን ዳግመ-ህንፀትን ንምሕጋዝ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ፤ ተሳትፎ ሲቪላዊ ማሕበራትን ወከልቲ ዝተጎድኡ ጉጅለታትን ልዑል ተራ ኣለዎም።
- ናይ ነዊሕ ግዜ መደባት ልምዓት ምስዞም ናይ ሓጺር ግዜ መባእታዊ መደባት ክውሃሃዱ ኣገዳሲ እዩ።

2. *ስራሕቲ ምትግባር ድሕንነት*

- ምቁጽጻር ደው ምባል ተኹሲ፡፡
- ምፍታሕ ኣጽዋር ተዋጋእቲ ነበር፤ ተሃድሶ፤ መሰነይታን እግሪ ምትካልን፡፡
- ተረፍ መረፍ ኲናት ምምካንን ምጒሓፍን (ነተጒቲ)፤ ብዛዕባ ነተጒቲን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ንህዝቢ ትምህርቲ ምሃብ፤ ብነተጉትን ዘይተፈንጀሩ ኣጽዋርን ዝተሃስዩ ሰባት ምሕጋዝ፡፡
- ዘይሕጋዊ ኣጽዋር፤ ተተኮስትን ነተጒቲን ምእካብ፡፡ ኣብ ሕጋዊ ዋንነት ሲቪላትን ወከልቲ መንግስትን ዝርከቡ ኣናእሽቱ ኣጽዋር ናብ ዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ ከየአትዉ ምቁጽጻር፡፡
- ምኽባር ሃገራዊ ድሕነት ዶብ (ምቁጽጻር ዶባትን ጉምሩክን፤ መእተውን መውጽእን መፈተሺ ነቑጣታት መውሳን)፡፡
- ሓለዋ ጸጥታ ንሲቪላት፤ ወሰንቲ ውልቀሰባት፤ ትሕተ-ቅርጺ፤ ንናይ ብሕቲ ንናይ መንግስቲን ወተሃደራዊን ትካላት፡፡ ፍሉይ ጸጥታዊ ሓለዋ ድማ ንዝተቓልዑ ጉጅለታት (ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣዋልድ፣ ህጻናትን ተጋደልቲ ነበርን)፡፡

- ትካላት ውሽጣዊ ድሕንነት መውዳብ (ሃገራዊ ምክልኻል፤ ዘይስሩዕ ሰራዊት፤ ዞባዊ ሓይልታት፤ ሓይልታት ፖሊስ፤ ኣገልግሎት መእሰሪ)፡፡
- ህዝባዊ ትካላት ሕግን ስርዓትን ምምላስን ምሕያልን፡፡
- ኣብ ልዕሊ ሲቪላዊ-ወተሃደራዊ ዝምድናታት ክትትል ምግባር (ባይቶኣዊ ኮሚቴታት፡ ተቖጻጻርቲ ኣካላት፤ ሃገራዊ ሓለዋ ንብዓት)፡፡
- መጠን ዘፈር ፀጥታ ምውሳን፤ ዓቕሚ ሰብ ምህናጽ፤ ሞያዊ ምግባር፡፡
- ኣፅዋር፤ ተተኮስትን ነተጐትን ብቴክኖሎጂ ደቀባት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ምፍራይ፡፡ ነዚ ክእለት ናብ ኣገልግሎት ሰላማዊ ልምዓት ምስግጋር።
- ድሕንነትን ፍትሕን ዝምልከት ኣብ ኣካላት መንግስቲ ለውጢ ምግባር፡፡
- ተሓታትነት ዘፈር ፀጥታ ምርግጋፅ፡፡
- ንጸጥታ ዝሕግዙ ሲቪላዊ ማሕበራት ምውዳብ፡፡

3. ሰብኣዊ መሰላት፤ ፍትሕን ዕርቅን

- ግርጭታት ከበግሱን ወይ ክቕጽሉ ዘኽእሉን ጸገማት ምእላይ፡-
    - ጸለመን መንነት መሰረት ዝገበሩ ኣድልዎጽትን፡፡
    - ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፡፡
    - ናይ ሕማቕ ተሞኩሮ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጽዕንቶ፡፡
    - ንመንግስቲ ዘይምእማን፡፡
    - ሕብረተሰባዊ ዘይምትእምማን፡፡
    - ሕጊ ኣልቦነት፡፡
    - ዘይምዕሩይነት ሓይሊ ስልጣን፡፡
    - ምብትታን ትካላት፡፡
    - ጎዳእቲን ተጎዳእቲን ኣብ ሓደ ከባቢ ብሓባር ምንባር፡፡
- ተበፃሕን ውፅኢታውን ስርዓት ፍትሒ ምህናጽ፡-
    - ናፅነት ስርዓት ፍትሒ፡፡
    - ሞያዊ ብቕዓት ኣብ ኣወሃህባ ፍትሒ፡፡
    - ህዝባዊ እምነት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ፍትሒ፡፡
    - ትምህርቲን ስልጠናን ንውልቀሰባትን ትካላትን ፍትሒ፡፡
    - ምድንፋዕ ፋይናንሳውን ቴክኒካውን ዓቕሚ ስርዓት ፍትሒ፡፡

- ተግባራውነት ዓለምለኸ ሕግታት፡፡

- ምውህሃድ ሃገራዊ ሕግታት ምስ ባህላዊ ኣገባብ ዕርቅን ፍትሕን፡፡
- ኣብ ስርዓተ ትምህርትን ካልኦት ሲቪካዊ መዳያትን ባህሊ ሰላም (ሰብኣዊ መሰላት፣ ፍትሕን ዕርቅን) ምምዕባል።
- ሃይማኖታዊ ትካላት፤ ሚድያን ሲቪላዊ ማሕበራት ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ምትስጓስን ምሕላውን ፍትሕን ዕርቅን ክሳተፉ ምግባር፡፡
- ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ፍልልያት ናይ ምጽውዋር ባህሊ ምህናጽ፡፡

<u>ማእከላይ ግዜ (ትራንስፎርሜሽን)</u>

1. *ምምሕዳር*

- ሰናይ ምምሕዳር ንምዕዋት ዝሕግዙ ፖሊሲታት ምቛም፡፡
- ቅልጡፍ ህንፀት ዓቕሚ ምፍጣር፡፡
- ንጊዚያዊ መንግስትን ሰበስልጣኑን ዝምልከቱ ሕግታት ምውጻእን ግብራዊ ናይ ስልጣን መደብ ምውዳብን።
- ምሕያል ስርዓት ሕጊ (ንጹር ስልጣን ኣብ መንጎ ፈጻሚ፣ ሓጋጊን ፍትሒን ኣካላት)፡፡
- ዘይተማእከለ ስርዓት ምሕደራ ምምስራት፡፡
- ውዳበ ሓላፍነታዊ፣ ስሉጥን ውፅኢታውን ሃገራዊ ኣገልግሎት፡፡
- ዞባውን ኣህጉራውን ናይ ዲሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ቻርተራት ምፍራም፤ ምጽዳቕን ምትግባርን።
- ኣብ ሃገራዊ፣ ዞባዊ፣ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ምውህሃድ ግልፅነትን ፀረ ግዕዝይናን ምስታፍ፡፡
- ምቛም ፖለቲካዊ ውድባት፤ ምትብባዕን ስልጠና ምሃብን።
- እዋናዊ፣ ሰላማዊ፣ ነጻን ፍትሓውን መረጻ ምክያድ፡፡

- ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ሓበሬታ ኣቀራርባ ብዝምልከት ስልጠና ምሃብን ሞያዊ ብቕዓትን ምርግጋጽ፤ ናጽነትን ስነ-ምግባርን ምምዕባል፤ ከማኡውን ሕገ መንግስታዊ ደገፍ ምሃብ፡፡
- ምትግባር ንኹሉ ዝሓቁፍ ብዙሕ ሸነኻት ዘለዎ ህዝባዊ ተሳትፎ፡፡
- ተሳትፎ ናይ ከባቢ ሲቪላዊ ማሕበራትን ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበሩ ትካላትን ምትብባዕ፤ ናይ ምስታፍ ዓቕሞም ምህናጽ፡፡
- ኣብ መንግስታዊ ትካላትን ውልቀ ሴክተርን ኣብ ውሳነ ምሃብ ስልጣን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብዝሐን ምውሳኽ፡፡
- ግርጭታት ንምቁፅፃር፣ ንምክልኻልን ንምፍታሕን ዝሕግዙ ስትራተጂታት ምምዕባል፡፡

2. *ቁጠባ*

- ኣብ መንጎ ቁጠባዊ ዕብየትን ኣወሃህባ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሚዛን ክህሉ ይግባእ።
- ዳግመ-ህንፀት ማሕበራዊ ርእሰማል ክሳለጥ፡፡
- ፀገም ሸቕለት ኣልቦነትን ሕፅረት ልቓሕን ክፍታሕ፡፡
- እግሪ ምትካል ንግዲ ውሽጢ ዓዲ፣ ዞባውን ዓለምለኻውን፡፡
- ቀልጢፎም ናይ ምሕዋይ ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ኣብ ኣናእሽቱ ንጥፈታት ምትኳር፡፡
- ንመንእሰያት ፍሉይ ማሕበራውን ቁጠባውን ናይ ምሕዋይ መደባት ምሕንጻጽ፡፡
- ንዘላቒ ሓለዋ ከባቢ ዝምልከቱ ፖሊሲታትን መደባትን ምድንፋዕ፡፡
- ስርዓታት ምእካብ እቶት፤ ትካላት ፊስካላውን ፋይናንሳውን ምውዳብ፡፡
- ተሓታትነትን ግልፅነትን ዘረጋግፁ መሓውራት ምጥንኻር (ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር፣ መሓውራት ፀረ-ግዕዝይናን ክትትልን ገምጋምን)።
- ዲያስፖራ ኣብ ኩሉ መዳያት ማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባለ ከሳትፍ።

- መደባት ማሕበራውን ቁጠባውን ልምዓት ንምውጣን፣ ንምትግባርን ንምክትታልን ዓቕሚ ምእካብን ምትንታንን መረዳእታ ምህናፅ።
- ዳግመ-ህንፀትን ልምዓትን ዝድግፍ ቴክኖሎጂካዊ መሰረት ምቕማጥ።

3. *ምተእኽኻብ ሃፍቲ (ምውህሃድ ዘይመንግስታዊ ምስ መንግስታዊ)*

- ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ኣብ ምምዕባል ደገፍ ይህቡ፡፡
- ብመሰረት ገምጋም ኣገዳስነት ዘድሊ ብዝሕን ፅሬትን ደገፍ ኣብ ምውሳን ደገፍ ይህቡ፡፡
- ብስራሕ መጀመሪ ገንዘብ፤ ብቴክኒካዊ ደገፍን ስልጠናን ይሕግዙ፤ ሰናይ ተሞክሮታት ኣብ ምክፋልውን ይሰርሑ፡፡
- ምስ ለገስቲ ኣብ ዝግበር ድርድር ውዕላት ምቹእን ፍትሓውን ምኳኖም የረጋግጹ፡፡
- ለገስቲ ንደገፍ ዝገብርዎ መብጽዓ ክውን ክኸውን ይጽዕሩ።
- ምስ ኣለቃሕቲ ብምድርዳር ዕዳ ክስረዝ የማቻችዉ፡፡
- ኣብ ምኽፋል መሃያ ዘፈር ሲቪል ሰርቪስን ድሕንነትን፣ ኣብ እዋን ግርጭት ዘይተኸፈለ መሃያን ናይ ጡረታ ኣበልን ብዝምልከት ሓገዝ ይገብሩ፡፡
- ኣብ ምውሳን ቀዳምነት መደባት ይሳተፉ፡፡




***************************************************************

## ናይ ዘፈራት ልምዓት ዓወታትን ውድቀታትን መዐቀኒታት

### 1. ቁጠባ

- ፍጹም ድኽነት (ንዘይማዕበላ ሃገራት)፡- መሰረታዊ ድሌታት (ማይ፡ ክዳን፡ መግቢ፡ መጽለልን መሰረታዊ መድሃኒታትን) ምምላእ ምኽኣልን ዘይምኽኣልን።
- ዋጋ ኣገደስቲ ነገራት ምስ ዓቕሚ ተመጣጣኒ ምዃኑን ዘይምዃኑን።
- ዋጋ መነባብሮ ወሰኽ ብሚኢታዊ፡፡
- ጎደሎ ኣህጉራዊ ንግዲ ካብ ጠቕላላ ዋጋ ሃገራዊ ፍርያት ብሚኢታዊ፡፡
- ድሕሪ ግብሪ ኣብ ጁባ ዝህሉ ክባር ናይ ማቻ ኣቑሑት ንምግዛእ ዘኽእል ማእከላይ መጠን ገንዘብ ብዶላር፡፡
- ዕድላት ስራሕ ምውሳኽ ወይ ምንካይ ብሚኢታዊ፡፡
- ሃልኪ ጸዓት ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ብኪሎዋት፡፡
- ስራሕ ናይምፍጣር ደረጃ (ኢንተርፕሪነርሺፕ)፡፡
- ደረጃን ብዝሕን ናብ ወጻኢ ዝለኣኹ እሴት ዝወሰኹ ናይ ፋብሪካ ኣቑሑት፡፡
- ጽግዕተኛነት ኣብ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ብሚኢታዊ፡፡
- ብጽሒት ቀጥታዊ ኢንቨስትመንት ወጻኢ ኣብ ናይ ሃገራዊ እቶት ብሚኢታዊ፡፡
- ብጽሒት ነፍሲ ወከፍ ቁጠባዊ ሴክተር ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ውሽጢ ሃገር ፍርያት ብሚኢታዊ ።
- ዓመታዊ ብጽሒት ነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብ ሓፈሻዊ ናይ ውሽጢ ሃገር ፍርያት ብዶላር፡፡
- መጠን ጠቕላላ ዕቋር ሒሳብ ብዶላር፡፡
- ካብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝመጽእ ፍርያት ካብ ጠቕላላ ኣታዊ ንግዲ ብሚኢታዊ፡፡

- ናይ ሕብረተሰብ ላዕለዎት 20 ሚኢታዊን ታሕተዎት 20 ሚኢታዊን ካብ ጠቕላላ እቶት ሃገር ዝረኽብዎ ኣታዊ ብሚኢታዊ።
- መጠን ዕዳ ብዶላር።
- መጠን ዝቕባበ ብሚኢታዊ።
- ደረጃ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ብመንፅር ፅሬትን ብዝሕን።
- ኣፍራይነት ሰራሕተኛታት ብመንፅር ፅሬትን መጠን ምህርትን ኣብ መዓልቲ/ኣብ ዓመት።
- መጠን ሃገራዊ ጽግዕተኛነት ሰደድ ወጻኢ ንግዲ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ (ጥረ-ፍርያት) ብሚኢታዊ።
- ሃገራዊ ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ንምምዛን ዝተፈላለዩ ባጤራታት ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ምንጽጻር፡፡
- ንዋጋ መነባብሮ ክሽፍን ዝኽእል መጠን ደሞዝ ምውሳኽ ወይ ምንካይ፡፡
- ኣብ ኣንጻራዊ ድኽነት (ንሃፍታማት ሃገራት ዝምልከት እዩ) ዝርከቡ ሰባት ማእከላይ እቶት ምስ ዝተረፈ ህዝቢ ማእከላይ እቶት ክነጻጸር ከሎ፡፡
- ብጽሒት ሓዋላ ኣብ ሓፈሻዊ ሃገራዊ እቶት ብሚኢታዊ፡፡
- ውፅኢታዊነት ምእካብን ኣጠቓቕማን ግብሪ፡፡
- ደረጃ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ምስ ምዕቡላት ሃገራት ክነጻጸር ከሎ፡፡
- ብዙሕነት ንግዳዊ ፍርያት (ብዓይነት፣ ብዝሕን) ብጽሒት ብሚኢታዊ፡፡
- ንንግዲ ዝግበር ምክልኻልን ደገፍን (ደረጃ ገደብ ታሪፍ)፡፡

## 2. <u>ትምህርቲ</u>

- ልዕሊ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ብመሰረታዊ ደረጃ ከንብቡን ክጽሕፉን ዝኽእሉ ብሚኢታዊ።
- ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ህጻናት ቁጽሪ ናይቶም ኣብ መባእታ ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ህጻናት ብሚኢታዊ።

- ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወድአ ኣብ ዕድመ ስራሕ ዝርከብ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ኣብ ዕድመ ስራሕ ዝርከብ ህዝቢ መባእታ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወድአ ብሚኢታዊ።

**3. <u>ጥዕና</u>**

- ንህጻናት ዝወሃብ ናይ ተላባዒ ሕማማት ክታበት ብዝሒ፡፡
- ደረጃ ኣመጋግባ ህጻናት፡፡
- መባእታዊ ትካላት ክንክን ጥዕና ምርካብ ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ዝተኸተቡ ሰባት ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ተጠቀምቲ ትምባኾ ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ትሑት ክብደት ዘለዎም ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ብሚኢታዊ።
- ብጥዕና ዝንበረሉ ማእከላይ ዕድመ ብዓመታት፡፡
- ብዝሒ ሰባት ንሓደ ሓኪም፡፡
- ልዕሊ ዓቕን ክብደት ዘለዎ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ትሕቲ ዓቕን ክብደት ዘለዎ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ብዝሒ ዓርሰ ቕትለት ካብ 100 ሽሕ ሰባት

**4. <u>ማይን ጽሬትን</u>**

- መጠን ጠቕላላ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሃፍቲ ማይ ብኪዩቢክ ኪሎሜተር፡፡
- ሃልኪ ማይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሴክተር ብኪዩቢክ ኪሎሜተር፡፡
- ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ተጠቃሚ ዝተመሓየሸ ቀረብ ማይ ዝኾነ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ተጻሪዩ ዝፍኖ ረሳሕ ማይ ካብ ጠቕላላ ረሳሕ ማይ ብሚኢታዊ።

## 5. መሰረተ ልምዓት

- ናይ ጽዕነት መጓዓዝያ ዓይነታት (ባቡር፣ መኪና፣ ነፋሪት) ብሚኢታዊ።
- ናይ ተሳፈርቲ መጓዓዝያ ዓይነታት (ባቡር፡ መኪና፡ ነፋሪት) ብሚኢታዊ።
- ኤሌክትሪክ ወይ ካልእ ዘመናዊ ኣገልግሎት ጸዓት ዘይብለን ስድራቤታት ብሚኢታዊ።
- ብዝሒ ሰባት ንሓንቲ መኪና

## 6. ጸዓት

- ተበጻሕነት ስድራቤታት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ብሚኢታዊ።
- ባህላዊ ምንጪ ጸዓት (ዕንጨይቲ፣ ፈሓም፣ ተረፍ ኣእካል፣ ሓመድ፣ ቁጥቋጥ፣ ሓሰር፣ ከሰል) ዝጥቀሙ ስድራቤታት ብሚኢታዊ።
- ሃልኪ ተሓዳሲ ምንጪ ጸዓት (ንፋስ፡ ጸሓይ) ካብ ጠቕላላ ሃልኪ ጸዓት ብሚኢታዊ።
- ሃልኪ ጸዓት ካብ ጂዲፒ ብሚኢታዊ።
- ሃልኪ ነዳዲ መጓዓዝያ ብሊትሮ/ኪ.ሜ፡፡

## 7. ሓበሬታ

- ናይ ገዛ ቴሌፎን ዋንነት ኣብ 1000 ሰባት፡፡
- ሞባይል ቴሌፎን ተጠቀምቲ ካብ 100 ሰባት፡፡
- ብዝሒ ኣንበብቲ ጋዜጣ ካብ 1000 ሰባት፡፡
- ብዝሒ ወነንቲ ተለቪዥን ካብ 1000 ሰባት፡፡
- ብዝሒ ተጠቀምቲ ኢንተርነት ካብ 100 ሰባት፡፡

## 8. <u>ስነ ህዝቢ</u>

- ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ብቑጽሪ፡፡
- ዕብየት ብዝሒ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ጻዕቒ ህዝቢ- ብዝሒ ሰባት ኣብ ሓደ ትርብዒት ኪሎ ሜተር፡፡
- ብዝሒ ልደት አብ 1000 ሰብ፡፡
- ብዝሒ ሞት አብ 1000 ሰብ፡፡
- ብዝሒ ሞት ዕሸላት አብ 1000 ውልደታት፡፡
- ሞት ኣዴታት (ብሕርሲ) አብ 1000 ሕርሲ፡፡
- ማእከላይ ዕድመ ብዓመታት፡፡
- ብዝሒ ተጠቀምቲ መከላኸሊ ጥንሲ ብሚኢታዊ።
- ብዝሒ ጽግዕተኛታት (ህጻናትን ኣረጋውያንን) ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ብሚኢታዊ።

## 9. ድሕነት

- ካብ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ዝመጽእ ሰብኣውን ቁጠባውን ክሳራታት- ብዝሒ ዝሞቱ፤ ብዓይነት ሓደጋ፤ ብዶላር፡፡
- ብዝሒ ኮነ ኢልካ ቕትለት ካብ 100 ሽሕ ሰባት፡፡
- ኣብ ንሓደጋ ዝቃላዑ ከባቢታት ዝነብር ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ንተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ዝተቓልዐ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ብዝሒ ገበናት ዘጋጥሙዎም ሰባት (መጥቃዕቲ፡ ምዕማጽ፡ ምዝማት) ካብ 100 ሽሕ ህዝቢ ብሚኢታዊ።
- ብዝሒ ብሰንኪ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ዝሞቱ፣ ዝጠፍኡን ዝቖሰሉን፡፡
- ብሰንኪ ቀጥታዊ ውጽኢት ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ዘስዓቦ መጠን ቁጠባውን ትሕተ ቅርጽን ክሳራታት፡፡

## 10. <u>ኣጠቓቕማ መሬት</u>

- ተሓራሲ መሬት ካብ ጠቕላላ መሬት ብሚኢታዊ።
- ኣብ ትሕቲ ቀዋሚ ዝራእቲ ዘሎ መሬት ብሚኢታዊ።
- ኣብ ትሕቲ ኦርጋኒክ ሕርሻ ዘሎ መሬት ብሚኢታዊ።
- ካብ ዝለምዕ መሬት ድኹዒ ዝጥቀም ብሚኢታዊ።
- ካብ ዝለምዕ መሬት ጸረ-ባልዕ ዝጥቀም ብሚኢታዊ።
- ዝተበላሸወ መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ።
- ብዝሒ ድኻታት ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ነበርቲ ከተማታት ብሚኢታዊ።
- ኣብ ትሕቲ ቀዋሚ መጓሰ ዘሎ መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ።
- ስፍሓት መሬት ኣብ ትሕቲ ብሰብ ዝተተኽለ ጫካ ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ።
- ስፍሓት ዝተሃነፀ መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ።

## 11. <u>ሓለዋ ከባቢ</u>

- ብወረርቲን ባዕዳውያንን ዓሌታት ተኽሊ ዝተሸፈነ ስፍሓት መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ።
- መጠን ብከላ ኣየር ብዓይነት ንጥረ ነገራት ካብ ጠቕላላ ትሕዝቶ ኣየር ብሚኢታዊ፡፡
- ስፍሓት ዝተመርጹ ቁልፊ ናይ ስነ-ህይወት ከባቢታት ብትርብዒት ኪሎ ሜተር፡፡
- ብዛዕባ ረብሓ ፅሩይ ከባቢ ንቕሓት ዘለዎም ሰባት ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ብሚኢታዊ፡፡
- ንፕሮጀክትታት ሓለዋ ከባቢ ዝተመደበ መጠን ባጀት ካብ ጠቕላላ ባጀት ብሚኢታዊ።

- ናይ መጥፋእ ሓደጋ ዘስጎኦም ዓይነታት፤ ዓሌታት፤ ብዝሕን ፍጥነትን፡፡
- ብዝሒ ተጠቀምቲ ንአዞን ዝሃስዩ ንጥረ ነገራት ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ብሚኢታዊ፡፡
- መጠን ልቀት ግሪንሃውስ ጋዝ ብዓይነት ስራሕ/ንጥፈት ብሜትሮ ኪዩብ።
- ምፍጣር ጎሓፍ ብዓይነት ስራሕ/ንጥፈት ብሜትሮ ኪዩብ።
- ምፍጣር ሓደገኛ ጎሓፍ ብዓይነት ስራሕ/ንጥፈት ብሜትሮ ኪዩብ።
- ከባቢ ዝምልከት ኣብ ትካላት ትምህርቲ ዝወሃብ ዓይነታት ትምህርቲ፡፡
- ብዝሒ ኣብ ጉዳያት ከባቢ ዝሰርሓ ትካላት፡፡
- ብዝሒ ንብከላ ዝተቓልዑ ሰባት፡፡
- ብዝሒ ረሳሕ ማይ ፈሳሲ ዝጥቀሙ ሰባት፡፡
- ብበረኻውነት ዝተሃስየ መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ፡
- ብሕጊ ዝሕሎ መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ፡፡
- ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝፈጥሮ መጠን ርጡብ ጎሓፍ ብሜትር ኪዩብ፡፡
- መጠን ሓደገኛ ጎሓፍ ብነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝፍጠር ብሜትር ኪዩብ፡፡
- ብዝሒ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ኬሚካላዊ መዳበርያ ብኪዩቢክ ሜትሮን ትርብዒት ኪሎሜተርን።
- ኣብ ትሕቲ ተፈጥሮኣዊ ጫካ ዘሎ መሬት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ብሚኢታዊ፡፡
- ኣብ ትሕቲ ዘላቒ ምሕደራ ዘሎ መሬት ኣግራብ ካብ ጠቕላላ መሬት ኣግራብ ብሚኢታዊ፡፡

**ዳግመ-ህንጸት ዝሕግዙ ዓለምለኻውያን ትካላት**

- ባንኪ ዓለም
- ዓለም ለኸ ባንኪ ዳግመ ህንፀትን ልምዓትን
- ዓለም ለኸ ማሕበር ልምዓት
- ባንኪ ልምዓት ኣፍሪቃ
- ዳግመ ህንፀትን ምዕባለን ባንኪ ኤውሮጳ
- ቤት ፅሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ሓገዝ
- ዓለምለኻዊ ሽማግለ ቀይሕ መስቀል
- ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት
- ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምሕዋይን ጎንፂ
- ፈንድ ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ንደቂ ኣንስትዮ
- ዓለምለኻዊ ውድብ ዕዮ
- መደብ መግቢ ዓለም
- ትካል መግብን ሕርሻን
- ፈንድ ህጻናት ሕቡራት ሃገራት
- ትካል ቁጠባዊ ልምዓትን ምትሕብባርን
- ኤጀንሲ ዓለም ለኸ ልምዓት ኣሜሪካ
- ኣህጉራዊ ኤጀንሲ ልምዓት ካናዳ
- ኣህጉራዊ ትካል ምትሕብባር ጃፓን
- ትካል ምትሕብባር ዓለም ለኸ ልምዓት ሽወደን

**<u>መወከሲታትን ተወሳኺ ንባባትን</u>**

Todaro, M. P. and S. C. Smith 2012 Economic Development.

Willis, K. 2005 Theories and Practices of Development.World Bank Group 2016 World indicators

Bellù, L. G. 2011 Development and Development Paradigms

Fritz, V. and A. R. Menocal 2006(Re) Building Developmental States: From Theory to Practice.

Asian Development Bank 1993 Sustainable development, environment and poverty nexus.

Fosu, K.A. 2010 Growth, inequality, and poverty reduction in developing countries. Recent global evidence.

Goedhart, T. Halberstadt, V. Kapteyn, A. and vanPraaag, B. 1977 The poverty line: concepts and measurements.

Heshmati, A. 2004 Growth, inequality and poverty relationships.

Heshmati, A. 2004 Inequalities and their measurements.

Mowafi, M. (NY) The meaning and measurement of poverty:A look at the global debate.

Ravallion, M. (NY) Growth, inequality and poverty: Looking beyond averages.

Acemoglu, D. and Robinson, J. 2008 The role of Institutions in growth and development.

Adam, C. 2009 The Politcal economy of development.

Fukuyama, F. (NY) What is Governance.

Hodgson, G, M. 2006 What are institutions.

Kaufmann, D. and Kraay, A. (NY) Governance Indicators.

Nallari, R; Yusuf, S.; Griffith, B. and Bhattacharya, R. 2011 Frontiers in development policy.

OECD 2014 Better policies for development.

Pande, R. and Udry, C. 2005 Institutions and Development: A view from below.

Serrat, O. 2011 Political Economy Analysis for Development Effectiveness.

UN 2012 Governance and development.

USAID 2010 Taking the pulse of policy: The policy implementation assessment tool.

Awan, A. G. 2013 Relationship between environment and sustainable economic development: a theoretical approach to environmental problems.

Banuri, T. and Opschoor, H. 2007 Climate Change and Sustainable Development.

Clay, D. and Reardon, T. 1998 Population and Sustainability: Understanding Population, Environment, and Development Linkages.

Conceição, Pedro; Leo Horn-Phathanothai; and Anthony Ngororano 2011 Food Security and Human Development in Africa: Strategic Considerations and Directions for Further Research.

Helmsing, A. H. J. 2001 Local Economic Development.

Pecqueur, B. 2013 Territorial development: A new approach to development process for the economies of the developing countires.

Szajnowska-Wysocka, Alicja 2009 Theories of Regional and Local Development

UN 1992 Agenda 21Pprogram of Action for Sustainable development; Rio declaration on Environment and Development.

Craswell, E. Bonnell, M.; Bossio, D.; Demuth, S.; van de Giesen, N. 2007. Integrated Assessment of Water Resources and Global Change: A North-South Analysis.

UN 2014 Gender Equality and Sustainable Development.

UNDP 2009 Climate Change and Development: Interlinked Challenges and Opportunities.

UNDP 2012 Powerful synergies: Gender Equality, Economic Development and Environmental Sustainability.

Bolesta, A. 2007 China as a developmental state.

Edigheji, O. 2005 A Democratic Developmental State in Africa?

European Parliament 2016 Africa's economic growth.

Ohno, K. 2002 The East Asian experience of economic development and cooperation.

Rapley, J. 2007 Understanding Development: Theory and Practice in the Third World.

Shixue, J. (NY) Evolution of the Latin American Development Models in the 29th Century: Lessons and implications for other developing countries.

Tesfaye Asfaw (NY) An overview of Ethiopia's planning experience.

UN 2000 United Nations Millennium Declaration.

UN 2014 China's development trajectory. A strategic opening for industrial policy in the south.

UN 2015 Economic development in Africa.

Van Der Borgh, C. 1995 A comparison foe four development models in Latin America.

Willis, K. 2005 Theories and Practices of Development.

United Nations, 2004 Development and Globalization: Facts and Figures.

Glasl, F. 1982 The process of conflict escalation and roles of third parties,' in G. B. J. Bomers and R. B.

Peterson, (eds) Conflict management and industrial relations, pp. 119-140.

Herbert, S. 2017 Conflict analysis

Nicaise, G. 2014 What is conflict analysis?

The Princeton Encyclopedia of Self-Determination Post-Conflict Economic Reconstruction

Özerdem, B. Post-conflict reconstruction Concepts, issues and challenges

Anderlini, S.N. and El-Bushr, J. Post Conflict Reconstruction

CSIS/ AUSA 2002 Post-conflict reconstruction. A joint project of the Center for Strategic and International Studies and the Association of the United States Army.

Gennip, Jos Van 2005 Post-conflict Reconstruction and Development. Development, 48(3), (57–62).

African Union 2006 Policy on Post-Conflict Reconstruction and Development (PCRD).

**************************************************************




ጎንጺ ምዕባለ፡- ሙምባይ (ህንዲ) ብቕድሚታን ብድሕሪታን





“ቁጠባዊ ምዕባለ ብውልቁ ንሓንቲ ሃገር ንቕድሚት ክሰጉማ ኣይኽልን፡፡ ዝተሓጋገዙ ማሕበረሰብን ቁጥባን የድልዩና፡፡ ድኻታትን ዝተገለሉን ኣካላት ማሕበረሰብና ኽንክን ክንገብረሎም ይግባእ፡፡” ናሬንድራ ሞዲ (ቀዳማይ ሚኒስትር ህንዲ)




<u>ዮሃንስ አበራ አየለ</u> (ፒኤችዲ/ተሓባባሪ ፕሮፌሰር)
ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲን ኣብ ዴልሂ ዩኒቨርሲቲ ስኩል ኦፍ ኢኮኖሚክስ ተማሂሩ፤ ኣብ ባህርዳር ዩኒቨርሲቲን ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲን ን30 ዓመት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዲግሪ ተምሃሮ ኣምሂሩ ኣማኺሩን ተመራሚሩን፤ ብዝሒ ዘለዎም ናይ ምርምር ጽሑፋትን መጻሕፍትን ኣሕቲሙ፤ ኣብ ዓለም ለኸ ናይ ምርምር ፕሮጀክታት ተሳቲፉ፤ ኣብ ናይ ትምህርቲ ምምሕዳር ኣገልጊሉ፤ ኣብ ጃፓን ናይ ፍርቂ ዓመት ናይ ምርምር ጻንሒት ገይሩ፤ ኣብ ሹዱሽተ ሃገራት ኣፍሪቃ ኮንፈረንስታትን ስልጠናታትን ተሳቲፉ፡፡